***ምስጢረ-ስጋዌ***

*ካብቶም ሓሙሽተ ዓበይቲ ኣእማደ (ኣዕኑድ) ምስጢር ሓደ ምስጢረ ስጋዌ እዩ። እዚ ምስጢር እዚ ብዛዕባ ናይቲ ካብ ኣካላት ስላሴ ሓደ ዝኾነ፡ እግዚኣብሄር ወልድ፡ ማለት ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ስጋ ለቢሱ ንደቂ ሰብ ዘድሓነሉ ምስጢር ዝምህር ትምህርቲ እዩ።*

*ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምቲ ፍጹም ኣምላኽ ዝኾነ ንክንርዳእ፡ ጐይታና ኢየሱስ ስጋ ክለብስ ዝተወሰነሉ መዓስ ምኳኑ፡ ብዛዕብኡ ዝተገልጸ ናይ ብሉይ ኪዳን ትንቢታት ከም ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝተፈጸመ ምልባስ ስጋኡ (ትስብእት) ዘንጸባርቑ ናይ ብሉይ ኪዳን ጽላሎት ከም ዝነበረ፡ ክንፈልጥ ኣገዳሲ እዩ። ብድሕሪኡ'ውን "ከመይ ኢሉ ስጋ ለቢሱ? ናይ መን ስጋ ለቢሱ? ኣብ መንጐ መለኮትነቱን ስብእናኡን ዝነበረ ዝምድና እንታይ ይመስል? ብስግኡ ናይ ዝፈጸሞ መስዋእትነት ውጺእትን ትርጉሙን እንታይ እዩ? እቲ ለቢስዎ ዘሎ ስጋ ሕጅን ኣብ ምጽኣቱንከ ከመይ ይመስል?" ዝብሉ ሕቶታት ኣብሪህና ክንፈልጥ ኣድላዪ እዩ።*

*እዚ ክንፈልጥ ዘድለየና መሰረታዊ ምኽንያት፡ ነቲ እግዚኣብሄር ዝመከሮ ጥንታዊ ምኽሪ ከም ዝግባእ ፈሊጥና፡ ብመንፈሳዊ ርድኢትና ክንዓብን ክንጸንዕን ክንፈርድን ስለ ዘድልየና ኽኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይን ዝዓበየን ምኽንያት ድማ ክንስሕቶ ካብ እኽእል ስሕተት ንርእስና ክንሕሉ፡ ኻልኦት ክንሕልወሉ፡ ነቶም ድሮ ስሒቶም ዘለው ድማ ክንመልስሉ ስለ ዝረድኣና እዩ።*

*ብዛዕባ እዚ እግዚኣብሄር ዝሃበና ዓብይ ምስጢር'ዚ ንዝሓተና ዘበለ ምላሽ ንምሃብ ኩሉ ሳዕ ድሉዋት ክንከውን ኣገዳሲ እዩ። እግዚኣብሄር ነዚ ሓቂ እዚ ክንፈልጦ ስለ ዝደሊ ድማ እዩ ብነብያትን ብሃዋርያትን ዘርዚሩ ዝገለጸልና። ስለዚ ኣብ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን ተነዲቕና እንተሊና፡ ናይቲ ቋምናሉ ዘለና መሰረት ስፍሓትን ዕምቆትን ክንፈልጥ ናይ ግድን እዩ ዘድልየና። ምስጢራት መጽሓፍ ቅዱስ ዝኣክል ዕጹም ብልዒ ምምጋብ፡ ነቶም ጸባ ጥራሕ ዝለመዱ፡ መዋእሎም ምሉእ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቈልዑ ጥራይ ተሓጺሮም ንዝነበሩ ሰባት ከፍርሆም ዝከኣል እዩ። እንተ ኾነ ቈልዓ ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ስለ ዘይኮነ፡ ንእምነቱ ዝፈታተን ነገር ክመጾ ከሎ ኣብ ክንዲ ደው ኢሉ ዝምክቶ፡ ወይ ካብቲ ክውንነት ክሃድም ወይ'ውን ናብቲ ዝፈታተኖ ዘሎ ነገር ንምውዳቕ ዘተቓልዐ እዩ። እቲ ዕጹም መንፈሳዊ ብልዒ ዝምገብ ሰብ ግን፡ ክፉእን ጽቡቕን ናይ ምልላይ ዓቕምን ልምድን ዘለዎ ሰብ ስለ ዝኾውን ኣይነቓንቕን እዩ። ንርእሱ ጥራሕ ዘይኮነስ ኻልኦት ናይ ምድሓን ዓቕሙ'ውን ብቕዓት ዘለዎ ይኾውን። ኣፍ ናይቶም ንስሕተት ዝተዓጥቁ ሰባት ንምዕባስ'ውን ክኢላ ይኾውን።*

1. *ናይ ክርስቶስ ስጋ ምልባስ ቅድሚ ምስራት ዓለም ዝተመኸረ ዘለኣለማዊ ምኽሪ እዩ።*

*መብዛሕትኡ ጊዜ ወዲ ሰብ ሓደ ነገር ምስ ኣጋጠሞ ብድሕሪኡ እዩ። ነቲ ነገር ፍታሕ ኣብ ምድላይ ዝጽየ። ነቲ ፍታሕ ክሳዕ ዝረኽቦ፡ ረኺቡ ድማ ክሳዕ ዝትግብሮ፡ እቲ ዘጋጠመ ሽግር ክሳዕ ዝኣኽሎ ጉድኣት የውርድ። ነዚ ጸገም እዚ መሰረታዊ ምኽንያቱ፡ ወዲ ሰብ ካብቲ ሎሚ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ እተጋጥሞ ዘላ ኩነታት ሓሊፉ፡ ድሕሪ ሓደ እኳ እንታይ ከጋጥሞ ከም ዝክእል ዘይፈልጥ፡ ናይ ፍልጠት ድሩትነት ስለ ዘለዎ እዩ።*

*እቲ ልዑል እግዚኣብሄር ግን ብቕድሚኡ ኣብ ዘሎ ጊዜ ንዝፍጸም ነገራት ኩሉ ዝፈልጥ ቅድመ-ፍልጠት (ልተቶቅበቦተንባቅቃዋቅ) ስለ ዘለዎ፡ ንዓለም ምስ ፈጠራ፡ ሰባት ከም ዝወድቁ፡ ስለዚ ድማ ካብ ውድቀቶም ዘተንስእ መድሓኒ ከም ዘድልዮም ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ነዚ ሓቂ እዚ ንምግላጽ ከምዚ ዝስዕብ ጽሒፉ ኣሎ።*

***1ጴጥ፥1፥2*** ፥- “ክምቲ ናይ ቀደም ፍልጠት እግዚኣብሄር ኣቦና ብቕድስናን መንፈስ ንምእዛዝን ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ ንምንጻግን ጸጋን ሰላምን ኣብዝሓትኩም ይብዛሕ።”

***1ጴጥ፥1፥18-20*** ፥- “ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም እተቐበልኩምዎ ከንቱ ንብረትኩም፡ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዜብሉ ገንሸል፡ ብክቡር ደም ክርስቶስ እምበር፡ ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይስ ወርቂ፡ ከም ዘይደሓንኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም።

ስለዚ ድማ እዩ ቃል እግዚኣብሄር፡ ብክርስቶስ ኢየሱስ ጌሩ እግዚኣብሄር ኣቦ ቅድሚ ምስራት ዓለም ከም ዝሓረየና ዝነግረና። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ ንምግላጽ ከም ዝተሓርየ ናብ ሰብ ኤፌሶን ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ዘርዚርዎ ኣሎ።

***ኤፌ፥1፥4-12*** ፥- ከምቲ ብፍቕሪ ኣብ ቅድሚኡ ቅዱሳንን መንቅብ ዜብሎምን ምእንቲ ኽንከውን፡ ቅድሚ ምስራት ዓለም ብእኡ ዝጸገወና፡ ንውዳሴ ክብሪ ጸጋኡ ብፍታው ፍቓዱ ብኢየሱስ ክርስቶስ ንርእሱ ውሉድ ክንከና ቀደም መደበና። ብእኡ ብደሙ ምድሓን፡ ማለት፡ ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት ኣሎና። ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ስምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብዅሉ ጥበብን ብዅሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሓዞ። ንሕና ቐደም ብክርስቶስ ተስፋ ዝገበርና ንውዳሴ ክብሩ ምእንቲ ክንከውን፡ ንሕና በቲ ኾሉ ክመቲ ምኽሪ ፍቓዱ ብሓሳቡ ዚገብር ቀደም እተመደብና፡ ነቲ ዕድል ርስቲ ብእኡ ረኸብናዮ።”

***ኤፌ፥3፥8-11*** ፥- “ንኣይ፡ ካብ ኵሎም ቅዱሳን ለጠቕ ንዝብል፡ እቲ ዘይምርመር ሃብቲ ክርስቶስ ነህዛብ ክሰብኽ፡ እዚ ጸጋ እዚ ተዋህበኒ። እቲ ኣብቲ ኵሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ካብ ዘለኣለም ተሰዊሩ ዝነበረ ምስጢር መጋቢነትውን ከመይ ምዃኑ ንኹሎም ከብርሃሎም ተዋህበኒ። ኣምላኽ እታ ብዙሕ ዝዓይነታ ጥበቡ ሕጂ በታ ማሕበር ገይሩ ነቶም ኣብ ሰማያት ዘለው ሽመታትን ስልጣናትን ምእንቲ ኼፍልጦም፡ ከምቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ዝገበሮ ናይ ዘለኣለም ምኽሩ።”

***ሮሜ፥16፥24,25*** ፥- “ ነቲ ብወንጌለይን ብስብከት ኢየሱስ ክርስቶስን ብምግሃድ እቲ ካብ ዘለኣለም ተሰዊሩ ዝነበረ ሕጂ ግና እተገልጸ ምስጢር፡ በቲ ብጽሑፋት ነብያትውን ብትእዛዝ እቲ ናይ ዘለኣለም ኣምላኽ ንምእዛዝ እምነት ንኹሎም ኣህዛብ እተነግረ ምስጢር፡ ነቲ ኸጽንዓኩም ዚከኣሎ፡”

እዚ ኣበሃህላ እዚ ንሓድሓደ ኣመንቲ፡ ኣምላኽ እዚ ኹሉ ከም ዝኽሰት ይፈልጥ እንተ ነይሩ ደኣ ንምንታይ ሰይጣን ከስሕት፡ ሰብ ድማ ክወድቕ ስቕ ኢሉ ዝሓድጎ ኢሎም ኻኽሓቱ ይድርኾም እዩ።

ንኹሉ ነገር ኣቐዲሙ ይፈልጥ እዩ ማለት እዚ ኹሉ ኽኽፍጸም ይደሊ ነይሩ ማለት ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ንምድርን ንሰባት ጽቡቕ ከም ዝኸውን ጌሩ ድሕሪ ምፍጣሩ፡ ነጻ ምርጫን ተሓታትነትን ብምሃብ ደኣ ኣቐሚምዎ እምበር ኣብ መስርሕ ታሪኽ ኢዱ ኣየተኣታተወን። እግዚኣብሄር ንሰባት ንገሊኦም ሓጥኣን ንገሊኦም ከኣ ጻድቃን ከም ዝኾኑ ጌሩ ኣይፈልጥምን እዩ። ባዕሉ ሓጥኣን ከም ዝኾኑ ጌሩ ፈጢርዎም እንተ ዝኸውን፡ ጸኒሑ ድማ ሓጥኣን ኴንኩም ኢሉ ዝፈርድን ዝቐጽዕን እንተ ዝኸውን እግዚኣብሄር ፍትሒ ኣልቦ ኣምላኽ ምኾነ ነይሩ። ዋላ እኳ ሉኣላውነቱ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝፈጠሮ ፍጥረት ድላዩ ክገብር ዘኽእሎ እንተ ኾነ እቲ ሉኣላዊ

ባህርዩ ግን ነቲ ፍትሓዊ ባህርዩ ኣይውሕጦን ኣይዕብሎንን እዩ። እግዚኣብሄር ከም ደቂ ሰባት ናይ ባህርዩ ሚዛን ንምሕላው ዝጽገም ኣምላኽ ኣይኮነን። ስለዚ ክኸሰት ንዝኽእል ነገራት ኣቐዲሙ ዝፈልጥ ምኳኑ፡ ንውድቀትና ዝኸውን መፍትሒ ኣብ ምድላው ድኣ ይሕግዞ እምበር ፍትሓውነቱ ከም ዝግህስ ጌርዎ ከብለና ኣይክእልን እዩ።

2. ነቲ ክርስቶስ ስጋ ክለብስ ዝነበሮ ዘለኣለማዊ ምኽሪ እግዚኣብሄር ኣቐዲሙ ብነብያት ንህዝቡ ገሊጽዎ እዩ።

እቶም ንእግዚኣብሄር ዘፍቅሩ ግናኸ ብግብሪ ሕጊ ክጸድቁ ዘይከኣሉ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣመንቲ ዝጽበይዎን ዝሳለምዎን ተስፋ ኣቐዲሙ ብነብያቱ ገሊጹሎም እዩ። ከምቲ ኣብ መልእኽቲ ናብ እብራውያን ምዕራፍ 11 ብዝርዝር ተገሊጹ ዘሎ እቶም ቅዱሳን ነቲ ብነብያት ዝተገልጸሎም፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝፍጸም ናይ ምድሓን ተስፋ እናኣማዕደው እዮም ነዛ ዓለም ንዒቖም ንእግዚኣብሄር ከኣ ኣኽቢሮም ክሓልፉ ዝኸኣሉ። እቶም ነዚ ትንቢታት እዚ ዝተነበዩ ነብያት ንርእሶም፡ ብዛዕባ እቲ ተስፋ ኣብ ከመይ ዝበለ ዘመንን ብከመይን ከም ዝፍጸም እናመርመሩ፡ ነቲ ሽዑ ዝነበረን ብድሕሪ ኦም ዝመጸን፡ ነዚ ሕጂ ኣብ ናይ ምሕረት ዘሎ ወለዶን እናኣበሰሩን እናኣገልገሉን ዝሓለፉ። ነብያት ነቲ ክርስቶስ ምስ መጸ ብእኡ ዝፍጸም ፍጻሜታት ብዝርዝር ይንበይዎ ነይሮም እዮም። ከምኡ ከም ዝነበረ እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ብምንባብ ጥራይ ክነስተውዕሎ ይከኣል እዩ።

***1ጴጥ፡1፡10-12*** ፡- "እቶም ብዛዕባ እቲ ናኻትኩም እተመደበ ጸጋ እተነበዩ ነብያት ብዛዕባ እዚ ምድሓን እዚ ደለዩን መርመሩን፡ እቲ ኣባታቶም ዝነበረ መንፈስ ክርስቶስ ክርስቶስ ብስቓይ ክርስቶስን በቲ ድሕሪኡ ዘሎ ክብርን ቀዲሙ ከም ዝመስከረ ነየናይ ወይስ ንኸመይ ዝበለ ዘመን ከም ዘመልከተ እናመርመሩ፡"

***ማር፡9፡12*** ፡- ንሱ ከኣ፡ ቅድም ኤልያስ ይመጽእ፡ ንኩሉ ከኣ የቕንዕ። ብዛዕባ ወዲ ሰብከ ከመይ ተጽሒፉ ኣሎ? ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኺጸግብን ኪነዐቕን እዩ።"

***ሉቃ፡24፡25-27,46*** ፡- "ንሱ ድማ፡ ኣቱም፡ ነብያት ብተዛረብዎ ኩሉ ንምእማን ልቦም ዝደንጐየ ዐያሱ፡ ክርስቶስ እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ኺጸግብ እሞ ናብ ክብረቱ ኺኣቱ ናይ ግዲ ደይኮነን፡ እሞ ናብ ክብረቱ ኺኣቱ ናይ ግዲ ኣይኮነን፡ በሎም። ካብ ሙሴን ኵሎም ነብያትን ሒዙ ከኣ እቲ ብዛዕባኡ ኣብ ኩሉ ጽሑፋት ዘሎ ኪትርጕመሎም ጀመረ። ... ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኽጸግብ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምውታት ኪትንስእ...።"

***ግብ፡3፡18,21-24*** ፡- "ግናኸ ክርስቶስ መከራ ከም ዚረክብ፡ ኣምላኽ ቅድም ባፍ ኵላቶም ነብያት ዝነገሮ ከምኡ ፈጸሞ። እምብኣርሸኸ ሓጢኣትኩም ምእንቲ ክድምሰሰልኩም፡ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ከኣኣ ዘመን ዕረፍቲ ምእንቲ ክመጸልኩም፡"

***ግብ፡17፡2,3*** ፡- "ጳውሎስ ከኣ ከምቲ ልማዱ ናባታቶም ኣትዩ፡ ሰለስተ ሰንበት ብጽሑፋት ምሳታቶም ተዛራረበ፡ ንክርስቶስ ኪስቀን ካብ ምውታት ኪትንስእን ከም ዚግብኦ፡ እዚ ዝሰብከልኩም ዘሎኹ ኢየሱስ ከኣ ክርስቶስ እዩ፡ ኢሉ እናተርጐመ ይገልጸሎም ነበረ።

***ግብ፡26፡22,23*** ፡- "ግናኸ ንዓብይን ንንእሽቶን ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ደው ኢለ እናመስከርኩ ካብ ኣምላኽ ረዲኤት ተቐቢለ ኣሎኹ። ብዘይ እቲ ሙሴን ነብያትን ኪኸውን ከም ዘለዎ

እተዛረብዎ፡ ማለት፡ ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ክም ዚጸግብ፡ ከም በኾሪ ትንሳኤ ምውታትውን ንህዝብን ነህዛብን ብርሃን ከም ዘበስር፡ ኢለ ሓንቲ እኳ ኣይተዛረብኩን።"

እዚ ከንንብቦ ዝጸናሕና ጥቕስታት ብዛዕባ ክርስቶስ ትንቢት ከም ዝነበረ ብሓፈሻ ዝገልጽ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ሓፈሻዊ ኣገላልጻ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብዘደንቕ መንገዲ ናይ ክርስቶስ ምድራዊ ህይወት ብዝርዝር በብሓደ ገሊጽዎ እዩ። ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉን፡ እቶም ቅዱሳት ሃዋርያቱን ነዚ ትንቢታት እዝን ኣፈጻጽምኡን ብዝርዝር እናገለጹ እዮም ዝምህሩ ዝነበሩ። ተስፋ ንዝቐረጹ ተስፋኦም ንምሕዳስ፡ ልቦም ንዝደንዘዘ ንምንቕቓሕ፡ ንከሰስቶም መልሲ ንምሃብ፡ ንዘሰምየም ህዝቢ ድማ ንምምሃር ተጠቒሞሙሉ እዮም።

እዚ ጐይታና ባዕሉን፡ እቶም ኣሰሩ ዝሰዓቡ ሃዋርያትን ቤተ ክርስቲያን ንምህናጽ ዝተጠቐሙሉ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደረኸ ንብዙሓት ቅዱሳን ድማ ነዛ ዓለም እዚኣን ንውዲታታን ጥሒሶም ክሰግሩ ዘኽኣለ ጽኑዕ ተስፋታት፡ ሎሚ ኣብ መድረኻት ኣብያተ ክርስትያንና ዘይስማዕ ዝተረስዐ ብዛዕባ ኮይኑ ምትራፍ ዘሕዝን እዩ። እቲ ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ርክብ ዘለዎ ወለዶ'ውን እንተ ኾነ፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይቲ ዘለኣለማዊ ምክሪ ደኣ እምበር፡ ኣብቲ እዚ ምኽሪ እዚ ዝተገልጸሉ ናይ መጀመርታ ምዕራፋት ዘየተኩር ምህላው'ውን ኣዝዩ ዘሰክፍ እዩ። ነቲ ጥንታዊ ምኽሪ ኣምላኽ ከም ዝግባእ ኻኽየስተውዕሎን፡ ካብቲ ብጥበራን ብምፍሓስ ስሕተትን ዝመጽእ ዘሎ ብናይ ስሕተት ትምህርቲ ንፋሳት ንየው ነጀው ዝልኻዕን ዝኽብከብን ብቑልዕነት ዝተዓብለለን ወለዶ ናብ ምኺን ይድርኽ ኣሎ። ኣብ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እምበር ኣብ ናይ ሃዋርያት መሰረት ጥራሕ ደው ክንብል ኣይከኣልን እዩ። እቲ ምኽንያት ድማ ናይ ሃዋርያት ናይ በይኖም መሰረት ስለ ዘይብሎም እዩ። እቲ ኣምላኽ ናይ ሃዋርያት ናይ ነብያት ኣምላኽ'ውን እዩ። ሃዋርያት ጳውሎስ ንጸሓፍት ፈሪሳውያን ብዘየዳግም መንገዲ ረቲዑ ኣፎም ዝዓብስ ዝነበረ ነቲ ብነብያት ዝተገልጸ ምኽሪ ኣምላኽ ከም ከብዲ ኢዱ ጌሩ ይፈልጦን ይጥቀመሉን ስለ ዝነበረ እዩ። ስለዚ ናይዞም ሕሩያት እቕሑ ኣምላኽን ናይቲ ዝሓረዮም ኣምላኽ ሜላን ኣሰርን ተኸቲልና ንቤተ ክርስትያን ምልኣት ኣምላኽ ኩሉ ክሳዕ እትመልእ ክንሃንጻ ክርስትያናውን ሃዋርያውን ሓላፍነት ናይ ኣገልገልትን መራሕትን ቤተ ክርስትያን እዩ።

ስለዚ ድማ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ነቲ ትንቢታት ብሉይ ኪዳን ብዝርዝር ተገሊጹን ተጻሒፉን ስለ ዘሎ ብምስትውዓል ብምንባብ ክንህነጸሉ እላቦ

## 1. ንክርስቶስ ዝምልከት ትንቢታትን ፍጻሜኡን

### ሀ. ምስ ናይ ክርስቶስ ልደት ዝዛመዱ ኩነታትን ፍጻሜታትን

#### 1) ክርስቶስ ሰብ ከም ዝኾነ

(ሀ) ትንቢት

ዘፍ፡3፡15 ፦ "ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እዛ ሰበይትን፡ ኣብ መንጎ ዘርእኻን ኣብ መንጎ ዘርኣን ከኣ ጽልኢ እተኽል ኣለኹ። ንሱ ርእሰኻ ክጭፍልቕ እዩ፡ ንስኻ ድማ ሸኾኡ ኽትነክስ ኢኻ፡ በሎ።"

(ለ) ፍጻሜ

ገላ፡4፡4 ፡- “ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፡ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለው፡ ተሻዪጡ ምእንቲ ኼውጽኦም፡ ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ኽንረክብሲ፡ ኣምላኽ ነዚ ኻብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኸ።”

## 2) ክርስቶስ ስጋ ዝለበሰ ኣምላኽ ከም ዝኾውን

(ሀ) ትንቢት

መዝ፡2፡7 ፡- “እቲ ምዱብ ምኽሪ እነግር ኣሎኹ፡ እግዚኣብሄር በለኒ፡ ንስኻ ወደይ ኢኻ፡ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ።”

መዝ፡110፡1 ፡- “ጐይታ ንጐይታይ፡ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ክሳዕ ዝገብሮም፡ ኣብ የማነይ ተቐመጥ፡ በሎ።”

ኢሳ፡9፡6,7 ፡- “ህጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተውሂቡና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኲቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ። ብፍርድን ብጽድቅን ካብ ሕጂ ክሳዕ ዘለኣለም ምእንቲ ኽጽንዓን ከቕውማንሲ፡ ኣብ ዝፋን ዳዊትን ኣብ መንግስቱን ዕቤት ግዝኣቱን ሰላሙን መወዳእታ የብሉን። ቅንኣት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ነዚ ኺገብር እዩ።”

ሚክ፡5፡2 ፡- “ግናኸ፡ ኣቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝነኣስኪ ቤት- ልሄም እፌራታ፡ እቶ ምውጻኡ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለኣለም ዝኾነ፡ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ዚኸውን ካባኺ ኺወጸለይ እዩ።”

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፡1፡23 ፡- “እንሆ፡ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ፡ ስሙ ከኣ ኣማኑኤል ኪንልዎ እዮም፡ ትርጉሙ፡ ኣምላኽ ምሳና እዩ።”

ዮሃ፡1፡14 ፡- “እቲ ቓል ስጋ ኾነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ከኣ ኣባና ሓደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኤና።”

ሮሜ፡9፡5 ፡- “ኣቦታት ከኣ ናታቶም እዮም፡ ክርስቶስውን ብስጋ ኻባታቶም እዩ፡ ንሱ ንዘለኣለም ብሩኽ ኣምላኽ፡ ልዕሊ ኹሉ እዩ። ኣሜን።”

እብ፡1፡8 ፡- “ብዛዕባ ወዱ ግና፡ ኣታ ኣምላኽይ፡ ዝፋንካ ንዘለኣለመ ኣለም ይነብር፡ በትሪ መንግስትኻውን በትሪ ቕንዕና እያ፡”

## 3) ክርስቶስ ዘርኢ ኣብርሃም ከም ዝኾነ

(ሀ) ትንቢት

ዘፍ፡12፡3 ፡- “ንዚባርኹ ክባርኾም፡ ንዚረግመካ ድማ ክረግሞ እየ። ዓሌታት ኵላ ምድሪ ድማ ብኻ ኪባረኹ እዮም።”

ዘፍ፡18፡18 ፡- “ኣብርሃምሲ ዓብይን ብርቱዕን ህዝቢ ኪኸውን እዩ፡ ህዝብታት ኵላ ምድሪ ድማ ብእኡ ኪባረኹ እዮም።”

ዘፍ፥22፥18 ፥- "ቃለይ ስለ ዝሰማዕካ ድማ ህዝብታት ኵላ ምድሪ ብዘርእኻ ኪባረኹ እዮም፥ በሎ።"

(ለ) ፍጻሜ
ግብ፥3፥25 ፥- "ንሽኻትኩም ውሉድ ነብያትን ውሉድ እቲ፥ ኣምላኽ ንኣብርሃም፥ ኵሎም ኣህዛብ ምድሪ ብዘርእኻ ኺባረኹ እዮም፥ ኢሉ ምስ ኣቦታትና ዝኣትዎ ኺዳንን ኢኹም።"

ገላ፥3፥8,16 ፥-ስር ኢሉ ከኣ ደው በለ ተዛወረውን። እናተዛወረን እናተሰራሰረን ንኣምላኽ እናኣመስገነን ከኣ ምሳታቶም ናብ ቤተ መቕደስ ኣተወ። ... ግናኸ ክርስቶስ መከራ ከም ዚረክብ፥ ኣምላኽ ቅድም ብኣፍ ኵላቶም ነብያት ዝነገሮ ከምኡ ፈጸሞ።"

4) ክርስቶስ ዘርኢ ይስሃቅ ከም ዝኾነ

(ሀ) ትንቢት

ዘፍ፥21፥12 ፥- "ኣማላኽ ድማ ንኣብርሃም፥ ብናይ እዚ ወድን ብናይ እዛ ባርያኻን ክፉእ ኩይኑ ኣይርኣኻ። ብይስሃቅ እዩ ዘርኢ ዚጽውዓልካ እሞ፥ ብዅሉ ሳራ እትብለካ ዘላ ቓላ ስማዕ።"

ዘፍ፥26፥2,4 ፥- "እግዚኣብሄር ድማ ተራእዮ በሎውን፥ ናብ ግብጺ ኣይትውረድ፥ ኣብታ ኣነ ዝብለካ ምድሪ ደኣ ተቐመጥ። ... ኣብርሃም ቃለይ ስለ ዝሰምዔ፥ እቲ ሓልዎ ኢለ ዝኣዘዝክዎ፥ ትእዛዛተይን፥ ስርዓታተይን ሕጋጋተይን ድማ ስለ ዝሓለወ፥ ንዘርእኻ ከም ከዋኽብቲ ሰማይ ከብዝሖ እየ፥ እዛ ኹላ ሃገርውን ንዘርእኻ ኽህቦ እየ፥ ህዝብታት ኵላ ምድሪ ድማ ብዘርእኻ ኺባረኹ እዮም።"

(ለ) ፍጻሜ
ገላ፥3፥16 ፥- "እቲ ንኣብርሃምን ንዘርኡን እተነግረ ተስፋ ድማ ንሓደ ከም ዚብሃል፥ ንዘርእኻ፥ ንሱ ኸኣ ክርስቶስ እዩ እምበር፥ ንብዙሓት ከም ዚብሃል፥ ነዘርእቲ፥ ኣይብልን እዩ።"

5) ክርስቶስ ዘርኢ ያእቆብ ከም ዝኾነ

(ሀ) ትንቢት
ዘፍ፥28፥13,14 ፥- "እንሆ ድማ፥ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡ ደው ኢሉ በሎ፥ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦኻ ኣብርሃምን ኣምላኽ ይስሃቅን እየ። እዛ ንሸኻ ኣብ ልዕሊኣ ደቂስካላ ዘሎኻ ምድሪ ንኣኻን ንዘርእኻን ክህባ እየ። ዘርእኻ ድማ ከም ሓመድ ምድሪ ኪኸውን እዩ፥ ንምዕራብን ንምብራቕን ንሰሜንን ንደቡብን ክትሰፍሕ ኢኻ። ኩሎም ዓሌታት ምድሪ ከኣ ብኣኻን ብዘርእኻን ኪባረኹ እዮም።"

(ለ) ፍጻሜ
ማቴ፥2፥1,16 ፥- "ኢየሱስ ብዘመን ንጉስ ሄሮድስ ኣብ ቤት-ልሄም ናይ ይሁዳ ምስ ተወልደ፥ እንሆ ሰብ ጥበብ እቲ እተወልደ ንጉስ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ? ኰኾቡ ምብራቕ ርኢና እሞ፥ ክንሰግደሉ መጺእና፥ እናበሉ ካብ ምብራቕ ናብ የሩሳሌም መጹ። ... ሽዑ ሄሮድስ ሰብ ጥበብ ከም ዘላገጹሉ ምስ ረኣየ፥ ብዙሕ ኲረየ እሞ፥ ኻዅሎም ሕጻናት ቤት ልሄምን ኣብ ኵሉ ጐደቦታታ ንዝጸንሑን፥ ካብ ሰብ ጥበብ ኣርጊጹ ብዝሐተቶ ዘመን፥ ወዲ ክልተ ዓመታትን ካብኡ ንታሕትን ንዘለዉ ልኢኹ ኣቕተሉ።"

ሉቃ፥3፥23,34 ፥-ኢየሱስ ባዕሉ ኺምህር ምስ ጀመረ፥ ኣስታት ወዲ ሰላሳ ዓመት ኣቢሉ ነበረ። ወዲ ዮሴፍ ከም ዝኾነ ከኣ ይመስሎም ነበረ፥ ወዲ ኤሊ፥ ... ወዲ ያእቆብ፥ ወዲ ይስሃቅ፥ ወዲ ኣብርሃም፥ ወዲ ታራ፥ ወዲ ናሆር፥"

### 6) ክርስቶስ ዘርኢ ይሁዳ ከም ዝኾነ

(ሀ) ትንቢት

ዘፍ፥49፥10 ፥- "ሺሎ ክሳዕ ዚመጽእ ካብ ይሁዳ በትሪ፥ ዘንጊ ገዛኢ ኻኣ ካብ ማእከል ኣእጋሩ ኣይዝምብልን። ህዝብታት ይእዘዝዎ።"

(ለ) ፍጻሜ

እብ፥7፥14 ፥- "ጐይታናስ ካብ ይሁዳ፥ ሙሴ ብናይ ካህናት ሓንቲ እኳ ዘይተዛረበሉ ዓሌት ከም ዝወጸ፥ ፍሉጥ እዩ።"

### 7) ክርስቶስ ዘርኢ እሰይ ከም ዝኾነ

(ሀ) ትንቢት

ኢሳ፥11፥1,10 ፥- "ካብቲ ኽሩት ጉንዲ እሰይ ከኣ ሓደ ጠጥዒ ኪጭብጭብ እዩ፥ ሓደ ጨንፈርውን ካብ ሱሩ ፍረ ኺፈሪ እዩ። ... በታ መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን እዩ፥ ኣህዛብ ነቲ ንህዝብታት ሰንደቕ ዕላማ ኪኸውን እተተኽለ ጠጥዒ ሱር እሰይ ኪደልዩ እዮም፥ማሕደሪኡ ከኣ ክቡር ኪኸውን እዩ።"

(ለ) ፍጻሜ

ሮሜ፥15፥12 ፥- "ኢሳይያስ ድማ ደጊሙ፥ እቲ ሱር እሴይ ኪኸውን እዩ፥ እቲ ኣብ ኣህዛብ ኪገዝእ ዚትንስእ፥ ብእኡውን ኣህዛብ ተስፋ ኺገብሩ እዮም፥ ይብል።"

### 8) ክርስቶስ ዘርኢ ዳዊት ከም ዝኾነ

(ሀ) ትንቢት

2ሳሙ፥7፥12-13,16 ፥- "መዓልትታትካ ምስ መልኣ፥ ምስ ኣቦታትካ ከኣ ምስ ደቀስካ፥ ብድሕሬኻ ድማ ነቲ ካብ ከርስኻ ዚወጽ ዘርእኻ ልዕል ከብሎ እየ፥ ነታ መንግስቱውን ከጽንዓ እየ። ንሱ ንስመይ ቤት ኪሰርሕ እዩ፥ ኣነ ከኣ ዝፋኑን መንግስቱ ንዘለኣለም ከጽንዓሉ እየ። ... ቤትካን መንግስትኻን ከኣ ኣብ ቅድሜኻ ንዘለኣለም ኪጸንዓ እየን፥ ዝፋንካውን ንዘለኣለም ኪጸንዕ እዩ።"

መዝ፥89፥3,4 ፥- "ምስ ሕሩየይ ኪዳን ኣቶኹ፥ ንዳዊት ባርያይ መሓልኩሉ፥ ዘርእኻ ንዘለኣለም ከጽንዕ፥ ዝፋንካውን ንውሉድ ወለዶ ኽሃንጽ እየ።"

መዝ፥89፥20,27,29 ፥- "ንዳዊት ባርያይ ረኺበዮ፥ ብቕዱስ ዘይተይ ቀቢኤዮ፥ ኢደይ ኩሉ ጊዜ ምስኡ ኽትከውን እያ፥ ቅልጽመይ ከኣ ኬበርትዖ እዩ። ... ኣነውን በዅሪ፥ ካብ ነገስታት ምድሪ ልዕል ዝበለ ኽገብሮ እየ። ... ዘርኡ ድማ ንዘለኣለም፥ ዝፋኑውን ከም መዓልትታት ሰማይ ከንብር እየ።"

መዝ፥132፥11-12 ፥- "እግዚኣብሄር ንዳዊት፥ ካብ ፍረ ኸርሸኻ ኣብ ዝፋንካ ከቕምጥ እየ፥ ውሉድካ ኺዳነይን ነቲ ዝምህሮም ምስክረይን እንተ ሓለው፥ ውሉድካ ድማ ኣብ ዝፋንካ ንሓዋሩ ኪቕመጡ እዮም፥ ኢሉ ብሓቂ መሓለሉ፥ ካብኡ ኣይኪርሕቕን እዩ።"

ኤር፥23፥5 ፥-እንሆ፥ ንዳዊት ጻድቕ ጨንፈር ዘተንስኣለን መዓልትታት ይመጻ ኣለዋ። ንሱ ነጊሱ ኺገዝእ፥ ኪቕንዖ ድማ እዩ፥ ኣብታ ሃገር ከኣ ፍርድን ጽድቅን ኬውጽእ እዩ፥ ይብል እግዚኣብሄር።"

ኤር፥33፥14,15 ፥- "እንሆ፥ እቲ ብዛዕባ ቤት እስራኤልን ብዛዕባ ቤት ይሁዳ እተዛረብክዎ ጽቡቕ ቃል ዝፍጸመለን መዓልትታት ክመጻ እየን፥ ይብል እግዚኣብሄር። በተን መዓልትታት እቲኣተንን በቲ ዘመን እትን ንዳዊት ጨንፈር ጽድቂ ከጠጣዓሉ እየ። ንሱውን ኣብ ምድሪ ፍትሕን ጽድቅን ክገብር እዩ።"

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፥21፥9 ፥- "ቀቕድሚኡ ዝኸዱ፥ ደድሕሪኡውን ዝስዕቡ ህዝቢ ዓው ኢሎም፥ ሆሳእና ንወዲ ዳዊት፥ ብስም እግዚኣብሄር ዝመጽእ ብሩኽ እዩ፥ ሆሳእና ኣብ ኣርያም፥ በሉ።"

ማቴ፥22፥42 ፥- "ብዛዕባ ክርስቶስ እንታይ ይመስለኩም? ወዲ መንከ እዩ? ኢሉ ሓተቶም። ንዛቶም፥ ወዲ ዳዊት፥ በልዎ።"

ዮሃ፥7፥42 ፥- "እቲ ጽሑፍዶ፥ ክርስቶስ ካብ ዘርኢ ዳዊት፥ ካብታ ዳዊት ዝነበራ ዓዲ፥ ካብ ቤት-ልሄም፥ ከም ዚመጽእ፥ ኣኣይነግርን ዩ? በሉ።"

ግብ፥13፥22,23 ፥- "ምስ ሰዓሮ ድማ፥ ንዳዊት ንጉስ ኪኸውን፥ ኣተንስኣሎም፥ ዳዊት ወዲ እሴይ ኵሉ ፍቓደይ ዚገብር ሰብኣይ ዝከም ልበይ ረኺብኩ፥ ኢሉ ከኣ መስከረሉ። ኣምላኽ ከም ተስፍኡ ካብ ዘርኡ ንእስራኤል መድሓኒ፥ ንሱ ከኣ ኢየሱስ፥ ኣተንስኤ፥"

ሮሜ፥1፥3 ፥- "ብዛዕባ ወዱ፥ ብስጋ ካብ ዘርኢ ዳዊት እተወልደ፥"

## 9) ክርስቶስ ብዛዕባ ብልደት ምምጽኡ

(ሀ) ትንቢት

ዘፍ፥49፥10 ፥- "ሺሎ ክሳዕ ዝመጽእ፥ ካብ ይሁዳ በትሪ፥ ዘንጊ ገዛኢ ከኣ ካብ ማእከል ኣእጋሩ ኣይዝምብልን። ህዝብታት ይእዘዝዎ።"

ዳን፥9፥24,25 ፥- "ንዕልወት መወዳእታ ኺግበሮ፥ ሓጢኣት ኪውዳእ፥ ኣበሳ ኺዕረቕ፥ ዘለኣለማዊ ጽድቂ ኺኣቱ፥ ራእይን ትንቢትን ኪሕተም፥ ናይ ቅዱሳን ቅዱስ ድማ ኪቕባእሲ፥ ኣብ ህዝብኻን ኣብታ ቅድስቲ ከተማኻን ሰብዓ ሰሙን ተመዲቡ እዩ። እምበኣርስ ፍለጥን ኣስተውዕልን፥ እቲ የሩሳሌም ክትሕደስን ክትህነጽን ዚብል ቃል ካብ ዚወጽእ ጀሚሩ ክሳዕ እቲ መሲህ፥ መስፍን፥ ሾብዓተ ሰሙን ኣየን። ድህሪ ስሳን ክልተን ሰሙን ድማ፥ ጊዜ ጸበባ ክነሱ፥ ንሳ ምስናይ ኣደባባይን መካበብያን ከም ብሓድሽ ክትህነጽ እያ።

ሃጌ፥2፥6-9 ፦ “እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊትሲ ከምዚ ይብል ኣሎ፥ ገና ሓደ ጊዜ፥ ብሓጺር ጊዜ ኪኸውን እዩ፥ ኣነ ንሰማይን ምድርን ባሕርን ንቑጽን ከነቓንቕ እየ። ንዅላቶም ኣህዛብ ከነቓንቖም እየ፥ ናይ ዅላቶም ኣህዛብ ክቡር ነገር ኪመጽእ እዩ፥ ኣነውን ነዛ ቤት እዚኣ ብኽብሪ ክመልኣ እየ፥ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። ብሩር ናተይ እዩ፥ ወርቂ ከኣ ናተይ እዩ፥ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። ካብቲ ቀዳማይሲ እቲ ዳሕራይ ክብሪ እዛ ቤት እዚኣ ኺበልጽ እዩ፥ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፥ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ሰላም ክህብ እየ፥ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።”

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፥1፥20,21 ፦ “ንሱ እዚ ኪሓስብ ከሎ፥ እንሆ መልኣኽ እግዚኣብሄር ብሕልሚ ተራእዮ፥ ከምዚ ኢሉ ዮሴፍ ወዲ ዳዊት፥ እቲ ሕጽይትኻ ማርያም ጠኒሳቶ ዘላ ካብ መንፈስ ቅዱስ እዩ እሞ፥ ንምውሳዳ ኣይትፍራህ። ወዲ ኽትወልድ እያ፥ ንሱ ከኣ ንህዝቡ ካብ ሓጢኣቶም ኬድሕኖም እዩ እሞ፥ ስሙ ኢየሱስ ክትሰምዮ ኢኻ።”

ሉቃ፥2፥3-5 ፦ “ሽዑ ነፍሲ ወከፍ ኪጸሓፍ፥ ኵሉ ነናብ ዓዱ ኸደ። ዮሴፍ ድማ፥ ካብ ቤት ዳዊትን ካብ ዓሌቱን ስለ ዝነበረ፥ ካብ ገሊላ ካብ ዓዲ ናዝሬት ምስታ ጠኒሳ ዘላ ማርያም ሕጽይቱ ናብ ቤት-ልሄም እትብሃል ዓዲ ዳዊት ናብ ይሁዳ ኺጸሓፍ ደየበ።”

እብ፥12፥28 ፦ “ኣምላኽና ዚባላዕ ሓዊ እዩ፥ ስለዚ ንሕና ዘይተንቀጥቅጥ መንግስቲ እንቕበል ካብ ኰንናስ፥ ንኣምላኽ ብዜሓጒሶ ቅዱስ ምኽባርን ብፍርሃትን እናኣገልገልና ነመስግን።”

## 10) ክርስቶስ ካብ ድንግል ከም ዝውለድ

(ሀ) ትንቢት

ኢሳ፥7፥14 ፦ “ስለዚ እግዚኣብሄር ባዕሉ ትእምርቲ ኺህባኩም እዩ፥ እንሆ ድንግል ክትጠንስ፥ ወዲ ከኣ ክትወልድ እያ፥ ስሙውን ኣማኑኤል ክትሰምዮ እያ።”

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፥1፥22-25 ፦ “እዚ ኩሉ እቲ እግዚኣብሄር ብነብዩ እተዛረቦ ኺፍጸም ኰነ፥ ከምዚ ዚብል፥ እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ፥ ስሙ ከኣ ኣማኑኤል ኪብልዎ እዮም፥ ትርጉሙ፥ ኣምላኽ ምሳና እዩ። ዮሴፍ ካብ ድቃሱ ተንሲኡ፥ መላኽ እግዚኣብሄር ከም ዝኣዘዞ ገበረ፥ ንማርያም ሕጽይቱ ወሰዳ። በኲሪ ወዳ ክሳዕ እትወልድ ከኣ ኣይፈለጣን። ስሙ ድማ ኢየሱስ ሰመዮ።”

## 11) ክርስቶስ ኣብ ቤተልሄም ከም ዝውለድ

(ሀ) ትንቢት

ሚክ፥5፥2 ፦ “ግናኸ፥ ኣቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝነኣስኪ ቤት- ልሄም እፍራታ፥ እቶ ምውጻኡ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለኣለም ዝኾነ፥ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ዚኸውን ካባኺ ኺወጸለይ እዩ።”

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፥2፥1-2 ፦ “ኢየሱስ ብዘመን ንጉስ ሄሮድስ ኣብ ቤት-ልሄም ናይ ይሁዳ ምስ ተወልደ፥ እንሆ፥ ሰብ ጥበብ፥ እቲ እተወልደ ንጉስ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ፥ ኰኾቡ ኣብ ምብራቕ ርኢና እሞ፥ ክንሰግደሉ መጺእና፥ እናበሉ ካብ ምብራቕ ናብ የሩሳሌም መጹ።”

ሉቃ፥2፥4-7 ፥- "ዮሴፍ ድማ፥ ካብ ቤት ዳዊትን ካብ ዓሌቱን ስለ ዝነበረ፥ ካብ ገሊላ ካብ ዓዲ ናዜት ምስታ ጠኒሳ ዘላ ማርያም ሕጽይቱ ናብ ቤት-ልሄም እትብሃል ዓዲ ዳዊት ናብ ይሁዳ ኺጸሓፍ ደየበ። ኰነ ድማ፥ ኣብኡ ኸለው፥ ጊዜ ሕርሳ በጽሔ። በዅሪ ወዳ ወለደት ብዓለባውን ጠቕለለቶ፥ ኣብቲ ማሕደር ኣጋይሽ ስፍራ ስለ ዘይነበሮም ድማ፥ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ።"

ዮሃ፥7፥42 ፥- "ንሳቶም፥ ንሽኻውንዶ ካብ ገሊላ ኢኻ? መርምር እሞ ካብ ገሊላ ነብዪ ከም ዘይትንስእ ክትርኢ ኢኻ፥ ኢሎም መለሱሉ።"

12) ህጻን ክርስቶስ ናብ ግብጺ ከም ዝውሰድ

(ሀ) ትንቢት

ሆሴ፥11፥1 ፥- "ንእስራኤል ሕጻን ከሎ ኣፍቀርክዎ፥ ንወደይ ካብ ግብጺ ጸዋዕክዎ።"

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፥2፥14,15 ፥- "ተንሲኡ፥ ነቲ ሕጻንን ነዲኡን ሒዙ፥ ብለይቲ ናብ ግብጺ ኸደ። እቲ እግዚኣብሄር ብነብዪ፥ ንወደይ ካብ ግብጺ ጸዋዕክዎ፥ ዝበሎ ምእንቲ ኺፍጸም ድማ ሄሮድስ ክሳዕ ዚመውት ኣብኣ ጸንሔ።"

13) ቅትለት ህጻናት ብሄሮድስ ከም ዝፍጸም

(ሀ) ትንቢት

ኤር፥31፥15 ፥- "እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፥ ኣብ ራማ ድምጺ ተሰምዔ፥ ዋይዋይታን መሪር ብኽያትን። ራሄል ንደቃ በኸየት፥ ተወዲኦም እዮም እሞ፥ ስለ ደቃ ምድባስ ኣበየት።"

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፥2፥16-18 ፥- "ሽዑ ሄሮድስ ሰብ ጥበብ ከም ዘላገጹሉ ምስ ረኣየ፥ ብዙሕ ኰረየ እሞ፥ ንኹሎም ሕጻናት ቤት-ልሄምን ኣብ ኩሉ ጐደቦታታ ንዝጸንሑን፥ ካብ ሰብ ጥበብ ኣርጊጹ ብዝሓተቶ ዘመን ወዲ ክልተ ዓመትን ካብኡ ንታሕትን ንዘለው ልኢኹ ኣቕተለ። ሽዑ እቲ ብነብዪ ኤርምያስ፥ ኣኣብ ራማ ድምጺ ተሰምዔ፥ ዋይዋይታን ብዙሕ ብኽያትን። ራሄል ስለ ደቃ በኸየት፥ ተወዲኦም እዮም እሞ፥ ምድባስ ኣኣበየት እተባህለ ተፈጸመ።"

14) ክርስቶስ ኣብ ናዝሬት ከም ዝዓቢ

(ሀ) ትንቢት

መሳ፥13፥3,4 ፥- "መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ነታ ሰበይቲ ተራእያ በላውን፥ እንሆ፥ መኻን ኢኺ እሞ፥ ኣይወለድክን፥ ግናከ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ ኢኺ። እምበኣር ሕጂ ወይንን ዜስክርን ከይትሰትዪ ርኹስ ዘበለውን ከይትበልዒ በጃኺ ተጠንቀቒ።"

ኢሳ፥11፥1 ፥- "ካብቲ ኽሩት ጉንዲ እሰይ ከኣ ሓደ ጠጥዒ ኪጭብጭብ እዩ፥ ሓደ ጨንፈርውን ካብ ሱሩ ፍረ ኺፈሪ እዩ።"

ኢሳ፥53፥2 ፥- "ኣብ ቅድሚኡ ከም ጨንፈርን ከምቲ ካብ ንቑጽ ምድሪ ዚወጽእ ሱርን ጨብጨበ። መልክዕን ውቃበን ኣይነበሮን፥ ምስ ርኤናዮ፥ ዜብህገና ትርኢት ኣይነበሮን።"

(ለ) ፍጻሜ
ማቴ፡2፡21-23 ፡- “ንሱ ድማ ተንሲኡ፡ ነቲ ህጻንን ነዲኡን ሒዙ ናብ ምድሪ እስራኤል መጸ። ኣርኬላዎስ ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ሄሮድስ ከም ዝነገሰ ሰሚዑ ግና፡ ናብኡ ምኻድ ፈርሀ። ብሕልሚ ምስ ተገልጸሉ ድማ፡ ናብ ምድሪ ገሊላ ኸደ። እቲ ብነብያት፡ ናዝሬታዊ ኺበሃል፡ እተባህለ ምእንቲ ኺፍጸም፡ ናዝሬት ናብ እትበሃል ዓዲ መጺኡ ተቐመጠ።”

ለ. ዮሃንስ መጥምቕ ብመንፈስ ኤልያስ ቀቅድሚኡ ከም ዝከይድ

ሀ) ትንቢት
ኢሳ፡40፡3-5 ፡- “ድምጺ ኣዋጂ ይእውጅ፡ መገዲ እግዚኣብሄር ኣብ በረኻ ኣኣዳልው፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ከኣ ንኣምላኽና ጽርግያ ኣቕንዑ። ሽንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፡ ኵሉ ኣኽራንን በረኽትን ድማ ለጠቕ ይበል፡ ቄናን ይቕናዕ ድንጉር ከኣ ሰጥ ዝበለ ስፍራ ይኹን። ኣፍ እግዚኣብሄር ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ኪግለጽ፡ ኵሉ ስጋ ከኣ ሓቢሩ ኺርእዮ እዩ።”

ሚል፡3፡1 ፡- “እንሆ፡ ኣነ ልኡከይ እልእኽ ኣሎኹ፡ ንሱ ቀቅድመይ መገዲ ኺጸርግ እዩ። ብኡብኡ ከኣ እቲ እትደልይዎ ጐይታ ናብ መቕደሱ ኺመጽእ እዩ፡ እቲ እትናፍቕዎ መልኣኽ ቃል ኪዳን እንሆ፡ ይመጽእ ኣሎ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።”

ሚል፡4፡5 ፡- “እንሆ፡ እታ ዓባይን እተፍርህን መዓልቲ እግዚኣብሄር ከይመጸት፡ ነብዩ ኤልያ ክልእከልኩም እየ።”

ለ) ፍጻሜ
ማቴ፡3፡1 ፡- “በቲ ወርሓት እቲ ዮሃንስ መጥምቕ፡ መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ፡ ተነስሑ፡ ኢሉ እናሰበኸ፡ ናብ በረኻ ይሁዳ መጸ።”

ማቴ፡11፡11-14 ፡- “ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ካብ ኣንስቲ ካብ እተወልዱ ካብ ዮሃንስ መጥምቕ ዚዐቢ ሓደ ኳ ኣይተንስኤን። ኣብ መንግስተ ሰማያት ግና እቲ ዚንእስ ካብኡ ይዐቢ። ካብ ዘመን ዮሃንስ መጥመቕ ክሳዕ ሎሚ መንግስተ ሰማያት ብሓይሊ ትደፍእ ኣላ፡ ደፋእቲ ድማ ብሓይሊ ይዛረፍዋ ኣለው። ኵሎም ነብያትን ኦሪትን ክሳዕ ዮሃንስ ተነብዩ። ክትኣምኑ እንተ ደሊኹምሲ፡ እቲ ኺመጽእ ዘለዎ ኤልያስ ንሱ እዩ። እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ።”

ማር፡9፡13 ፡- “ኣነ ግና፡ ኤልያስ መጸ፡ ከምቲ እተጻሕፈሉ ድማ፡ ዝደለዩ ዘበለ ገበርዎ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሎም።”

ሉቃ፡1፡17 ፡- “ንሱ ብቑዕ ህዝቢ ንእግዚኣብሄር ኪዳሉ፡ ልቢ ኣቦታት ናብ ውሉድ፡ ንዘይእዙዛት ድማ ናብ ጥበብ ጻድቃን ኪመልስ፡ ብመንፈስ ኤልያስብ ብሓይሉን ቀቅድሚኡ ኪኸይድ እዩ።”

ሐ. ምስ ናይ ክርስቶስ ኣግ3ልግሎት ዝዛመዱ ኩነታትን ፍጻሜታትን

1) ክርስቶስ ነብዩ ከም ዝኾውን

(ሀ) ትንቢት

ዘዳ፣18፣15-19 ፥- “እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ካብ ማእከልካ፣ ካብ ኣሕዋትካ፣ ከማይ ዝበለ ነብዪ ከተንስኣልካ እዩ፣ ንእኡ ስምዕዎ። ከምቲ ኣኣብ ሆሬብ ብመዓልቲ ኣኼባ ከምዚ ኢልካ ካብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝለመንካዮ፣ ምእንቲ ከይመውት መሊሰ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ኣይሰምዕን፣ እዚ ዓብዪ ሓዊ እዚ ድማ ደጊም ኣይርእን። እግዚኣብሄር ከኣ፣ እቲ እተዛረብዎ ጽቡቕ እዩ፣ በለኒ፣ ከማኻ ዝበለ ነብዪ ካብ ማእከል ኣሕዋቶም ከተንስኣሎም እየ፣ ቃለይ ከኣ ኣብ ኣፉ ከንብር እየ፣ ንሱ ድማ ዝኣዘዝክዎ ኵሉ ክነግሮም እዩ። ይኸውን ከኣ፣ ነቲ ብስመይ ዝዛረቦ ዘረባይ ዘይሰምዕ ሰብ፣ ኣነ ካብኡ ክደልዮ እየ።”

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፣21፣11 ፥- “እቶም ህዝቢ ድማ፣ እዚ ነብዪ ኢየሱስ፣ ብዓል ናዝሬት ናይ ገሊላ እዩ፣ በሉ።”

ሉቃ፣24፣19 ፥- “ንሱ ከኣ እንታይ እዩ በሎም። ንሳቶም በልዎ፣ እዚ ናይ ኢየሱስ ናዝራዊ ነገር፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኩሉ ህዝብን ብግብርን ቃልን ከኣሊ ነብዪ ዝነበረ ሰብኣይ፣”

ዮሃ፣4፣19 ፥- “እታ ሰበይቲ በለቶ ጐይታይ፣ ንስኻ ነብዪ ምዃንካ እርኢ ኣሎኹ።”

ግብ፣3፣22 ፥- “ሙሴ ድማ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከም ዝከማይ ዝበለ ነብዪ ካብ ኣሕዋትኩም ኬተንስኣልኩም እዩ እሞ፣ ንሱ ዚብለኩም ዘበለ ኹሉ ስምዑ።”

ግብ፣7፣37 ፥- “እቲ ንደቂ እስራኤል፣ ኣምላኽ ካብ ኣሕዋትኩም ከም ዝኸማይ ዝበለ ነብዪ ኼተንስኣልኩም እዩ፣ ንእኡ ስምዕዎ፣ ዝበሎም፣ እዚ ሙሴ እዚ እዩ።”

2) ክርስቶስ ባርያ ኣምላኽ ከም ዝኸውን

(ሀ) ትንቢት

ኢሳ፣42፣1-4 ፥- “እንሆ፣ ዝድግፎ ባርያይ፣ ሕሩየይ፣ ነፍሰይ ብእኡ ባህ ዚብላ፣ መንፈሰይ ኣብ ልዕሊኡ ኣሕዲረ ኣሎኹ፣ ንሱ ነህዛብ ፍትሒ ኼውጽኣሎም እዩ። ኣይኪጭድርን፣ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ከኣ ኣብ ኣደባባይ ኣይኬስምዕን እዩ። ጭፍሉቕ ሻምብቆ ኣይክሰብርን፣ ተኻኺ ጥዋፍ ድማ ኣይኬጥፍእን እዩ፣ ፍትሒ ብሓቂ የውጽእ። ፍትሒ ኣብ ምድሪ ክሳዕ ዚምስርት፣ ሓይሉ ኣይሓምቕን ኣይሕለልን ደሴታት ከኣ ሕጉ ኺጽበያ እየን።”

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፣12፣15-21 ፥- “ኢየሱስ ድማ እዚ ፈሊጡ ካብኡ ኣግለሰ። ብዙሓት ሰብ ድማ ሰዓብዎ፣ ንኹሎምውን ኣሕወዮም። ከየግህድዎ ድማ ኣሕጊሙ ኣዘዞም። እቲ ብነብዪ ኢሳይያስ እተባህለ ኺፍጸም፣ ከምዚ ዚብል እንሆ ዝሓሬኽዎ ጊልያይ፣ ነፍሰይ ዝሰመረቶ ፈታውየይ፣ ኣብኡ መንፈሰይ ከሕድር እየ፣ ንሱ ድማ ነህዛብ ፍትሒ ኼውጽኣሎም እዩ። ኣይከራኸርን፣ ኣይጭድርን፣ ኣብ ኣደባባይውን ሓደ እኳ ድምጹ ኣይኪሰምዕን እዩ። ፍርዲ ናብ ዓወት ክሳዕ ዜብጽሕ፣ ጭፍሉቕ ሻምብቆ ኣይሰብርን፣ ዝተኽኽ ፈትሊ ጥዋፍውን ኣየጥፍእን እዩ። ኣህዛብ ከኣ ብስሙ ተስፋ ኺገብሩ እዮም።”

### 3) ክርስቶስ መሲሕ (ቅቡእ) ከም ዝኸውን

(ሀ) ትንቢት

መዝ፥2፥2 ፥-

ዳን፥9፥24,25

(ለ) ፍጻሜ

ማር፥8፥27-29

ግብ፥2፥36

ግብ፥18፥28

### 4) ክርስቶስ መድሓኒ ከም ዝኸውን

(ሀ) ትንቢት

ኢሳ፥59፥20

ኢሳ፥62፥11

(ለ) ፍጻሜ

ሉቃ፥2፥11

ዮሃ፥4፥42

ግብ፥5፥31

1ዮሃ፥4፥14

### 5) ክርስቶስ ብስራት ከም ዝሰብኽ

(ሀ) ትንቢት

ኢሳ፥61፥1

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፥11፥5

ማር፥1፥14

ሉቃ፥4፥14-21

ሉቃ፥8፥1

### (ለ) ክርስቶስ ብምስላ ከም ዝዛረብ

(ሀ) ትንቢት

ኢሳ፥6፥9,10

መዝ፥78፥2

(ለ) ፍጻሜ

ማቴ፥13፥13-15

### 7) ክርስቶስ ሊቀ ካህናት ከም ዝኸውን

(ሀ) ትንቢት

**መዝ፥110፥4**
**ኢሳ፥53፥12**
**ዘካ፥6፥12,13**

**(ለ) ፍጻሜ**
**ሉቃ፥23፥34**
**ሮሜ፥8፥34**
**እብ፥5፥5-10**
**እብ፥6፥19,20**
**እብ፥7፥15-28**
**እብ፥9፥11-14**
**እብ፥9፥24**
**1ዮሃ፥2፥1**

## 8) ክርስቶስ ንጉስ ከም ዝኸውን

**(ሀ) ትንቢት**
**መዝ፥2፥6**
**መዝ፥132፥11**
**ኤር፥23፥5,6**
**ህዝ፥37፥24,25**

**(ለ) ፍጻሜ**
**ማቴ፥2፥5,6**
**ሉቃ፥1፥/32/,33 ፥- "ንሱ ኣብ ቤት ያእቆብ ንዘለኣኣለም ክነግስ እዩ፡ መንግስቱ ከኣ መወዳእታ የብላን።"**

**ዮሃ፥1፥49 ፥- "ናትናኤል ድማ፡ ረቢ ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፡ ንስኻ ንጉስ እስራኤል ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ።"**

> **ዮሃ፥18፥/33/-37 ፥- "ጲላጦስ ድማ፡ እምብኣርከስ ንስኻ ንጉስ ኢኻ? በሎ። ኢየሱስ ከኣ ንጉስ ምዃነይሲ ንስኻ እኳ ትብል ኣሎኻ። ኣነ ንሓቂ ኽምስክር፡ ምእንትዚ ተወለድኩ፡ ምእትንዚውን እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ። ካብ ሓቂ ዝኾነ ኹሉ ከኣ ድምጸይ ይሰምዕ እዩ ኢሉ መለሰ።"**

## 9) ክርስቶስ ንገሊላ ከም ዘገልግል

**(ሀ) ትንቢት**
**ኢሳ፥9፥1,2**

**(ለ) ፍጻሜ**
**ማቴ፥4፥12-16**

### 10) ክርስቶስ ብመንፈስ ኣምላኽ ከም ዝቐባእ

**(ሀ) ትንቢት**

ኢሳ፡11፡2

ኢሳ፡42፡1

ኢሳ፡61፡1

**(ለ) ፍጻሜ**

ማቴ፡3፡16

ዮሃ፡3፡34

ግብ፡4፡27

### 11) ክርስቶስ ናይ ምፍዋስ ኣገልግሎት ከም ዝሀልዎ

**(ሀ) ትንቢት**

ኢሳ፡53፡4

**(ለ) ፍጻሜ**

ማቴ፡4፡23,24

ማቴ፡8፡16,17

ማር፡6፡56

ሉቃ፡6፡17-19

### 12) ክርስቶስ ተኣምራታት ከም ዝፍጽም

**(ሀ) ትንቢት**

ኢሳ፡35፡5

**(ለ) ፍጻሜ**

ማቴ፡11፡4-6

ማቴ፡15፡30

ዮሃ፡6፡1,2

ዮሃ፡20፡30,31

### 13) ክርስቶስ ብርሃን ገሊላ ከም ዝኸውን

**(ሀ) ትንቢት**

ኢሳ፡9፡2

ኢሳ፡49፡6

**(ለ) ፍጻሜ**

ሉቃ፡2፡32

ግብ፡13፡47

### 14) ክርስቶስ ቤተ መቕደስ ከም ዘጽሪ

**(ሀ) ትንቢት**

**መዝ፡69፡9**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፡21፡12,13**

**ዮሃ፡2፡13-17**

### 15) ክርስቶስ ብኽብሪ ናብ ኢየሩሳሌም ከም ዝኣቱ

**(ሀ) ትንቢት**

**ዘካ፡9፡9**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፡21፡4-10**

## መ. ምስ ሞት ክርስቶስ ዝዛመዱ ፍጻሜታትን ኩነታትን

### 1) ንክርስቶስ ሰባት ከም ዘላግጽሉ

**(ሀ) ትንቢት**

**መዝ፡22፡6**

**ኢሳ፡49፡7**

**ኢሳ፡53፡2,3**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ሉቃ፡19፡14**

**ዮሃ፡18፡23**

**ዮሃ፡1፡11**

### 2) ህዝብታትን መሳፍንቱን ከም ዝጻረርዎ

**(ሀ) ትንቢት**

**መዝ፡2፡1,2**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፡12፡14**

### 3) ክርስቶስ ከም ዝሳቐ

**(ሀ) ትንቢት**

**ኢሳ፡52፡14**

**ኢሳ፡53፡3**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ሉቃ፡22፡15**

**ሉቃ፡22፡44**

**እብ፡4፡15**

**4) ንክርስቶስ ብጻዩ ከም ዝኸሕዶ**

**(ሀ) ትንቢት**
**መዝ፥41፥9**
**መዝ፥55፥12**

**(ለ) ፍጻሜ**
**ሉቃ፥22፥3,4**
**ዮሃ፥6፥64**
**ዮሃ፥6፥70,71**
**ዮሃ፥13፥18**

**5) ክርስቶስ ንሰላሳ ቅርሺ ከም ዝሸየጥ**

**(ሀ) ትንቢት**
**ዘካ፥11፥12**

**(ለ) ፍጻሜ**
**ማቴ፥26፥14,15**

**6) እቲ ዝተሸጠሉ ብሩር ናይ ሰራሕ መሬት ግራት ከም ዝዕደግ**

**(ሀ) ትንቢት**
**ዘካ፥11፥13**

**(ለ) ፍጻሜ**
**ማቴ፥27፥3-10**

**7) ንክርስቶስ ኩሎም ደቀ መዛሙርቱ ከም ዝኸሕድዎ**

**(ለ) ትንቢት**
**ዘካ፥13፥7**

**(ለ) ፍጻሜ**
**ማቴ፥26፥31**
**ዮሃ፥16፥32**

**8) ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ከሰስቱ ስኞ ከም ዝብል**

**(ሀ) ትንቢት**
**ኢሳ፥53፥7**

**(ለ) ፍጻሜ**
**ማቴ፥27፥12**
**ሉቃ፥23፥9**

### 9) ክርስቶስ ከም ዝህረምን ከም ዝግረፍን

**(ሀ) ትንቢት**

**ኢሳ፥52፥14**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥27፥26**

### 10) ንክርስቶስ ጡፍ ከም ዝብሉሉ

**(ሀ) ትንቢት**

**ኢሳ፥50፥5,6**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥26፥67**

**ማቴ፥27፥30**

### 11) ክርስቶስ ኣብ ገጹ ከም ዝህረም

**(ሀ) ትንቢት**

**ሚክ፥5፥1**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥27፥30**

### 12) ክርስቶስ ከም ዝስቀል

**(ሀ) ትንቢት**

**መዝ፥22፥16**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥26፥2**

**ዮሃ፥3፥14**

### 13) ንክርስቶስ መጺጽ ወይንን ሓሞትን ከም ዘስትይዎ

**(ሀ) ትንቢት**

**መዝ፥69፥21**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥27፥34**

**ማቴ፥27፥48**

**ሉቃ፥23፥36**

### 14) ንናይ ክርስቶስ ክዳውንቲ ከም ዝማቐልዎ

**(ሀ) ትንቢት**

**መዝ፥22፥18**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥27፥35**

## 15) ንክርስቶስ ከም ዘላግጹሉን ከም ዝጸረፍዎን

**(ሀ) ትንቢት**

**መዝ፥22፥7**

**መዝ፥22፥12,13**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥27፥39,41,42**

## 16) ክርስቶስ ብከተርቲ ተማእኪሉ ከም ዝመውት

**(ሀ) ትንቢት**

**ኢሳ፥53፥12**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥27፥38**

**ማር፥15፥27**

**ሉቃ፥22፥36,37**

## 17) ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣት ዓለም ከም ዝመውት

**(ሀ) ትንቢት**

**ኢሳ፥53፥5,8,10,12**

**ዳን፥9፥26**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥27፥50**

**ግብ፥8፥30-35**

**1ቈረ፥15፥3**

**ገላ፥1፥3**

**1ጴጥ፥2፥23,24**

## 18) ካብ ኣዕጽምቲ ክርስቶስ ሓንቲ እኳ ከም ዘይትስበር

**(ሀ) ትንቢት**

**መዝ፥34፥20**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ዮሃ፥19፥32,33,36**

## 19) ኣካል ክርስቶስ ከም ዝውጋእ

**(ሀ) ትንቢት**

ዘካ፥12፥10

(ለ) ፍጻሜ
ዮሃ፥19፥34,37

20) መቓብሩ ምስ ሃብታማት ከም ዝኸውን

(ሀ) ትንቢት
ኢሳ፥53፥9
(ለ) ፍጻሜ
ማቴ፥27፥57-60

ረ. ምስ ትንሳኤ ክርስቶስን ምጽኣቱን ዝዛመዱ ኩነታትን ፍጻሜታትን

1) ትንሳኤ ክርስቶስ

(ሀ) ትንቢት
መዝ፥16፥9
መዝ፥49፥15
ሆሴ፥6፥1,2

(ለ) ፍጻሜ
ማቴ፥28፥5-7
ማር፥16፥6,7 ፥- "ሞት ሒዙ ከጽንየ ስለ ዘይከኣለ ከኣ፥ ኣምላኽ ካብ ማእሰር ሞት ፈቲሑ ኣተንስኦ።"

ሉቃ፥24፥5-7
ዮሃ፥20፥26,27 ፥- "ድሕሪ ሾሞንተ መዓልቲ ከኣ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ከም ብሓድሽ ኣብ ውሽጢ ነበሩ፥ ቶማስውን ምሳታቶም ነበረ። መኣኣጹ ተሸጒሩ ከሎ ኢየሱስ መጸ፥ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉውን ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን በሎም። ደሓር ከኣ ንቶማስ ኣጻብዕካ ናብዚ ኣምጽእ ነእዳወይን ርኤ ኢድካ ከኣ ናብዚ ኣምጽእ ነእዳወይን ርኤ ኢድካ ከኣ ናብዚ ኣምጽእ እሞ ናብ ጐድነይ ኣእትዋ። ኣማኒ እምበር፥ ዘይኣማኒ ኣይትኹን፥ በሎ።"

ግብ፥1፥3
ግብ፥2፥24 ፥- "ሞት ሒዙ ከጽንየ ስለ ዘይከኣለ ከኣ፥ ኣምላኽ ካብ ማእሰር ሞት ፈቲሑ ኣተንስኦ።"

ሮሜ፥1፥4
1ቈረ፥15፥20
እብ፥13፥20

ራእ፥1፥5 ፥- "ዮሃንስ ነተን ኣኣብ እስያ ዘለዋ ሾብዓተ ማሕበራት፥ ካብቲ ዘሎን ዝነበረን ዝመጽእን፥ ካብቶም ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ዘለው ሾብዓተ መናፍስትን ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ዘለው ሾብዓተ መናፍስቲ ካብቲ እሙን ምስክርን በዅሪ ምውታትን ርእሲ ነገስታት ምድርን ዝኾነ

ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን። ንእኡ ነቲ ዘፍቅረና ዘሎ፡ ካብ ሓጢኣትናውን ብደሙ ዝሓጸበና፡”

## 2) ዕርገት ክርስቶስ

### (ሀ) ትንቢት

መዝ፡16፡11 ፡- “ንሳቶም ከኣ፡ ንሱ ህያው ምዃኑ ንእኣውን ከም እተራእያ ምስ ሰምዑ፡ ኣይኣመኑን።”

መዝ፡68፡18

### (ለ) ፍጻሜ

ሉቃ፡24፡51

ግብ፡1፡9 ፡- “እዚ ምስ በለ ድማ፡ እናረኣይዎ ዐረገ፡ ካብ ኣዒንቶም ከኣ ደበና ተቐበለቶዉ።”

1ጢሞ፡3፡16 ፡- “ብሓቂ እቲ ምስጢም ኣምልኾ ዓብዩ እዩ፡ ንሱ እቲ ብስጋ እተገልጸ፡ ብመንፈስ ጸደቐ፡ ንመላእኽቲ ተራእየ፡ ኣኣብ ኣህዛብ ተሰብከ፡ ኣብ ዓለም ተኣምነ፡ ናብ ክብሪ ዐረገ።”

1ጴጥ፡1፡21

## 3) ክርስቶስ ናብ የማን ኣቦ ልዕል ከም ዝብል

### (ሀ) ትንቢት

መዝ፡110፡1-6

መዝ፡118፡22

### (ለ) ፍጻሜ

ግብ፡2፡32,33 ፡- “ሕጂ ድማ ናብ የማን ኣምላኽ ልዕል ምስ በለ፡ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ካብ ኣቦ ምስ ተቐበለ፡ ነዚ ንሸኻኩም እትርእይዎን እትሰምዕዎን ዘሎኹም ንሱ ኣፍሰሶ።

ግብ፡5፡31 ፡- “ነቲ ንሸኻትኩም  ኣብ ዕጽይቲ ሰቒልኩም ዝቐተልኩምዎ ኢየሱስ፡ ኣምላኽ ኣቦታትና ኣተንስኦ። ንእስራኤል ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ምእንቲ ክህብሲ ኣምላኽ ንእኡ ራእስን መድሓንን ገይሩ ናብ የማኑ ልዕል ኣበሎ።”

ግብ፡7፡55,56 ፡- “ንሱ ግና መንፈስ ቅዱስ መልኦ፡ ናብ ሰማይ ኣኣንቃዕሪሩ ከኣ ክብሪ ኣምላኽን ኢየሱስ ድማ ኣኣብ የማን ኣኣምላኽ ደው ኢሉን ረኣየ እሞ፡ እንሆ፡ ሰማይ ተኸፊቱ፡ ወዲ ሰብ ድማ ኣኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉ እርኢ ኣሎኹ፡ በለ።”

ኤፌ፡2፡9,11

ቈሎ፡3፡1 ፡- “ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተ ኴንኩምሲ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ድለዩ።”

እብ፡1፡3

**እብ፥8፥1 ፥- "ሕጂ ድማ ነዚ እንብሎ ዘሎና ኣውራ ነገሩ እዚ እዩ፥ ንሕናስ ኣብ ሰማያት ኣብ የማን ዝፋን ግርማ እተቐመጠ፥ ናይቲ ጐይታ ደኣ ኣምበር፥ ሰብ ዘይተኸሎ መቕደስን ድንኳን ሓቅን ኣገልጋሊ ከምዚ ዘመሰለ ሊቀ ካህናት ኣሎና።"**

**እብ፥10፥12 ፥- "ክርስቶስ ግና ነቶም ዚቕደሱ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጺሞም እሞ፥ ንሱ ንሓዋሩ እትኸውን ሓንቲ መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት ምስ ኣቕረበ፥ እቶም ጸላእቱ መርገጽ እግሩ ኽሳዕ ዚኾኑ እናተጸበየ፥ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐመጠ።"**

**1ጴጥ፥3፥22 ፥- "ንሱ ናብ ሰማይ ዐሪጉ ኣብ የማን ኣምላኽ ኣሎ፥ ንእኡ መላእኽትን ስልጣናትን ሓይልታትን ይግዝእዎ ኣለው።"**

**ራእ፥3፥21 ፥- "ከምቲ ኣነውን ዝሰዐርኩ እሞ ምስ ኣቦይ ኣኣብ ዝፋኑ እተቐመጥኩ፥ ነቲ ዝስዕር ኣብ ዝስዕር ኣብ ዝፋነይ ምሳይ ክቕመጥ ክህቦ እየ።"**

**ራእ፥5፥13**

## 4) ክርስቶስ ዳግማይ ከም ዝመጽእ

**(ሀ) ትንቢት**

**2ሳሙ፥7፥13**
**መዝ፥50፥2-5**
**ኢሳ፥9፥6,7**
**ኢሳ፥16፥5**
**ኢሳ፥66፥18**
**ኤር፥30፥9**
**ዳን፥7፥13,14**

**(ለ) ፍጻሜ**

**ማቴ፥25፥31**
**ማር፥8፥38**
**ሉቃ፥12፥40**
**ዮሃ፥14፥30**
**ግብ፥1፥11**
**ቈረ፥1፥8**
**ፊሊ፥1፥6**
**1ተሰ፥3፥13**
**1ተሰ፥4፥13-17**
**1ተሰ፥5፥2**
**2ተሰ፥1፥7**
**ቲቶ፥2፥13**
**2ጴጥ፥3፥10**
**ራእ፥19፥11-21**

3. ክርስቶስ ግን ዝስማዕ ትንቢታት ብምሃብ ጥራይ ዘይኮነስ ከም ጽላሎት ናይ ክርስቶስ ኮይኖም ዘገልግሉ ነገራትን፣ ስርዓታትን፣ ስልጣናትን ሰባትን ብምሃብ ድማ ነቲ ምኽሩ ገሊጽዎ እዩ።

እግዚኣብሄር ነቲ ዘለኣለማዊ ምኽሩ፣ ኪኖ ቃላት ብዝኾነ ብተግባራዊ ምሳሌታት'ውን ገሊጽዎ እዩ። እዚ ምኽሪ እዚ ኣዳምን ሄዋንን ምስ ወደቑ፣ በዚ ዘሕዝን ፍጻሜ ከም ዘይነበረ እግዚኣብሄር ኣሉ ብዘይበሃል መንገዲ ኣቐዲሙ ኣርእይዎ እዩ። ስለዚ ድማ ኢና፣ ንክርስቶስ ከም ጽላሎቱ (ምስሉ) ኮይኖም ዘገልግሉ ብዙሓት ሰባትን ስርዓታትን ነገራትን ፍጻሜታትን እንርኢ።

ኣገልግሎት ናይ ጽላሎት ጕሊሑ ዝርአ እቲ ኣካል ርሑቕ ኣብ ዘለወሉ እዋን እዩ። እቲ ጽላሎት ዘመልከተና እናቐረበ ኣብ ዝመጸሉ፣ ኣገዳስነት ናይቲ ጽላሎት እናነኣሰ እዩ ዝመጽእ። ንኣብነት ክኾነና ንጸሓይን ነቲ ንሳ እትፈጥሮ ጽላሎትን ንሕሰብ። ጸሓይ ገና ክትበርቕ ክትጅምር ከላ ጽላሎት ናይ ዝኾነ ነገር ኣዝዩ ነዊሕ እዩ ዝኸውንል እታ ጸሃይ ልዕል እናበለት ክትከይድ ከላ ግን እቲ ጽላሎት እናነኣሰ እቲ ኣካል ድማ እናጕልሐ ይኸይድ። ልክዕ ኣብ ፍርቂ መዓልቲ ክኸውን ከሎ እቲ ጽላሎት ዳርጋ ዘየለን ኣብ ትሕቲ እቲ ኣካል ዝተሓጽረን ይኸውን።

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም'ውን ከምኡ እዩ። እቲ ተስፋ ዘርኢ ኣዳም ዝኾነ ኢየሱስ ምምጽኡ ገና ርሑቕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን እቶም ንእኡ ዝውክሉ ጽላሎት ኮይኖም ዘገልግሉ ስርዓታትን ሰባትን ዝያዳ ጕሊሖም ይረኣዩ ነበሩ። እቲ ተስፋ እናቐረበ ብዝመጸሉ እዋን ግን እቲ ንክርስቶስ ዝምልከት ትንቢታት እናበዝሐን እናዕበየን መጸ። ንሱ ብኣካል መጺኡ ዘመን ምቕናዕ ምስ ኣወጀ ከኣ ንሱ ካብቶም ጽላሎቱ ዝያዳ ዓብዩን ጕሊሑን ተራእየ። ናቱ ምግላጽ ነቲ ጽላሎት ይውስኖን የሕድሮን ደኣ እምበር ኣየጥፍኦን እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ክርስቶስ፣ ንሕግን ነብያትን ክፍጽሞም እምበር ክስዕሮም ኣይመጻእኩን ዝበለ።

ካብቶም ንክርስቶስ ኢየሱስ ጽላሎት ኮይኖም ዘገልገሉ ናይ ብሉይ ኪዳን ፍጻሜታት ሰባትን፣ ነቶም ቀንድን ጕሉሓትን ዝኾኑ ኣብነታት ክንርኢ ኢና። ኣብዚ ክነስተውዕሎ ዘለና ሓቂ ግን ኣሎ። እቲ ጽላሎት ክንድ'ቲ ኣካል ኣይኮነን። ቤት ክንድቲ ስራሕ ቤት ዝኣክል ዕቤትን ክብርን የብላን። እቲ ጽላሎት ድማ ናብቲ ኣካል ዘመልክት ወይ ዘብጽሕ መንገዲ (ምልክት) ደኣ እምበር ነቲ ምዕራፍ (ኣካል) ክትክእ ዝክእል ኣይኮነን። እስራኤላውያን ነቶም ጽላሎት ክርስቶስ ዝነበሩ ስርዓታትን ሰባትን ከምቲ ዝግብኦም ከም ምልክት ዘይኮነስ ከም ምዕራፍ (ኣካል) ጌሮም ስለ ዝወሰድዎም፣ እቲ ዘመከትዎ ኢየሱስ ምስ መጸ ከለልይዎን ክቕበልዎን ኣይከኣሉን። ህላወ ናይቲ ጽላሎት ነቲ ኣካል ኣይትክኦን እዩ። ምግሃድ ናይቲ ኣካል ድማ ናገዳስነት ናይቲ ምልክት ኣየህስሶን እዩ። እቶም ብርክት ዝበሉ ኣብነታት ናይ ጽላሎት ክርስቶስ ከምዚ ዝስዕብ ተዘርዚሮም ኣለው።

*1. ዝንድድ ቆጥቋጥ*

እቲ ከም ክርስቶስ ዝበለ ነብዩ ሙሴ፣ ንሱ ከም ጽላሎት ናይ ክርስቶስ ቅድሚ ምግልጋሉ እግዚኣብሄር ዘደንቕ ትእምርቲ ኣርይእይዎ ነበረ። እቲ ትእምርቲ ድማ ሓዊ እናነደደ ዘይሓርር ዘይቅምስል ቆጻል ቆጥቋጥ እዩ ዝነበረ። እቲ ቆጥቛጥ ብዛዕባ እቲ ናይ ሽዑ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝወርድ ዝነበረ ናይ መከራ ሓዊ ንእስራኤላውን ክንዲ ዘጥፍኦም መመሊሶም እናበዝሑን ንግብጺ እናዓብለልዋን ምኻዶም ዘመልክት ነበረ። ብዛይካቲ ናይ ሽዑ መልእኽቱ፣ ብዛዕባ እቲ ዳሕራይ ክግለጽ ዘለዎ ብክርስቶስ ዝተፈጸመ ምስጢር'ውን ዘንጸባርቕ መልእኽቲ ነርዎ።

ኣብ ዘመን ብሉይ ኪዳን ነቲ መለኮታዊ ኣምላኽ ርእዩ ብህይወት ክትነብር ዝኽእል ኣይነበረን። ምኽንያቱ ድማ ኣምላኽና ዝባላዕ ሓዊ ስለ ዝኾነ እዩ። ኣብ ከረን ሲና ኣብ ዝወረደሉ እዋን ከረን ሲና ይተኽኽ ከም ዝነበረ ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና እዩ። (                    )

እግዚኣብሄር ግና ኣኣብቲ ብኢድ ሰብ ዝተሰርሐ መቕደስ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ ኣካል ከም ቤት መቕደስ ክጥቀመሉ ምስ ደለየ፡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ሒዙ ኣብ ስጋ ሓደረ። እቲ ኣብዚ ፍጻሜ እዚ እንርእዮ ዘሓጉስ ነገር ድማ፡ እቲ ንመለኮት ብዓይኑ ርእዩ ብህይወት ክነብር ዘይከኣለ ስጋ፡ ሕጂ ንብዘሎ መለኮት እሞ ውሽጡ ጸይሩ ብህይወት ክነብር ምኻሉ እዩ። እዚ ድማ ኣብታ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ዝረኸበት፡ ካብ ኩሉን ኣንስቲ ንላዕሊ ኣዝያ ዝተባረከት ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝተፈጸመ ምስጢር እዩ።

**ቈሎ፡1**
**ዮሃ፡1**

ከምቲ ንቡር፡ እቲ መለኮት ኣብኣ ምስ ወረደ ብህይወት ክትነብር ኣኣይነበራን እንተ ኾነ ነቲ ዘይጽወር መለኮት ጸይራ ክትነብር ምክኣላ እዚ እቲ ዝዓበየ ተኣምራት እዩ።

### *2. መሪር ማይ ዘመቀረ ኦም*

እስራኤላውያን ኣብ ጽምኣቶም ዝረኸብዎ መሪር ማይ ብዙሕ ከም ዘጕረምረሙ እዩ ዝነግረና። እግዚኣብሄር ነዚ ምረት እዚ ክፍውሰሎም ምስ ደለየ ነቲ ማይቲ ገዲፉ ካልእ ማይ ከፈልፍለሎም ዘይኮነስ፡ ነቲ ማይ ዝፍውሰሉ መንገዲ እዩ ሓቢርዎም። እግዚኣብሄር ንሙሴ ካብቲ ዝነበረ ብዙሕ ኣእዋም ፍልይቲ ኦም ኣርኣዮ። ነታ ኦም ቆሪጹ ናብቲ ማይ ምስ ደርበያ እቲ ማይ መቀረ። እዛ ነቲ ማይ ዝመቐረት ኦም ጽላሎት (ምሳሌ) ናይ ክርስቶስ እዩ። ክርስቶስ ዘይብሉ ህይወትን ህዝብን ብምረት ዝተመልአ ጸሩ ዝከበዶ ኦረፍቲ ዘይብሉ እዩ ዝከውን። ክርስቶስ ዘለዎ ህይወት ግን መኣዛን ዕረፍትን ሰላምን ዘለዎ ይኸውን።

**ዘጸ፡15፡22-25**
**2ቈረ፡**

### *3. ማና፡*

እግዚኣብሄር ንህዝቢ እስራኤል ካብ ግብጺ ናብ ከነኣን ክሰግር ከሎ፡ ብደረቕ ምድረበዳ እዩ ኣሕሊፍዎም። እንደገና ብቐጻሊ ይጕዓዙ ስለ ዝነበሩ፡ እቲ ዝሓልፍዎ ዝነበሩ መሬት'ውን መሬቶም ስለ ዘይነበረ ሓሪሶም ኣፍርዮም ክበልዑ ኣይክእሉን ነበሩ። እቲ ዝሓለፍዎ ምድሪ ኩሉ ምድሪ ግሽነት ደኣ እምበር ናቶም ኣይነበረን። ኣብዚ ዝኾነ ክፍርይሉ ዘይከኣሉ ኣርብዓ ዓመታት፡ እግዚኣብሄር ካብ ሰማያት ብዝወረደ ተኣምራታዊ መግቢ እናቐለበ እዩ ኣብጺሕዎም።

***<u>ዘጸ፡16፡11-15</u>* ፡- "እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ ምጕርምራም ደቂ እስራኤል ሰሚዔ እየ እሞ፡ ምሸት ስጋ ኽትበልዑ ኢኹም ብጊሓት ከኣ እንጌራ ኽትጸግቡ ኢኹም። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም፡ ኢልካ ተዛረቦም። ኰነ ኸኣ ንምሸቱ ብርኒንታት ተላዒለን ነቲ ሰፈር ዛዕዝዓ ወዲቑ ነበረ። እቲ ዛዕዝዓ ምስ ዘፈፈ ከኣ፡ እንሆ፡ ኣብ ገጽ እቲ በረኻ ገለ ደቂቕ ከቢብ፡ ከም ኣስሓይታ ዝምድቃቑ ኣብ ምድሪ ንበረ። ደቂ እስራኤል ድማ እዚ ምስ ረኣዩ፡ እንታይ ምዃኑ ኣይፈለጡን እሞ፡ እዚ እንታይ እዩ? ኢሎም ንሓድሕዶም ተሓታተቱ። ሙሴ ኸኣ፡ እዚ እግዚኣብሄር ክትበልዕዎ ዝሃበኩም እንጌራ እዩ።"**

ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ከም ዘንበብናዮ፡ ባህርያት ናይዚ ማና እዚ ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ ነይሩ። ኢድ ሰብ ዘይተሓወሶ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዩ። ነንዕለቱ ጊዚኡ ሓሊኻ ዝውሰድ ብዙሕ ስለ ዝኣከብካ ዝያዳ ዘይተትርፈሉ ስለ ዘንኣስካዮ ዘይውሕደሉ ፍሉይ ምግቢ እዩ። ሰሲያም ከይተገብኦም ሓለፋ እቲ ዝተኣዘዝዎ ንዝወሰዱ ድማ ዝበልዕዎ መግቢ ምሂኑ ተሪፍዎ ዝበልዕ ሓሰኻ ናብ ምኺን ዝልወጥ ዝፈርድ ምግቢ እዩ። እቶም ንክርስቶስ ክብድሁ ዝተላዕሉ ኣይሁድ ነዚ ማና እዚ እዮም ከም መጋበርያ ክጥቀሙሉ ፈቲኖም። ነቲ ኣካልሲ ብጽላሎቱ ጌሮም ክወቕዕዎ ሃቂኖም። ብኣንጻሩ ዘስለጠ ዝፈሸለ ከንቱ ሃቐና!!

***ዮሃ፡6፡30-35*** ፡- “ስለዚ፡ ርኢና ክንኣምነካስ እንታይ ትእምርቲ ትገብር፡ እንታይከ ትገብር ኣሎኻ? ኣቦታትና፡ ከምቲ ኺበልዑ ካብ ሰማይ እንጌራ ሃቦም፡ ዝብል እተጻሕፈ፡ ኣብ በረኻ ማና በልዑ፡ በልዎ። ሽዑ ኢየሱስ፡ እቲ ካብ ሰማይ ዚወርድ ንዓለምውን ህይወት ዚህብ ናይ ኣምላኽ እንጌራ እዩ እሞ፡ ነቲ እንጌራ ሓቂ ካብ ሰማይ ዚህበኩም ኣቦይ እዩ እምበር፡ ነቲ እንጌራ እቲ ካብ ሰማይ ዝሃበኩምሲ ሙሴ ከም ዘይኮነ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም። ሽዑ ንሳቶም፡ ጐይታይ፡ እቲ እንጌራ እቲኸ ኩሉ ሳዕ ሃበና፡ በልዎ። ኢየሱስ በሎም፡ እንጌራ ህየት ኣነ እየ። ናባይ ዚመጽእ ኣይጠምን፡ ብኣይ ዚኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን እዩ።”

***ዮሃ፡6፡48-51*** ፡- “እንጌራ ህይወት እነ እየ። ኣቦታትኩም ኣብ በረኻ ማና በልዑ እሞ ሞቱ። ካብኡ ዚበልዕ ዘበለ ምእንቲ ኸይመውት፡ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዚ እዩ። እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። ካብዚ እንጌራ እዚ ዝበልዔ ዘበለ ንዘለኣለም ኪነብር እዩ። እዚ ኣነ ምእንቲ ህይወት ዓለም ዝህቦ እንጌራ ከኣ ስጋይ እዩ።”

***ማቴ፡26፡26-29*** ፡- “ኪበልዑ ከለው፡ ኢየሱስ እንጌራ ኣልዐለ፡ ባሪኹ ቈረሱ፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ሂብዎም፡ እዚ ስጋይ እዩ፡ ውሰዱ፡ ብልዑ፡ በሎም። ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ ሃቦም፡ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዚፈስስ ዘሎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ፡ ካብዚ ኹልኹም ስተዩ። ድሕሪ ሕጂ ክሳዕ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብታ መንግስቲ ኣቦይ ምሳኻትኩም ሓድሽ ክሳዕ ዝሰትዮ፡ ካብዚ ፍረ ወይኒ እዚ ከቶ ከም ዘይሰቲ፡ እብለኩም ኣሎኹ።”

***1ቈረ፡11፡23-30*** ፡- “ኣነ ካብ ጐይታ እተቐበልክዎ እየ እሞ፡ ንኣኻትኩምውን ዝነገርክዎ፡ ጐይታና ኢየሱስ በታ እተታሕዘላ ለይቲ እንጌራ ኣልዐለ፡ ኣመስጊኑ ቈረሰ እሞ፡ ውሰዱ፡ ብልዑ፡ እዚ ምእንታኹም እተዋህበ ስጋይ እዩ፡ እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ፡ በለ። ከምኡ ከኣ ድህሪ ድራር ነታ ጽዋእ ኣልዐለ እሞ፡ እዛ ጽዋእ እዚኣ ብደመይ ሓድሽ ኪዳን እያ። ብትሰትይዎ መጠን ንመዘከርታይ ግበርዎ፡ በለ። ማለት፡ እዛ እንጌራ እዚኣ ብትበልዕዋ፡ እዛ ጽዋእ እዚኣውን ብትሰትይዎ መጠን፡ ክሳዕ ጐይታ ዚመጽእ፡ ሞቱ ትነግሩ ኢኹም። ስለዚ ኸይተገብአ እዛ እንጌራ እዚኣ ዚበልዕ ወይስ ጽዋእ ጐይታ ዚሰቲ፡ ንሱ ኣብ ናይ ጐይታ ስጋን ደምን እዩ ዚዕግብ። ግናኸ ሰብ ንርእሱ ይመርምር፡ ከምኡ ከኣ ካብዛ እንጌራ እዚኣ ይብላዕ፡ ካብዛ ጽዋእ እዚኣውን ይስተ። እቲ ዚበልዕን ዚሰትን ንስጋ ጐይታ እንተ ዘይለለየ፡ ንርእሱ እዩ ፍርዲ ዚበልዕን ዚሰትን።” በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ኣብ ማእከልኩም ብዙሓት ድኹማትን ሕሙማትን ዘለው፡ ዝደቀሱውን ብዙሓት እዮም።”

ኣብዚ ጥቕስታት እዚ ብንጹር ከም እንርእዮ፡ እቲ ነቲ ኣቦታቶም ዝበልዕዎ ካብ ሰማይ ዝወረደ ማና ዝተክአ፡ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ህይወት ናይቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኢየሱስ

ስጋ እዩ። ነዚ እንጌራ ህይወት እዚ ዝበልዐ ኣይጠምን እዩ። ካብዚ እንጌራ ህይወት (ስጋ ክርስቶስ) እዚ ከይተገብኦ ዝበልዐ ንርእሱ ፍርዲ እዩ ዝበልዕ። እቲ ንህይወት ዝኸውን ስግኡ ነቲ በላዒኡ ዝፈርድ ብልዒ ይኾኖ።

### *4. ተመን ኣስራዚ*

እስራኤላውያን ንእግዚኣብሄር ኣዝዮም ምስ ተፈታተንዎ ዝነድዱ ኣትማን ንኹላቶም ወድኦም። ብድሕርዚ ንሳቶም ናብ እግዚኣብሄር ምስጠርዑ፥ እግዚኣብሄር ድማ ፈውሶም እቲ ዝነኸሶም ዘሎ ተመን ተሰቒሉ ካብ ማእከሎም ምርሓቕ ምኺኑ ስለ ዝፈልጥ ንሙሴ ዝነድድ ተመን ኣስራዚ ሰሪሑ ክሰቕሎ ሓበሮ።

***[ዘሁ፥21፥4-9](#)*** ፥- “ካብ ከረን ሆር ንምድሪ ኤዶም ኪዞሩ ንባሕሪ ኤርትራ ኣቢሎም ተጓዕዙ፥ ነፍሲ እቲ ህዝቢ ከኣ ብመገዲ ዓቕሊ ኣጽበበት። እቲ ህዝቢ ድማ፥ ኣብዚ እንጌራ የልቦን፥ ማይ ድማ የልቦን፥ ነዚ ፈኹሽ እንጌራ ከኣ ነፍስና መንያቶ እያ እሞ፥ ኣብ በረኻ ኽንመውትከ ስለምንታይ ካብ ግብጺ ኣደየብኩምና? ኢሎም ኣብ ኣምላኽን ኣብ ሙሴን ተዛረቡ። እንጌራ ከኣ ዚነዱ ኣትማን ናብ ህዝቢ ሰደደ። ነቲ ህዝቢ ድማ ነኸስዎ፥ ካብ እስራኤል ከኣ ብዙሕ ህዝቢ ሞተ። ሽዑ እቶም ህዝቢ ናብ ሙሴ መጺኦም፥ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄርን ኣብ ልዕሌኻን ብምዝራብን ሓጢኣት ገበርና፥ ነዞም ኣትማን ኬርሕቐልና ንእግዚኣብሄር ለምነልና፥ በሉ። ሙሴ ድማ ምእንቲ እቲ ህዝቢ ለመነ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ፥ ዚነድድ ተመን ንኣኻ ግበር፥ ኣብ ባላ ድማ ስቐሎ። ኪኸውን ከኣ እዩ፥ እተነኽሰ ዘበለ ናብኡ እንተ ጠመተ፥ ኪሓዊ እዩ። ሙሴ ከኣ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ፥ ኣብ ባላውን ሰቐሎ። ኰነ ኸኣ፥ ገለ ተመን ንሰብ እንተ ነኸሰ፥ ናብቲ ተመን ኣስራዚ ምስ ዚጥምት ይሓዊ ነበረ።”

ኣብዚ ታሪኽ እዚ ከም እነስተውዕሎ ነቲ እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ኣኣውሪዱ ከይሓረሱ ከይዘርኡ ከይዓጸዱ ከይሰንከቱ ዝበልዕዎ ተኣምራታዊ መግቢ፥ ከም “ዝምኖ ፈኵስ እንጌራ” ጌሮም ጸረፍዎ። ነቲ ዝበልዕዎ ተኣምራታዊ ብልዒ፥ ነቲ ምስለ'ቲ ዳሕራይ ዝግለጽ እንጌራ ህይወት ምስ ተሓስምዎ፥ እግዚኣብሄር ድማ ንምስሊ ናይቲ ሽኾንኦም ዝበልዐ ድያብሎስ ዝኾነ ተመን ክበልዖም ለኣኸሎም።

ናብ ኣምላኽ ምህረት ምስ ለመንዎ ግን ንተልእኾ ናይ ክርስቶስ ጽላሎት ዝኸውን መምርሒ ንሙሴ ሂብዎ። ነቲ ዝነክስ ተመን ካብ ማእከሎም ኣርሒቑ ኣብ ባላ ክሰቕሎ ኣዘዞ። እቲ ዝሰቕል ሙሴ እዩ። እቲ ዝስቀል ከኣ እቲ ተመን እዩ። ነቲ ዝተሰቕለ ተመን ሙሴ ምስረኣዩ ድማ እዮም ዝፍወሱ። እቲ ቀታሊኦም ተመን ተቐቲሉ ስለ ዝተሰቕለስ ተመሊሱ ፈውሶም ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ዝፍወሱሉ ዘለው ምኽንያት እቲ ቀታሊኦም ተቐቲሉ ካብ ማእከሎም ስለ ዝረሓቐሎም እዩ። ክርስቶስ ዝፈጸሞ ተልእኾ ድማ እዚ እዩ። ንሓጢኣትና ጸይርዎ ኣብ መስቀል ተሰቕለ። ነቲ ሓጢኣት ኣብኡ ሸንኪሩ ድማ ንሱ ወረደ። ነቲ ሓጢኣት ካብ ማእከልና ኣርሒቑ ድማ ካብ ሞት ብዓወት ተንስአ።

***[ዮሃ፥3፥14,15](#)*** ፥- “ብእኡ ዚኣምን ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኪረክብ እምበር፥ ከይጠፍእሲ፥ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ፥ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪስቀል ይግባእ እዩ።”

***ቆሎ፥2፥14,15*** ፡- “ነቲ ብሕጋጋት ዚቃወመናን ዚበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ከኣ፡ ንእኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ካብ ማእከል ኣርሓቖ። ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ፡ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም

1ዮሃ፥3፥5,8 ፡- “ንሱ ንሓጢኣት ኬርሕቖ ኢሉ ከም እተገልጸ፡ ትፈልጡ ኢኹም። ኣብኡውን ሓጢኣት ዚገብር ኣይረኣዮን ኣይፈለጦንውን። ... ዲያብሎስ ካብ መጀመርታ ሓጢኣት ይገብር እዩ እሞ፡ ሓጢኣት ዚገብር ካብ ዲያብሎስ እዩ። ወዲ ኣምላኽ ከኣ ግብሪ ዲያብሎስ ምእንቲ ኺፍርስ ኢሉ እዩ ንዚ እተገልጸ።”

***ዮሃ፥1፥29 ፡-*** “ንጽብሒቱ ዮሃንስ ንኢየሱስ፡ ናብኡ ኺመጽእ ከሎ፡ ረኣዮ እሞ፡ እንሆ፡ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ፡ በለ።”

ሓድሓደ ኣብ ስሕተት እተሰረተ እምነት ዘለዎም ውልቀ ሰባትን እምነታትን እቲ ተመን ንክርስቶስ ከም ዝውክል ስለዚ ከኣ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ሰይጢኑ ከም ዝነበረ ኻብእምኑ ይጽዕ ሩ። ሙሴ “ከምዚ ከማይ ዝበለ ነብዪ” ነቲ ተመን ከምዚ ከማይ ዝስቅል ነብዪ እምበር ክምዚ ተመንዚ ዝበለ ነብዪ ከም ዝመጽእ ኣየበሰረናን። ኣብዚ ታሪኽ እዚ ሙሴ ናይ ክርስቶስ ጽላሎት፡ እቲ ምስቃል ናይቲ ተመን ድማ ናይ ክርስቶስ ተልእኾ ጽላሎት እዩ።

### *5. ገንሸል ፋሲካ*

ህዝቢ እስራኤል ንእግዚኣብሄር ብምስዓብ በኹሪ እዮም። ስለዚ ከኣ እግዚኣብሄር ንህዝቢ እስራኤል ከም በኹሪ ውሳዱ እዩ ዝፈልጦም ( )። ንፈርኦን በኹሪ ወደይ ከገልግለኒ ደኺድ ሕደጎ ኢሉ ብቓልን ብተኣምራትን ነጊርዎ ምስማዕ ምስ ኣበየ፡ ነታ ብበኹራት ኣምላኽ እትጻወት ዘላ ግብጺ፡ ካብ በኹሪ እንስሳ ክሳዕ በኹሪ ሰብ ብምውቃዕ ሕኒኡ ክፈርድን ንፈርኦን ኣስኪሑ ንህዝቡ ከላቕቕን ወሲኑ። እስራኤላውያንን ግብጻውያንን ተሓዋዊሶም ብሓደ ይነብሩ ስለ ዝነበሩ፡ ነቲ ናይ ቁጥዓ መልኣኽ መለለዪኡ ብትውልዲ እብራዊ ምዃን ዘይኮነስ ብተግባር እብራዊ ዝኾኑሉ ስርዓት እዩ ዝነበረ። ንሱ ድማ ናይ ፋሲካ ስርዓት እዩ ዝነበረ።

***ዘጸ፥12፥3-6,46*** ፡- “ንኹሉ ኣኼባ እስራኤል ከምዚ ኢልኩም ተዛረቡ፡ ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ብዓ ስረይቲ መዓልቲ ነፍሲ ወከፍ ንቤት ኣቦ ሓደ ገንሸል፡ ነንቤት ሓደ ገንሸል ይውሰድ። እቶም ስድራ ቤት ንሓደ ገንሸል ይውሰድ። እቶም ስድራ ቤት ንሓደ ገንሸል ዚውሕዱ እንተ ኾኑ፡ ንሱን እቲ ንቤቱ ዝቐረበ ጐረቤቱን ብቑጽሪ ነፍሳት ሓደ ይውሰድ። ነፍሲ ወከፍ ከም ዚበልዕ መጠን ኣብቲ ገንሸል ቍጸሩ። ዓመት ዝገበረ፡ ጐደሎ ዜብሉ ተባዕታይ ገንሸል ይኹነልኩም። ካብ ኣባጊዕ ወይ ካብ ኣጣል ትወስዱ። ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ከኣ ክሳዕ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ሓልውዎ። ሽዑ ኩሉ እቲ እኩብ ማሕበር እስራኤል ኪመሲ ከሎ ይሕረዶ።”

ኣብዚ ታሪኽ እዚ ከም እንዕዘቦ ምሕራድን ምብላዕን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣፈጻጽምኡ ዝምልከት'ውን ፍሉይ ትእዛዝ ነይርዎ እዩ።

1. እቲ ገንሸል ኣበርን ጉድለትን ዘይወጾ ምሉእ ክኸውን ኣለዎ
2. ካብቲ ገንሸል ከይተበልዐ ክተርፍ ዝግባእ ስጋ የለን፡ ስለዚ ብዓቕን ስድራ ቤት እዩ ዝግዛእ
3. ካብ ኣካላቱ ዝኾነ ዓጽሚ ክስበር የብሉን (ዘጉ፥12፥9 መዝ፥34፥20)
4. ካብቲ ገዛ ንደገ ዝኾነ ኣካል ናይቲ ገንሸል ወጺኡ ክብላዕ የብሉን

5. እቲ ዝበልዕ ድማ ሳእኑ ወድዩ በትሩ ኣብ ኢዱ ሒዙ መገዲ ንምኻድ ተዳልዩ ክበልዕ ዘለዎ
6. ብዘይመጸጸ (ብዘይበሾዐ) ቅጫ ምስ ሓምሊ ጌርካ እዩ ክብላዕ ዘለዎ፣

ጽላሎትነት ናይቲ ናይ እስራኤላውያን ገንሸል ፋሲካ፣ ምስ መስዋእትነት ናይ ክርስቶስ ኣነጻጺርና ምስ እንርእዮ ኣዝዩ ንጹር እዩ። ከምታ ናብ ማሕረዲ ዝኽብከብ ገንሸል ኮይኑ ኣፉ ከይከፈተ ብምሉእ ፍቓዱ ከም ዝሰዋእ ነብያት ኣቐዲሞም ተዛሪቦሙሉ። እቲ ገንሸል ገና ስርሑ ከይጀመረ ከሎ ከኣ ዮሃንስ መጥምቕ ሓጢኣት ዓለም ዘርህቕ ገንሸል ምዃኑ መስኪሩሉ። ሃዋርያት ድማ ተሓሪዱ ከም ዘድሓነናን ዝተሻየጠናን፣ ብመስዋእትነቱ ኣብ ልዕሊ ገዛእ እዛ ዓለም እዚኣ ስዒሩ ከም ዝተዓወተ ኣነጺሮም ይገልጹልና እዮም። ገንሸል ፋሲካና ክርስቶስ ባዕሉ ካብ ኮነ ብዘይመጸጸ ማለት ካብ ግብዝናን ሕሰምን ሓራ ወጺእና ብገርህነትን ሓቅን ክንስዕብ ምዒዱና እዩ።

***ኢሳ፣53፣7*** ***፣- መከራ ጸገበ፣ ርእሱ ኣዋረደ ኣፉውን ኣይከፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዚኽብከብ ገንሸል፣ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን።”***

***ዮሃ፣1፣29,36*** ***፣- “ንጽብሒቱ ዮሃንስ ንኢየሱስ፣ ናብኡ ኪመጽእ ከሎ፣ ረኣዮ እሞ፣ እንሆ፣ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ፣ በለ። … ንሱ፣ ንዑ ርኣዩ፣ በሎም። መጺኦም ኣበይ ከም ዝሰፈረ ረኣዩ፣ ኸዑ መዓልቲውን ምስኡ ወዐሉ።”***

***1ጴጥ፣1፣18,19*** ***፣- “ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም እተቐበልኩምዎ ከንቱ ንብረትኩም፣ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዜብሉ ገንሸል፣ ብክቡር ደም ክርቶስ እምበር፣ ብጠፋኢ ነገር፣ ብብሩር ወይስ ወርቂ፣ ከም ዘይደሓንኩም፣ ትፈልጡ ኢኹም።”***

***ራእ፣5፣6*** ***፣- “ኣብ ማእከል እቲ ዝፋንን እቶም ኣርባዕተ እንስሳን ኣብ ማእከል እቶም ሽማግሌታትን ተሓሪዱ ከም ዝነበረ ዚመስል ገንሸል ደው ኢሉ ርኤኹ። ንሱ ሾብዓተ ቐርንን ሾብዓተ ዓይንን ኣለውዎ፣ ንሳቶም ከኣ እቶም ናብ ብዘላ ምድሪ እተላእኩ ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽ እዮም።”***

***ራእ፣13፣8*** ***፣- “እቶም፣ ካብ ምስራት ዓለም ጀሚሩ፣ ስሞም ኣብቲ ናይቲ እተሓርደ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት ዘይተጻሕፈ፣ ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ዅላቶም ኪሰግዱሉ እዮም።”***

***1ቈረ፣5፣7,8*** ***፣- “ገንሸል ፋስጋና፣ ማለት ክርስቶስ፣ ተሰዊኡ እዩ እሞ፣ ከምቲ ዘይምጹጻት ዝኾንኩም፣ ሓድሽ ብሑቕ ኣጽሪኹም ኣውጽእዎ። ስለዚ ብናይ ገርህነትን ሓቅን ብዘይመጸጸ እንጌራ በዓል ነብዕል እምበር፣ በቲ ኣረጊት ማይ ብሑቕ ወይስ ብማይ ብሑቕ እከይን ሕሰምን ኣይኰነን።***

ከምቲ በቲ ጽላሎትን በቲ ትንቢታትን ዝተነግረሉ ዓጽሚ ናይ ክርስቶስ ኣብ ጊዜ ሽቕለቱ ኣይተሰብረን

***ዮሃ፣19፣31-33*** ***፣- “ስለዚ፣ ድሮ ሰንበት ነበረ እሞ፣ እታ ሰንበት እቲኣ ክብርቲ በዓል ዓመት ስለ ዝኾነት፣ እቲ ስጋኦም ኣብ መስቀል ምእንቲ ኸይሓድር፣ መሓኾልቶም ሰሰቢሮም ኬውርድዎም፣ እቶም ኣይሁድ ንጲላጦስ ለመንዎ። ሽዑ እቶም ዓቀይቲ መጺኦም መሓኹልቲ እቲ ቀዳማይን***

ናይቲ ምስኡ እተሰቕለ ካልኣይን ሰበሩ። ናብ ኢየሱስ ምስ መጹ ግና፡ ሽዓ ከም ዝሞተ ርእዮም፡ መሓኸልቱ ኣይሰበርዎን።"

ቅድስቲ ቤተ ክርስትያን ድማ ጽላሎትነት ናይዚ ገንሸል ኣጸቢቓ ስለ ዘስተውዓለት ካብቲ ዝተዳለወ ስጋን ደምን ናይ ጐይታ (ቅዱስ ቊርባን) ተረፍ ኣይትሓድግን እያ። ካብ ቤት እግዚኣብሄር ወጻኢ ድማ ቅዱስ ቊርባን ኣይተዳሉን ኣይትዕድልን ድማ እያ (ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ናይ ሕማም ምኽንያት፡ መጺኡ ክወስድ ዘይክእል ኣካል ናይታ ቤት ኣምላኽ ዝኾነ ሰብ እንተ ዘይሃልዩ ማለት እዩ)።

## *6. ከውሒ ሆሬብ፡-*

ኣብቲ እስራኤላውያን ዝገሸዎ ነዊሕን ከቢድን መገሻ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ዘደንቕ ተኣምራታት ካብ ዝፈጸመሉ ቦታታት ሓደ ከውሒ ሆሬብ፡ እዩ። ጽምኢ እስራኤላውን ኣርውዩ ንምዕዝምዛሞም መወዳእታ ክገብርሉ ምስ ደለየ፡ ንሙሴ ኣነ ኣብ ልዕሊ'ቲ ከውሒ ደው ክብል እየ ንሸኻ ድማ ነቲ ከውሒ ብበትርኻ ውቕዓዮ ኢልዎ። ብድሕርዚ ማይ ካብቲ ከውሒ ወጺኡ ንእስራኤላውያን ኣስተየ።

***ዘጸ፡17፡4-6*** ፡- "ሙሴ ድማ፡ ነዚ ህዝብዚ እንታይ ክገብሮ እየ? ብዓርባ እምኒ ኪቐትሉኒ ቕሩብ ተሪፍዎም ኣሎ፡ ኢሉ ናብ እግዚኣኣብሄር ኣእወየ። እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ናብ ቅድሚ ህዝቢ ሕለፍ እሞ፡ ካብ ዓበይቲ እስራኤል ከኣ ምሳኻ ውሰድ፡ እታ ነቲ ርባ ዝወቓዕካላ በትርኻ ድማ ኣብ ኢድካ ሒዝካ ኺድ። እንሆ፡ ኣነብ ኣብኡ ኣብ ቅድሜኻ ኣብ ልዕሊ ኸውሒ ሆሬብ ደው ክብል እየ። ነቲ ኸውሒ ኸኣ ክትወቕዮ ኢኻ፡ ነቶም ህዝቢ ዜስቲ ማይ ድማ ካብኡ ኺወጽእ እዩ፡ በሎ። ሙሴ ድማ ኣብ ቅድሚ እቶም ዓበይቲ እስራኤል ከምኡ ገበረ።"

***1ቈረ፡10፡3,4*** ፡- "ኵላቶም ከኣ እቲ ሓደ መንፈሳዊ ምግቢ በልዑ፡ ኵላቶምውን እቲ ሓደ መንፈሳዊ መስተ ሰተዩ። ካብቲ ዚስዕቦም ዝነበረ መንፈሳዊ ኸውሒ ሰትዮም እዮም እሞ፡ እቲ ኸውሒ እቲ ከኣ ክርስቶስ እዩ።"

ሃዋርያ ጳውሎስ እቲ ንእስራኤላውያን ዘስተየ ከውሒ ክርስቶስ ምንባሩ ንሰብ ቈረንቶስ ገሊጽሎም። እቲ ከውሒ እቲ ቀንዲ ናይ ጐይታ ናይ መንነቱ ጽላሎት ከም ዝኾነ ዝሕብረና፡

1. እግዚኣብሄር ኣቦ ብኣካሉ ኣብ ልዕሊ እቲ ከውሒ ወሪዱ ደው ምባሉ፡ እዩ። ምኽንያቱ ብበትሪ ሙሴ ኣብ ዝተወቕዐ ዝኾነ ይኹን ነገር ቅድሚ ሕጂ እግዚኣብሄር ኣቦ ኣብ ልዕሊኡ ደው ኣይበለን

2. እቲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡ ዝቖመሉ ከውሒ በታ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝሃቦ በትሪ ምውቅዑ፡ ኢየሱስ ብፍቓድ ሰብ ዘይኮነስ ብፍቓድ ኣምላኽ ክውቃዕ ከም ዝኾነ ዘመልክት ሓቂ እዩ።

***ኢሳ፡53፡4,5 ፡-*** "ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ፡ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዐኖ፡ ንሕና ግና ከም እተወቕዔን ብእግዚኣብሄር ከም እተቐዝፈን ከም እተዋረደን ጌርና ኣቛጸርናዮ። ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዊና።"

3. እቲ ሳልሳይ ድማ እቲ ከውሒ እቲ ዝስዕቦም ከውሒ ምንባሩ እዩ። ጳውሎስ እዚ ዝበለ እቲ ከውሒ ብቐንዱ ተነቒሉ ደድሕሪኦም እናተንከባለለ ይስዕብ ነይሩ ማለቱ ኣይነበረን። እቲ ካብኡ ዝረኸብዎ ማይ ግን ኹሉ ጊዜ ዝስዕብቦምን ዝረኽብዎን ማይ ምንባሩ፡ ብድሕሪኡ ማይ ብምስኣን ከም ዘይተሸገሩ ንምግላጽ ዝበሎ ቃል እዩ። ጐይታ ኢየሱስ'ውን ነቶም ካብቲ ንሱ ዝህቦም ማይ ዝሰትዩ ሰዓብቱ፡ ተመሊሱ ዘየጽምእ ብኣንጻሩ ንዘለኣለም ኣብ ህይወትካ ዝፍልፍል ማይ ህይወት ምንባሩ ዘረጋግጽ ጽላሎት እዩ ነይሩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ነዚ ካብዚ ህያው እምኒ ዝወጽእ ማይ ብመንፈሳዊ ጸጋ ገሊጽዎ ኣሎ።

## *7. መጋረጃ ቤት መቕደስ*

ኣብዚ ዝስዕብ ትቕስታት ከም እንርእዮ፡ እቲ መጋረጃ ቤት መቕደስ ብክልተ ዓይነት ሕብሪ እዩ ዝእለም ንሱ ድማ ቀይሕን ሰማያውን ሕብርታት እዮም። ካብቲ ዝተሰውአ መስዋእቲ ዝፈስስ ደም ናብ ኩሉ ቦታ ክንጸግ ከሎ፡ ናብቲ መጋረጃ ግን ኣይንጸግን እዩ ነይሩ።

***ዘጸ፡26፡31,33,36*** ፡- *"ድማ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ጌርካ፡ መጋረጃ ግበር፡ ምስ ብብልሓት እተገብረ ኪሩቤል ይገበር። ... ነቲ መጋረጃ ከኣ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣቕሑፍ ስቐሎ፡ ነቲ ታቦት ምስክር ድማ ናብ ውሽጢ እቲ ምጋረጃ ኣእትዎ። እቲ መጋረጃ ከኣ ኣብ መንጎ ቅድስትን ቅድስተ ቅዱሳንን ይፍለየልኩም። ... ነቲ ኣፍ ድንኳን ድማ ብሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ብምጥላፍ እተዐየ መጋረጃ ግበሮ።"*

***ዘጸ፡40፡21-28*** ፡- *"ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ነቲ ታቦት ናብ ውሽጢ ማሕደር ኣእተዎ፡ ነቲ ዚጋርድ መጋረጃ ድማ ሰቐሎ እሞ ነቲ ታቦት ምስክር ጋረደሉ። ነቲ ሰደቓ ከኣ ኣብ ድንኳን ምርካብ ብሸነኽ ሰሜን ማሕደር፡ ብወጻኢ እቲመጋረጃ ገበሮ። ነቲ ዚስራዕ እንጌራ ድማ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሰርዖ። ነቲ ቐዋሚ ቀንዴል ድማ ኣብቲ ድንኳን ምርካብ፡ ኣብ መንጽር ሰደቓ ብሸነኽ ደቡብ ማሕደር ኣንበሮ። ነቲ ቕልዓ ቀንዴል ከኣ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብርሆ፡ ነቲ መሰውኢ ወርቂ ድማ ናብ ድንኳን ምርካብ ኣብ ቅድሚ መጋረጃ ኣንበሮ። ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝእዘዞ ድማ፡ ኣብኡ ምኡዝ ዕጣን ዐጠነ። ነቲ መጋረጃ ከኣ ኣብ ኣፍ ደገ እቲ ማሕደር ገበሮ።"*

***2ዜና፡3፡14*** ፡- *"ድማ ካብ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ልሕጺ ኣንጣጢዕን መጋረጃ ገበረ፡ ኪሩቤል ከኣ ገበረሉ።"*

ክርስቶስ ኣብ መስቀል ኣብ ዝሞተላ ህሞት እቲ ካብ ቤት መቕደስ ዝነበረ መጋረጃ ድማ ቀዳዲ ዘይብሉ ካብ ላዕሊ ክሳዕ ታሕቲ ተቐደደ። እዚ ፍጻሜ እዚ ብኣጋጣሚ ዝተጋጠመ ፍጻሜ ዘይኮነስ፡ ብውዱእን ዘለኣላማውን ምኽሪ ብዕላማ ዝተፈጸመ ፍጻሜ እዩ። ጽላሎትነት ናይቲ መጋረጃ ኣብ ግቡእ ጊዜ ብኣካል ዝተፈጸመ እዩ ነይሩ። ከምቲ ጸሓፊ ናብ እብራውያን ገሊጽዎ ዘሎ፡ እቲ መጋረጃ ቤት መቕደስ ጽላሎት ናይ ስጋ ክርስቶስ እዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ እዩ እግዚኣብሄር እቲ መጋረጃ ቤት መቕደስ ብቐይሕን ብሰማያውን ሕብሪ ከም ዝስራሕ ዝገበረ። እቲ ሰማያዊ ሕብሪ ንሰማያዊ መንነቱ፡ እቲ ቀይሕ ሕብሪ ነኢ ካባና ዝለበሶ ስጋን ደምን ነቲ ፍጹም ስብእናኡ ዝውክል እዩ።

***ማቴ፥27፥50-52*** ፥- "ኢየሱስ ከም ብሓድሽ ብዓብዩ ድምጺ ጨርሔ፥ ነፍሱ ድማ ወጸት። እንሆ፥ መጋረጃ ቤተ መቕደስ ካብ ላዕሉ ክሳዕ ታሕቲ ኣብ ክልተ ተተርተረ። ምድሪ ኣንቀጥቀጠት፥ ኣኻውሒ ድማ ተጨዱ። መቓብራትውን ተኸፍቲ፥ ብዙሓት ደቂሶም ዝነበሩ ስጋ ቅዱሳን ተንስኡ።"

***እብ፥10፥19,20*** ፥- "ስለዚ፥ ኣሕዋተየ፥ በቲ መጋረጃ፥ ማለት ብስጋኡ ዝቀደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም ኢየሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዚህልወና፥"

***2ቈረ፥3፥14-16*** ፥- "ግናኸ ኣብቲ ብሉይ ኪዳን ኬንብቡ ከለው፥ እቲ ብክርስቶስ እተቐንጠጠ መጋረጃ ክሳዕ ሎም መዓልቲ ኣይተቐልዐንሎምን እሞ፥ ሓሳቦም ደንዚዙ ኣሎ። ክሳዕ ሎሚ ንሙሴ እናኣንበብዎ፥ እቲ መጋረጃ ኣብ ልቦም ዝርጉሕ ኣሎ። ናብ ጐይታ ምስ ተመልሱ ግና፥ እቲ መጋረጃ ኪቕንጠጥ እዩ።"

### 8. ቤት መቕደስ

እቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ከረን ዘርኣዮ ምስሊ ቤት መቕደስ፥ ከምኡ ዝበለ ተሰሪሑ እስራኤላውያን ተገልጊሎሙሉ። ስለዚ እታ ኣብ ምድሪ ዝነበረት ቤት መቕደስ ምስሊ ናይታ ሰማያዊት እያ። ስለዚ ከኣ ንሙሴ "ከምቲ ኣብቲ ከረን እተራእየካ ምስልታቱ ክትገብሮ ከኣ ጠምቶ" ብምባል ኣጠንቀቖ (ዘጸ፥25፥9,20፥ ግብ፥7፥44)። ቀደሙ'ውን እታ ምድራዊት ብምስልን ጽላሎትን ናይታ ሰማያዊት እዩ ተሰሪሑ። እቲ ምኽንያት ድማ ነቲ ዳሕራይ ክግለጽ ዘለዎ ሰማያውን ብሉጽን ከም ጽላሎት ኮይኑ ምእንቲ ከገልግል እዩ። እቲ ቤት መቕደስ ጽላሎቱ ከም ዝነበረ ድማ ባዕሉ ገሊጹ እዩ። ናይ እብራውያን ጸሓፊ ድማ ጽላሎትነት ናይ ቤት መቕደስ ኣነጺሩ ገሊጹልና እዩ።

***ዮሃ፥2፥18-22*** ፥- "ሽዑ ኣይሁድ፥ እዚ እትገብር ካብ ኰንካስ፥ እንታይ ትእምርቲኸ ኸተርእየና ኢኻ? ኢሎም መለሱሉ። ኢየሱስ ድማ፥ ነዛ ቤተ መቕደስ እዚኣ ኣፍርስዋ፥ ኣነ ከኣ ብሰለስተ መዓልቲ ኽልዕላ እየ፥ ኢሉ መለሰሎም። እቶም ኣይሁድ ከኣ፥ እዛ ቤተ መቕደስ እዚኣ በርብዓን ሹድሽተን ዓመት እያ እተሀንጸት፥ ንስኻዶ ብሰለስተ መዓልቲ ኸተልዕላ ኢኻ? በልዎ። ንሱ ግና ብዛዕባ መቕደስ ስጋኡ እዩ እተዛረበ። ስለዚ ከኣ ካብ ምውታት ምስ ተንስኤ፥ ደቀ መዛሙርቱ እዚ ከም ዝበሎም ዘከሩ፥ በቲ ጽሑፍን በቲ ኢየሱስ ዝበሎ ቓልን ድማ ኣመኑ።"

***እብ፥8፥5-7*** ፥- "እቲኣቶም ናይታ ሰማያዊት ምስልን ጽላሎታን ዜገልግሉ፥ ንሙሴ፥ እቲ ድንኳን ኪገብር ኪደሊ ከሎ፥ ብራእይ ከም እተባህለሉስ፥ ኩሉ ከምታ ኣብ ከረን ዝርኤካያ ምስሊ ክትገብር ኣስተብህል በሎ'

***ራእ፥21፥22*** ፥- "እቲ ኵሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽን እቲ ገንሸልን መቕደስ እዮም እሞ፥ መቕደስ ኣብኣ ኣይርኣኹን።"

### 9. መስዋእቲ ምትዕራቕ

ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝነበሩ ሓሙሽተ ናይ መስዋእቲ ዓይነታት ኩሎም ናይ ክርስቶስ ናይ መስዋእትነቱ ጽላሎት እዮም። ካብኦም ሓደ መስዋእቲ ምትዕራቕ እቲ ሓጢኣተኛ ብሓጢኣቱ

ምኽንያት ዝተፈላለዩ ኣምላኽ ክዕረቕ ምስ ዝደሊ ዝፍጽሞ መስዋእቲ ምትዕራቕ ዝበሃል መስዋእቲ ኣሎ።

***ዘሌ፥16፥11-12*** ፡- *"ኣሮን ከኣ ነቲ ንርእሱ ዚኸውን ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣት የቕርቦ፥ ንርእሱን ንቤቱን ድማ የተዐርቕ፥ ነቲ ንርእሱ ዚኸውን ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣት ከኣ ይሕረዶ። ካብቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘሎ መሰውኢ ጽንሃህ ምሉእ ጓህሪ ይውሰድ፥ ካብቲ እተጐድኤ ምኡዝ ዕጣን ከኣ ምሉእ ሕፍኑ ወሲዱ ናብ ውሽጢ መጋረጃ የእትዎ።"*

እዚ ናይ ምትዕራቕ መስዋእቲ ናይቲ ብክርስቶስ ኣቢሉ ምስ ኣቦ ዝተፈጸመ ዕርቂ ጽላሎት እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን፥ ነፍሲ ወከፍ ሓጢኣት ኣብ ዝፈጸምካሉ እዋን ከምኡ ዝበለ መስዋእቲ እናደጋገምካ ይንበር ነይሩ። እቲ ብመስዋእቲ ክርስቶስ ዝተፈጸመ ዕርቂ ግን ሓንሳእ ንሓዋሩ ንዘለኣለም ዝኸውን ክድገም ዘየድልዮ ወትሩ ህያው ኮይኑ ዝነብር መስዋእቲ ዕርቂ እዩ።

***እብ፥2፥17*** ፡- *"ስለዚ ነቲ ሓጢኣት ህዝቢ ምእንቲ ኸተዐርቕ፥ ብናይ ኣምላኽ ዘበለ ደንጋጽን እሙንን ሊቀ ካህናት ምእንቲ ኪኸውን ብኩሉ ነቶም ኣሕዋቱ ኺመስሎም ተገብኦ።"*

***ቈሎ፥1፥20-22*** ፡- *"ብእኡ ብደም መስቀል ገይሩ ሰላም ምስ ገበረ ከኣ፥*
***ሮሜ፥5፥11*** ፡-
***2ቈረ፥5፥18*** ፡-
***ኤፌ፥2፥16*** ፡-

***10. መስዋእቲ ምሕራር***

መስዋእቲ ምሕራር ድማ ገለ ክፋል ናይቲ መስዋእቲ ካብ ሰፈር ወጻኢ ይሓርር ነበረ። እቲ ደም ናይቲ መስዋእቲ ንምትዕራቕ ድሕሪ ምንጻጉ እቲ ቆርበትን ስጋን ፈርስን ናብ ሓመኹስቲ ክሳዕ ዝቕየር ይሓርር ነበረ።

***ዘሌ፥4፥12*** ፡- *"እቲ ዝራብዕ ብምሉኡ ካብ ሰፈር ናብ ጽርይቲ ቦታ፥ ናብታ ሓመኹስቲ ዚጐሐፉ የምጽኣዮ። ኣብ ልዕሊ ዕጨይቲ ገይሩ ብሓዊ የሕርሮ። ኣብታ ሓመኹስቲ ዚጐሐፉ ይሕረር።"*

***ዘሌ፥16፥27*** ፡- *"ነቲ ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣትን ነቲ ድቤላ መስዋእቲ ሓጢኣትን፥ ደሞም ንምትዕራቕ ናብ መቕደስ ዝኣተወ፥ ናብ ወጻኢ ሰፈር የውጽእዎም፥ ቈርበቶምን ስጋኦምን ፈርሶምን ከኣ ብሓዊ የንድድዎ።"*

ናይ እብራውያን ጸሓፊ እቲ ክርስቶስ ካብ ከተማ ወጻኢ ኣብ ኣፍ ከተማ ወጺኡ ዝረኸቦ ከም መከራ መስዋእቲ ምሕራር ምዃኑ ኣብሪሁልና። እቶም እንስሳታት ብሉይ ኪዳን ብሓዊ እዮም ዝሓርሩ ዝነበሩ። ክርስቶስ ግን ብብዝሒ መከራ እዩ ከም መስዋእቲ ዝሓረረ። ነብዪ ኢሳይያስ መከራ ከም ሓመኹሽቲ ክሕምሽሽ ከም ዝኽእል ክነግረና ከሎ፥ ሃዋርያ ጴጥሮስውን ነቲ ዝወርዶም ዝነበረ መከራ ከም ዋዒ ሓዊ ጌሩ ገሊጽዎ ኣሎ።

***እብ፥13፥10-12*** ፡- *"እቲ ብሊቀ ካህናት ስለ ሓጢኣት ኣብ መቕደስ ዚኣቱ ዝነበረ ደም እንስሳታት፥ እቲ ስጋታተን ኣብ ወጻኢ ሰፈር ይሓርር ነበረ እሞ፥ ንሕናስ እቶም ነቲ ድንኳን*

ዜገልግሉ ካብኡ ኺበልዑ መሰል ዜብሎም መሰውኢ ኣሎና። ስለዚ ኢየሱስ ከኣ፡ ብደሙ ንህዝቢ ምእንቲ ኪቕድስ ኢሉ፡ ኣብ ወጻኢ ኣፍ ከተማ መከራ ጸገበ።"

***ኢሳ፡53፡10*** ፡- "እግዚኣብሄር ግና ብመከራ ኺሕምሽሾ ፈተወ። ነፍሱ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ምስ ወፈየ፡ ዘርኢ ኺርኢ፡ መዓልትታቱ ኬንውሕ እዩ፡ ፍቓድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ኢዱ ኺሰልጥ እዩ።"

***1ጴጥ፡4፡12*** ፡- "ኣቱም ፍቁራተይ፡ በቲ ንምፍታን ዚረኽበኩም ዘሎ ዋዒ ሓዊ፡ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓኩም ኴንኩም፡ ኣይትገረሙ።"

## *11. መስዋእቲ ሓጢኣት*

ንመስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ሓደ ጕደሎ ዘይብሉ ዝራብዕ መስዋእቲ ይስዋእ እሞ ነቲ ሓጢኣት ዘድሊ ዋጋ ይከፈል እቲ በዓሊ ድማ ካብ ኣበስኡ ይነጽህ ነበረ

***ዘሌ፡4፡27-31*** ፡- "ካብ ህዝቢ እታ ሃገር ሓንቲ ነፍሲ፡ ከይፈለጠት ካብቲ እግዚኣብሄር፡ ኣይትግበርዎ፡ ኢሉ ዝኣዘዞ ሓደ ብምግባራ በዲላ እንተ ሓጥኤት፡ እቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ እንተ ተፈለጦ፡ ስለ እቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ መስዋእቱ ጕደሎ ዜብላ ኣንስተይቲ ጤል የምጽእ። ኢዱ ድማ ኣብ ልዕሊ ርእሲ እታ መስዋእቲ ሓጢኣት የንብር፡ ነታ መስዋእቲ ሓጢኣት ኣብ ቦታ እቲ ዚሓርር መስዋእቲ ይሕረዳ። እቲ ካህን ድማ ካብደማ በጻብዑ ወሲዱ፡ ኣብ ልዕሊ ቐርኒ መሰውኢ ምሕራር ይግበር፡ ኹሉ እቲ ደም ከኣ ኣብ እግሪ መሰውኢ ይኽዕዎ። ከምቲ ካብ መስዋእቲ ምስጋና ዚፍለ ስብሒ፡ ንኹሉ እቲ ስብሒ ይፍለ፡ እቲ ካህን ድማ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ኣብ መሰውኢ የሕርር። እቲ ካህን ድማ የተዐርቆ፡ ይሕደገሉ ከኣ።"

ናይዚ መስዋእቲ ሓጢኣት እዚ ተኪኡ ዝተሰውአ ከኣ ክርስቶስ እዩ ነዚ ድማ ነብያትን ሃዋርያትን ከም ዝግባእ ገሊጾምዎ ኣለው።

***ኢሳ፡53፡10*** ፡- "እግዚኣብሄር ግና ብመከራ ኺሕምሽሾ ፈተወ። ነፍሱ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ምስ ወፈየ፡ ዘርኢ ኺርኢ፡ መዓልትታቱ ኬንውሕ እዩ፡ ፍቓድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ኢዱ ኺሰልጥ እዩ።"

***እብ፡10፡12-14,18*** ፡- "ክርስቶስ ግና ንሱም ዚቕደሱ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጸሞም እሞ፡ ንሱ ንሓዋሩ እትኸውን ሓንቲ መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት ምስ ኣቕረበ፡ ጸላእቱ መርገጽ እግሩ ኽሳዕ ዚኾኑ እናተጸበየ፡ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐመጠ። ... እምብኣርሲ ኣብቲ ናይ እዚ ይቕሬታ እዚ ዘለዎስ፡ ደጊም መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት ኣየድልን እዩ።"

## *12. ምልባስ ኣዳምን ሄዋንን*

ኣዳምን ሄዋንን ሓጢኣት ምስ ፈጸሙ ጥራዮም ከም ዝኾኑ ተፈለጦም። ቅድሚ ሓጢኣት ምፍጻሞም ዋላኳ ጥርሓም እንተ ነበሩ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ተሸፊኖም ስለ ዝነበሩ ጥርሓም ምንባሮም ኣይፍለጦምን (ኣየስተውዕሉሉን) ነበሩ። ሓጢኣት ምስ ለበሱ ግን እቲ ለቢሶምዎ ዝነበሩ ጸጋ ተገፍፈ። ናይ ስጋ ክዳን ስለ ዘይነበሮም ኣይኮኑን ጥራዮም ምዃኖም ዝተፈለጦም፡ እቲ መንፈሳዊ

ልብሶም ስለ ዝተገፍፈ እዩ። ነዚ መንፈሳዊ ልብሲ ነቺኡ ብዝረግፍ ቆጽሊ እኳ እንተ ተክእዎ ክሽድኖም ግን ኣይከኣለን።

ስለዚ ባዕሎም ነቲ ነውሮም ክሽድንዎ ስለ ዘይከኣሉ እግዚኣብሄር ባዕሉ ከደኖም። እቲ ዝሸደኖም ክዳን ከኣ ደበሎ (ካብ ቆርበት እንስሳ ዝኾነ ክዳን) እዩ። ስለዚ እቲ ክዳን እቲ ኻኽርከብ ሓደ ዝተሰውአ እንስሳ ከም ዘሎ የርእየና ኣዳም ነዚ ክዳን እዚ ኣብ ዝተኸድነሉ እዋን ንሰበይቱ ኣደ ኩሎምም ህያዋን ብምባል ሄዋን ኢሉ ሰመያ። ገና እቲ መርገም ተነጊሩ ከይተወድአ ሄዋን ናብ ኣደ ህያዋን እትቕየረሉ ምኽንያት ተስፋ ዝህብ መስዋእቲ ስለ ዝተፈጸመ ጥራሕ እዩ።

***ዘፍ፡3፡19-21*** ፡- *"ናብታ እተፈጠርካላ ምድሪ ክሳዕ እትምለስ፡ እንጌራ ብረሃጽ ገጽካ ኽትበልዕ ኢኻ። መሬት ኢኻ እሞ፡ ናብ መሬት ድማ ትምለስ፡ በሎ። እቲ ሰባይ ድማ ንሰበይቱ፡ ኣደ ኵሉ ህያው ኰይና እያ እሞ፡ ሄዋን ኢሉ ሰመያ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳምን ንሰበይቱን ደበሎ ገይሩ ኸደኖም።"*

እዚ ምልባስ እዚ ናይ ምድሓን ልብሲ ምዃኑ፡ ብፍላይ ኣብ ዘመን ሓድሽ ኪዳን ክርስትያናት እቲ ብጽላሎት ደበሎ ዝተገልጸ ክርስቶስ ክለብሱ ምዃኖም ዝገልጽ እዩ።
***እዮ፡29፡14*** ፡- *"ንጽድቂ ለቢሰያ፡ ንሳውን ለቢሳትኒ። ፍትሐይ ከም ባርኖስን ዘውድን ነበረት።"*

***ኢሳ፡61፡10*** ፡- *"ከምቲ ኣኽሊል ኣብ ርእሱ ዝደፍኤ መርዓዊ፡ ከምታ ብስልማት እተሰለመት መርዓት፡ እግዚኣብሄር ልብሲ ምድሓን ኣልቢሱኒ፡ ብመርግፍ ጽድቂውን ኣጐልቢቡኒ እዩ እሞ፡ ብእግዚኣብሄር ኣዝየ እሕጐስ፡ ነፍሰይ ብኣምላኸይ ባህ ይብላ ኣሎ።"*

***ሮሜ፡13፡14*** ፡- *"ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ደኣ ልበስዎ እምበር፡ ነቲ ሓልዮት ስጋስ መለዓዐሊ ትምኒት ኣይትግበርዎ።"*

***ገላ፡3፡27*** ፡- *"ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስኩምዎ እሞ፡ ብእምነት ብኢየሱስ ክርስቶስ ኵላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም።"*

***13. ዘጸኣት***

ምውጻእ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ናይቲ ብክርስቶስ ዝፍጸም ናይ ድሕነት ስራሕ ጽላሎት እዩ። ከምቲ ካብ ባርነት ግብጺ ባሕሪ ኤርትራ ብምስጋር ናብ ናይ ከንኣን ዕረፍቲ ዝኣተው፡ ኣመንቲ ክርስቶስ ድማ ካብ ባርነት ሓጢኣት ብማይ ብጥምቀት ተሳጊሮም ናብ ዕረፍቲ ወዲ ኣምላኽ ይኣትው። እቲ ታሪኽን መግለጺኡን ኣብዚ ዝስዕብ ሰፋሕቲ ጽሑፋት ምንባብ ይከኣል (ዘጸ፡12-14፣ 1ቈረ፡10፡1-11 እብ፡3፡7-19፣ ይሁ፡5)። እቲ ክርስቶስ ካብ ባርነት ናብ ሓርነት ወዲ ኣምላኽ ዝገበሮ ምስጋር ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ወንጌል ተጠቒሱ ኣሎ። ካብ ግብጺ ቅድሚ ምውጽኦም 400 ዓመት ኣብ ባርነት ከም ዝነበሩ፡ ክርስቶስ ቅድሚ ምምጽኡ ድማ ን400 ዓመት ዝኣክል ብዘይ እግዚኣብሄር ዘሕለፍዎ ዓመታት ነበረ (ካብ ሚልክያስ ክሳብ ክርስቶስ)።

***1ጴጥ፡2፡9,10*** ፡- *"ንሸኻትኹም ግና ደግነት እቲ ካብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃኑ ዝጸውዓኩም ምእንቲ ኽትነግሩ፡ ሕሩይ ወለዶ፡ ናብ መንግስቲ ክህነት፡ ቅዱስ ህዝቢ፡ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ህዝቢ ኢኹም። ንሸኻትኩም ቀደም ህዝቢ ዘይነበርኩም፡ ሕጂ ግና ህዝቢ ኣምላኽ ኢኹም፡ ዘይተመሓረኩም ዝነበርኩም፡ ሕጂ ግና ምሑራት ኢኹም።"*

***ሮሜ፥6፥17,18*** ፡- ፥ቀደም ባሮት ሓጢኣት ኔርኩምሲ፥ ካብ ሓጢኣት ሓራ ምስ ወጻእኩም፥ ንጽድቂ ተገዛእኩም፥ ነቲ እተወሃብኩምዎ ምሳሌ ምህሮ ካብ ልቢ ስለ እተኣዘዝኩም ግና፥ ንኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ።"

***ሮሜ፥8፥2,3*** ፡- "እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዘሎ ሕጊ መንፈስ ህይወት ካብቲ ሕጊ ሓጢኣትን ሞትን ሓራ ኣውጺኡኒ እዩ እሞ፥ ብሕጊ፥ ብስጋ ስለ ዝደኸመ፥ ኪገብሮ ዘይኮነሉስ፥ ኣምላኽ ንወዱ ብምስሊ ሓጢኣተኛ ስጋን ከም መስዋእቲ ሓጢኣትን ልኢኹ፥ ነቲ ሓጢኣት ብስጋ ኰነኖ።"

***ገላ፥5፥1*** ፡- "ሓራ ምእንቲ ኽንከውንሲ፥ ክርስቶስ ሓርነት ኣውጺኡና እዩ። ስለዚ ጽንዑ፥ ከም ብሓድሽውን በርዑት ባርነት ኣይትቈረኑ።"

***ገላ፥4፥4,5*** ፡- "ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፥ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ፥ ተሻዪጡ ምእንቲ ኼውጽኦም፥ ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ኽንረክብሲ፥ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኾ።"

***ዮሃ፥8፥34-36*** ፡- "ኢየሱስ መለሰሎም፥ ብሓቂ፥ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፥ ሓጢኣት ዚገብር ዘበለ፥ ንሱ ባርያ ሓጢኣት እዩ። ባርያ ከኣ ኣብ ቤት ንኹሉ ጊዜ ኣይነብርን፥ ውሉድ ግና ንኹሉ ጊዜ ይነብር እዩ። ስለዚ ወዲ ሓራ እንተ ኣውጽኣኩም፥ ብሓቂ ውጹኣት ሓራ ኽትኮኑ ኢኹም።"

### *14. ኣዳም*

ኣዳም ገና ናብ ሓጢኣት ከይወደቐ ከሎ ኣትሒዙ ምስሊ ናይቲ ዝመጽእ ክርስቶስ እዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ ክርስቶስ ካልኣይ ወይ ዳሕረዋይ ኣዳም እናተባህለ ይግለጽ ነይሩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ መንገ እቲ ቀዳማይን ካላይን ኣዳም ዘሎ ምምስሳልን ምንጽጻርን ኣነጺሩ ገሊጽዎ ኣሎ።

***ሮሜ፥5፥14*** ፡- "ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ ሙሴ ኣብቶም ማዕረ እቲ ኣበሳ ኣዳም ሓጢኣት ዘይገበሩውን ሰልጠነ፥ ኣዳም ከኣ ምስሊ እቲ ዚመጽእ እዩ።"

***1ቈረ፥15፥45-49*** ፡- "ዎ ሞት፥ ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ፥ ኣታ ሲኦልከ፥ ኣበይ ኣሎ ዓወትካ? ብልሒ ሞት ሓጢኣት እዩ፥ ሓይሊ ሓጢኣትውን ሕጊ እዩ። ግናኸ ነቲ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዓወት ዚህበና ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ። ስለዚ፥ ፍቁራት ኣሕዋተየ፥ ጻዕርኹም ብጐይታ ከንቱ ከም ዘይኮነ ፈሊጥኩም፥ ብዕዮ ጐይታ ጽኑዓት፥ ዘይትናቓነቑ፥ ኩሉ ጊዜ ዕዙዛት ኩኑ።"

### *15. ኣቤል*

ኣቤል ንጹህ መስዋእቲ ንእግዚኣብሄር ስለ ዘቕረበ ጥራሕ ብቕንኢ ናይቲ ዘይንጹህ ቃኤል ዝተቐትለ። ናይቲ ዝፈሰሰ ደሙ ድምጺ ድማ ናብ እግዚኣብሄር በጽሐ። ስለዚ ደም ኣቤል ዝዛረብ ደም ከም ዝነበረ ኢና እንርዳእ። ናይ እብራውያን ጸሓፊ፥ ገና ብምውቱ ከሎ ብደሙ ጌሩ ይዛረብ ከም ዘሎ ጌሩ ገሊጹልና ኣሎ። ሕጂኸ ብዛዕባ መን ይዛረብ ኣሎ ማለት እዩ? እቲ ብዛዕባ ቃኤል ዝተዛረቦ ካብ እግዚኣብሄር ግቡእ ፍርዱ ተቐቢሉስ ጻሪፉ እዩ። እቲ

**ሕጂ ዝዛረቦ ዘሎ፡ ብዛዕባቲ ካብ ደም ኣቤል ዝሓሸ ዝዛረብ ደም ክርስቶስ ከም ጽላሎት ኮይኑ ዘገልግሎ ዘሎ እዩ። ናይ ደም ኣቤል ጽላሎትነት ድማ ዘየቋርጽን ሕጂውን ዝዛረብ ዘሎ እዩ።**

***<u>ዘፍ፡4፡8-10</u>* ፡- “ቃየል ድማ ንሓዉ ኣቤል ተዛረበ። ኰነ ከኣ፡ ኣብ መሮር ከለዉ፡ ቃየል ንሓው ኣቤል ተንስኣ፡ ቀተሎ ድማ። እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል፡ ኣቤል ሓውካ፡ ኣበይ ኣሎ? በሎ። ንሱ ድማ፡ ኣይፈልጥን፡ ኣነዶ ሓላው ሓወይ እየ? በለ። ንሱ ከኣ፡ እንታይ ጌርካ ኢኻ? ድምጺ ደም ሓውካ ካብ ምድሪ ናባይ ይጠርዕ ኣሎ።”**

***<u>እብ፡11፡4</u>* ፡- “ኣቤል ካብ መስዋእቲ ቃየል ዚበልጽ መስዋእቲ ንኣምላኽ ብእምነት ኣቕረበ። ኣምላኽ ብናይ መባኡ ኺምስክረሉ ከሎ፡ ጻድቕ ምዃኑ ብእኣ ተመስከረሉ፡ ብምውቱ ከኣ ገና ብእኣ ገይሩ ይዛረብ ኣሎ።”**

***<u>እብ፡12፡24</u>* ፡- “ናብ ኢየሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳንን ናብቲ ካብ ደም ኣቤል ዝሔሾ ዚዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣሎኹም።”**

***16. ኖህ***

**ኖህ ኣብቲ ህዝቢ ካብ ኣምላኽ ዝረሓቐሉ ዘመን ዝተገልጸ ናይ ኣምላኽ ሰብ እዩ ነይሩ። በቲ ኣበርን ነቐፋን ዘይብሉ ሰብ ብምዃኑ ናይ ክርስቶስ ምሳሌ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ ንምድሓን ህዝቢ እትኸውን መርከብ ብምድላው ነቶም ህዝቢ ክድሕኑ ከም ሰባኽ ጽድቂ ኮይኑ ኣገልገለ። ክርስቶስ ድማ ህዝቡ ዝድሕነሉ መርከብ (እምነት) ብምድማኣው ንዓለም ምድሓን ሰበኸላ። እቲ ማይ ኣይሂ እቶም ዘይኣመኑ ዝጠፍኡሉ፡ እቶም ዝኣመኑ ዝድሕኑሉ ናይ ጥምቀት ምሳሌ ኮይኑ ከም ዘገልገላ ይነግረና። ስለዚ ኖህ እንታ ዘይብሉ ህይወት ብምንባርን ህዝቡ ዝድሕነላ ናይ እምነት መርከብ ብምድላውን ናይ ክርስቶስ ጽላሎት ኮይኑ ኣገልጊሉ።**

***<u>ዘፍ፡6፡9</u>* ፡- ”ወለዶ ኖህ እዚ እዩ፡ ኖህ ኣብቶም ወለዶታቱ ጻድቕን እንታ ዜብሉን ሰብኣይ ነበረ። ኖህ ምስ ኣምላኽ ተማላለሰ።”**

***<u>ዘፍ፡7፡13</u>* ፡- “ኣምላኽ ከኣ ንኖህ በሎ፡ ብሰሮም ምድሪ ዓመጻ መሊኣ እያ እሞ፡ መወዳእታ ዅሉ ስጋ ኣብ ቅድመይ በጽሔ። እንሆ ድማ፡ ኣነ ምስታ ምድሪ ኸጥፍኦም እየ።”**

***<u>1ጴጥ፡3፡20,21</u>* ፡- “ትዕግስቲ ኣምላኽ ብመዓልትታት ኖህ ምስ ተጸበየት፡ እታ መርከብ ክትስራሕ ከላ፡ ብእኣ ሒደት፡ ማለት ሸሞንተ ነፍሲ፡ ብማይ ዝደሓናላ፡ ነቶም ቀደም ዘይኣመኑ ሰበኸሎም። እቲ ማይ ድማ ሕጂ ብተምሳሉ፡ ማለት ጥምቀት፡ የድሕነኩም ኣሎ፡ እዚ ኸኣ ብትንሳኤ ኢየሱስ ክርስቶስ ልማኖ ሰናይ ሕሊና ናብ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ምሕጻብ ርስሓት ስጋ ኣይኮነን።”**

***<u>እብ፡7፡26</u>* ፡- “ከምዚ ዘመሰለ ክፍኣትን ርኽሰትን ዜብሉ፡ ካብ ሓጥኣን እተፈልየ፡ ካብ ሰማያት ከኣ ልዕል ዝበለ ቅዱስ ሊቀ ካህናት ኣድለየና።”**

***<u>1ጴጥ፡1፡19</u>* ፡- “ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም እተቐበልኩምዎ ከንቱ ንብረትኩም፡ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዜብሉ ገንሸል፡ ብክቡር ደም ክርስቶስ እምበር፡ ብጣፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይስ ወርቂ፡ ከም ዘይደሓንኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም።”**

### *17. ይስሃቅ*

ኣብርሃም ኣብ ምድሪ ሞርያ ኣብ ዘሎ ከረን ነቲ ሓደ ዘፍቅሮ ወዱ ንይስሃቅ ክስውኦ ምኺኑ ሓደ ካብቲ ዓብይ ምስ ክርስቶስ ዘለዎም ምምስሳል እዩ። ብድሕሪኡ ናብቲ ከረን ነቲ ዝነድደሉ ዕንጸይቲ ተሰኪሙ ናብቲ ከረን ምድያቡ ምስቲ ጐይታ ነቲ ዝስቀለሉ መስቀል (ንጨይቲ) ተሰኪሙ ምድያቡ የመሳስሎም። ይስሃቅ ክውለድ ከሎ ኣብርሃም ወዲ ሚእቲ ዓመት ነይሩ። ይስሃቅ ነዊሕ መንገዲ ከይዱ ብድሕሪኡ ኣእዱግ ተሰኪመንኦ ዝመጻ ዕንጸይቲ ተሰኪሙ ክድይብ ዝኽእል በጽሒ ናብ ምኺን ክዓቢ ከሎ ኣብርሃም ወዲ 120-130 ኣቢሉ ኮይኑ ከም ዘሎ ምግማት ኣየጸግምን እዩ። ስለዚ ይስሃቅ ብፍታው ህይወቱ ንመስዋእትነት ኣሕሊፉ እንተዘይሂቡ፥ ብጉልበት ናይቲ ዝኣረገ ኣብርሃም፥ እቲ ብጽሒ ይስሃቅ ተኣሲሩ ኣብ ልዕሊ እቲ መሰውኢ ክዓሎ ኣይሕሰብን እዩ። ስለዚ ይስሃቅ ብመሰረት ፍቓድ ኣቡኡ ንህይወቱ መስዋእትነት ኣሕሊፉ ምሃቡ ናይ ክርስቶስ ብሉጽ ኣብነት እዩ።

***ዘፍ፥22፥1,2*** ፥- “ድሕርዚ ነገርዚ ከኣኣ ኰነ፥ ኣምላኽ ንኣብርሃም መከሮ በሎውን፥ ኣብርሃም። ንሱ ከኣ፥ እኔኹ፥ በሎ። እምበኣር ነቲ እትፈትዎ ሓደ ወድኻ ይስሃቅ ውሰድ እሞ፥ ናብ ምድሪ ሞርያ ኺድ፥ ኣባኣ ድማ ኣብ ሓደ ካብቲ ኣነ ዝነግረካ ኣኽራን ንዚሓርር መስዋእቲ ሰውኣዮ፥ በለ።”

***ኢሳ፥53፥7,8,12*** ፥- “መከራ ጸገበ፥ ርእሱ ኣዋረደ ኣፉውን ኣይከፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዚኸብከብ ገንሸል፥ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን። ካብ ጥቕዓትን ፍርድን ተወስደ፥ ካብ ምድሪ ህያዋን ከም እተቘርጸ፥ ካብቶም ወለዶኡ መን ሓሰቦ? ብምኽንያት ገበን ህዝበይ ተቐዝፈ። ... ነፍሱ ንሞት ስለ ዝወፈየ፥ ምስ በደለኛታት ከኣ ስለ እተቘጽረ፥ ስለዚ ግዲኡ ምስ ዓበይቲ ኽመቕሎ እየ፥ ምርኮውን ምስ ሓላያት ኪመቅል እዩ። ግናኸ ሓጢኣት ብዙሓት ጾረ፥ ምእንቲ በደለኛታት ከኣ ለመነ።”

***ማቴ፥26፥53*** ፥- “ነቦይ ምልማኑ ዘይከኣለኒ፥ ንሱ ከኣ ካብ ዓሰርተው ክልተ ለጌዎን ዚበዝሑ መላእኽቲ ሕጂ ኺሰደለይ ዘይኽእልዶ ይመስለካ ኣሎ?”

***ዮሃ፥10፥18*** ፥- “ባዕለይ እየ በኛ ዘሕልፋ እምበር፥ ካባይ ዚወስዳ የልቦን። በኛ ኽሕልፋ ስልጣን ኣሎኒ፥ መሊሰ ክወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ። ነዛ ትእዛዝ እዚኣ ካብ ኣቦይ እየ እተቐበልክዋ።”

### *18. ዮሴፍ*

ዮሴፍ ብዕድሚኡ ካብ ደቂ ያእቆብ እቲ ዝነኣሰ፥ ብህይወቱን ኣካይድኡን ግን እቲ ዝዓበየ እዩ ነይሩ። ዮሴፍ ኣብ ብሉይ ኪዳን ከም ጽላሎት ናይ ክርስቶስ ኮይኑ ዘገልገለ ቅዱስ ሰብ እዩ ነይሩ።

1. እታ ቀንዲ ንክርስቶስ ዝመስለላ ነጥቢ ባሕዋቱ ናብ ካልኦት ብሰላሳ ቅርሺ ዝተሸጠ ምኺኑ እዩ። ክርስቶስ'ውን እንተ ኾነ በቲ ወደ መዝሙሩ ዝኾነ ይሁዳን እዩ ብሰላሳ ቅርሺ ናብቶም ጸላእቱ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ዝተሸጠ። እቶም እስራኤላውያን ኣሕዋቱ ድማ ናብ ሮማውያን ኣሕሊፎም ንመስቀል ሂቦምዎ።

2. እቲ ካልኣይ ነጥቢ ድማ ነቶም ዝሸጥዎን ዝሰቐልዎን ኣሕዋቱ ዝነበሮ ክቱር ፍቕርን ይቕሬታን እዩ። ንሳቶም ንገዛእ ርእሶም ይቕረ ምባል ኣብ ዝሰኣኑሉ እኳ፥ ንሱ ብዘደንቕ

*ሕድገት ንነፍሶም ከጸናንዕ ተራእዩ። ክርስቶስ ድማ ካብቲ ነቶም ሰቐልቱ ዝነበሮ ክቱር ፍቕሪ ዝተላዕለ ምእንቲ እቶም በደለኛታት ክልምንን ዘደንቕ ምሕረት ክገብርን ተራእዩ።*

3. *እቲ ሳልሳይ ዝመሳሰለሉ ነጥቢ ድማ ብኹርናኦም እዩ። ክርስቶስ ብኹሉ ነገሩ በኹሪ እዩ። ብህልውናኡ ብባህሪኡ፣ ብትንሳኤኡ ብኹሉ ነገሩ በኹሪ እዩ። ዮሴፍ ድማ ናይቲ ገዛ እንተ ነበረ። በቲ ዝነበሮ ሓላፍነታዊ ህይወት ከም በኹሪ እስራኤል እዩ ተሰዪሙ። እቲ በዅሪ ሮቤል ናይ ብዅርና ሃላፍነቱ ኣሕሊፉ ምስ ሃበ። ባንጻሩ ከኣ እቲ ንእሽቶ ዮሴፍ ናይ ምሉእ ስድራ ቤት ሓላፍነት ወሲዱ ምስ ኣገልገለ ብዅርና ሮቤል ንዮሴፍ እዩ ተዋሂብዎ። ስለዚ ዮሴፍ በቲ ሃላፍነታዊ ብዅርናኡ፣ ጽላሎት ናይ ክርስቶስ ኮይኑ ኣገልጊሉ እዩ።*

*19. ሙሴ*

*ሙሴ፣ "ከምዚ ከማይ ዝበለ ነብዪ" ኢሉ ባዕሉ ክሳዕ ዝንበየሉ ክሳዕ ክንድዚ ንክርስቶስ ዝመስለን ጽላሎት ኮይኑ ዘገልገለን ባርያ እግዚኣብሄር እዩ ነይሩ። እቲ ምምሳሉ ምሉእ ታሪኽ ህይወቱ እኳ ክበሃል ዝከኣል እንተ ኾነ፣ ነዘን ዝስዕባ ኩነታት እንተጠቐስና ኣኻሊ እዩ።*

1. *ክልቲኦም ንህዝቡ ን400 ሚእቲ ዓመታት ዝኣክል ኣብ ዝሓደጎም ኣብቲ ናይ መወዳእታ ኣቢሎም ዝተወልዱ ምዃኖም*
2. *ፈርኦን ንሙሴ ምእንቲ ክረክብ ንእብራውያን ህጻናት፣ ሄሮድስውን ንኢየሱስ ምእንቲ ክረክብ ንእብራውያን ህጻናት ምቕታሉ*

4. *ክርስቶስ ናይ መን ስጋ እዩ ለቢሱ*

*እዚ ሀቶ እዚ ኣብ ዘመንና ዓብይ ናይ ስሕተት ኣፍ ደገ ኮይኑ ዘሎ እዩ። ነዚ ሕቶ እዚ ዝከውን ቅኑዕ መልሲ እንተ ዘይረኺብና፣ ብድሕርዚ ኣብ ዝተፈጸሙ ናይ ክርስቶስ ፍጻሜታት ዝህልወና ርድኢት ኩሉ ዝተዘብዐን መሰመሩ ዝስሓተን እዩ ዝከውን። እግዚኣብሄር በቲ ናይ ባህርዩ ቅርጽን ናይ ክብሩ ነጸብራቕን ዝኾነ ክርስቶስ ዝዋዘ ወይ ዝጋገ ሰብ ዘናሕስየሉ ምሕረት ከም ዘይህልዎ ክነስተውዕል የርብሓና እዩ።*

*ነዚ ሕቶ እዚ ዝወሃቡ ዘለው ሓድ ሓደ መልስታት፣ ንምስምየም ዘሰቅቑ፣ ንበሃልቱ ምሕረት ክትልምነሎም፣ ነቶም ገና ዘይስሓሉሉ ከኣ እግዚኣብሄር ክጋልሆም ክትልምን ዝድርኽ እዩ። ከምቲ ንሳቶም ዝብልዎ፣ "እግዚኣብሄር፣ ክርስቶስ ስጋ ክለብስ ምስ ወሰነ፣ ብማርያም ኣቢሉ ኣዳማዊ ሓጢኣት ከይለግቦ ስለ ዝተሰከፈ ሓድሽ ስጋ ፈጢሩ ከም ዘልበሶ፣ ብድሕሪኡ ኣብ ማሕጸን ማርያም ከም ዘቐመጦ ይገልጹ። ንሓድሓደ ጥቕስታት ብዘይ ግቡእ መንገዲ ብምትርጓም ከኣ ነቲ እልቢ ዘይብሉ ክርሶስ ዘርኢ ሰብ ኣምበር ሓድሽ ስጋ ከም ዘይኮነ ዝገልጹ ጥቕስታት ክኽሕድዎም ይረኣዩ።*

*ስለዚ ካብዚ ከምዚ ዝበለ ህጸጽ ርእስና ሓሊና፣ ናብቲ ሓቀኛ መንገዲ ክነስተብህልን ብእኡ ክንመላለስን ይግባኣና። ክርስቶስ ብርግጽ ካብ ሰብ፣ ንሳ ድማ ቅድስቲ ድንግልማርያም፣ ስጋ ብምውሳድ ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን ምዃኑ ኣረጋጊጹ እዩ። ክርስቶስ ካልእ ሓድሽ ስጋ ዘይኮነስ ስጋና ከም ዝለበሰ እዚ ዝስዕብ ሃቅታት ብምርኣይ ክንርድኦ ንክእል ኢና።*

*ሀ. ወለዶ ዝለዎ ዘርኢ ሰብ እዩ*

*ክርስቶስ ብርግጽ ዘርኢ ሰብ ማለት ካባና ካብ ሰባት ስጋ ዝወሰደ እነረጋግጸሉ ሓደ መንገዲ፣ ወለዶኢ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ካብ ኣብርሃም ኣቦና ጀሚሩ፣ ኣብ ወንጌል ሉቃስ ድማ ካብ ኣቦና ኣዳም ጀሚሩ ዝተዘርዘረ ወለዶ ዘለዎ ምዃኑ እዩ። ኢየሱስ ስጋና (ዘርእና) እንተ*

ዘይወስድ፣ እዚ ኹሉ ዝጽብጸበሉ ምኽንያት እንታይ እዩ። እግዚኣብሄር ብመንፈስ ቅዱስ ጌሩ ንባሮቱ እዚ ኹሉ ወለዶ ክዝርዝሩ ዝደረኾም እንታይ ከረጋግጽ ስለ ዝደለየ እዩ? መልሲ ናይዚ ሕቶ እዚ ንምርካብ ብዙሕ ዘሸግር ኣይኮነን። እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስ ከረጋግጾ ዝደለዮ እንተ ነይሩ፣ ክርስቶስ ካባና ስጋ ዝወሰደ ዘርኢ ሰብ ምዃኑ እዩ። እዚ ሓቂ እዚ ድማ ኣምኒ ኹርናዕ ክርስትና እዩ።

**ማቴ፣1፣1-17**
**ሉቃ፣3፣23-28**

ለ. ዘርኢ እታ ሰበይቲ

ገና ኣብቲ ውድቀት ዝተፈጸመሉ ዘፍጥረት ምዕራፍ 3 ጀሚሩ እዩ። ክርስቶስ ካብ ዘርኢ ሰበይቲ ከም ዝወለደ ዝተነግረ። ክርስቶስ ካብ ዘርኢ ሰበይቲ እምበር ካብ ዘርኢ ሰብኣይ ከም ዘይውለድ ገና ብኣግኡ ዝኣንፈተ ትቕሲ እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ነብያት ከም ዝግባእ ገሊጾምዎ። እቲ ትንቢት ብተግባር ተፈጺሙ ነቲ ዝተፈጸመ ከኣኣ ሃዋርያት ከም ዝግባእ ገሊጾምዎ እዮም።
**ዘፍ፣3፣15**
**ኢሳ፣7፣14**
**ሉቃ፣1፣30-35**
**ሉቃ፣2፣7,13,14**
**ገላ፣4፣3-5**

ሐ. ዘርኢ ኣብርሃም

ክርስቶስ ዘርኢ እታ ሰበይቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ዘርኢ ናይቲ ዓብይ ናይ ምነት ኣቦ ምዃኑ'ውን ቃል እግዚኣብሄር የረጋግጸልና ዩ። እግዚኣብሄር ናኣብርሃም "ዓሌታት ኩላ ምድሪ ብዘርእኻ ክባረኹ እዮም ስለ ዝበሎ፣ ኣቲ ዘርኢ ብእስራኤላውያን ብሓፈሻን፣ ንናይ ስጋ በረከት ዝምልከት ጥራሕ ዝመስሎም ኣንበብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሓት እዮም። እቲ "ከም ሓመድ ምድሪ ዝምብዝሖም ክኾኑ እዮም፣ ሓመድ ምድሪ ክቑጸር ዝክእል እንተ ኾይኑ ዘርእኻ ድማ ከምኡ ይቑጸር" ዝብል ኣዘራርባ ነቶም ብስጋ ዘርኢ እብርሃም ዝኾኑ ጥራሕ ዝምልከት እንተ ኾይኑ፣ እቲ ተስፋ ክፍጸም ተክእሎኡ ኣይረኣየካን እዩ። ምኽንያቱ እቶም ብስጋ ዘርኡ ይትረፍ ከም ሓመድ ምድሪ ነቲ ሰብ ክበጽሑ (ምለት ሓደ ክልተ ኢሉ ክበጽሖ) ዝኽእል ቁጽሪ ዝበጽሑ ኣይመስለንን። ከምቲ ቃሉ ዝገልጸልና እግዚኣብሄር ብዛዕባ ዘርኡ ዝሃቦ ተስፋ ብዛዕባ እቶም ኣዝርእቱ ዘይኮነስ ብዛዕባ እቲ ሓደ ዘርኡ፣ ብዛዕባ ክርስቶስ እዩ ዝዛረብ ነይሩ። ካህን ዘካርያስ ብእምነት ኣብ ዝተነበዮ ትንቢቱ እቲ ንኣብርሃም ዝተዋህበ ማሕላ ንክርስቶስ ዝምልከት ከምዝነበረ እዩ ዝገልጸልና። ስለዚ ብዘላ ምድሪ ብክርስቶስ ከም እትባረኽ እቶም ብእምነት ኣብርሃም ጌሮም ብክርስቶስ ዝጸደቑ ሰባት ኵሎም ዘርኢ ኣብርሃም ምዃኖም እዩ ዝነግረና። ክርስቶስ ብስጋ ዘርኢ እብርሃም እዩ። ስለዚ ኣቶም ብክርስቶስ ኣኣሚኖም ዝጸደቑ ኩሎም፣ ናይቲ ብእምነት ዝጸደቐ ብኹሪ ኣግኒ ዘርኡ እዮም። እዚ ዝሰዕብ ትቕስታት ነዚ ክንርእዮ ዝጸናሕና ሓቂ ኣነጺሩ እዩ ዝገልጸልና።
**ዘፍ፣13፣15**
**ዘፍ፣22፣18**
**ሉቃ፣1፣67-69**
**ሮሜ፣4፣13-16**
**ሮሜ፣9፣4-8**

ገላ፥3፥6,16

መ. ዘርኢ ዳዊት

ክርስቶስ ናይቲ ዘርኢ ኣብርሃም ዝኾነ ዳዊት ዘርኢ'ውን እዩ። እግዚኣብሄር ነቦና ዳዊት ካብ ዘርኡ ሓደ ኣብ ዙፋኑ ንዘለኣለም ከም ዝነግስ ደጋጊሙ ገሊጽሉ እዩ። ካብቶም ደቂ ዳዊት ዝኾኑ ምድራውያን ነገስታት ይትረፍ ንዘልኣለም ንሐንቲ ዘመን እኳ ዝገዝአ ኣይነበረን። እቲ ንዘልኣለም ነጊሱ ዝነብር ዘርኢ ዳዊት ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራሕ እዩ። ንቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝተነግረላ ንጹር ሐቂ ድማ ንሱ እዩ ነይሩ። ዋላ ፈሪሳዉያን እንተ ኾነ'ውን ኣቲ ዝግለጽ መሲሕ ዘርኢ ዳዊት ምዃኑ ብግህዶ ይእመኑ ነይሮም እዮም።

መዝ፥ 89፥3,4,27-29

ኤር፥23፥5,6

ኤር፥33፥14,15

ሉቃ፥1፥32,32

ማቴ፥22፥41,42

ግብ፥2፥25-32

ብሓፈሻ እቲ ህዝቢ'ዉን ክርስቶስ ብርግጽ ወዲ ዳዊት ምዃኑ ስለ ዝተኣመኑ “ወዲ ዳዊት” እና በሉ ንኽምህሮም ይጽዉዕዎ ነበሩ። ወንጌል ማቴዎስ ወለዶ ጎይታና ኢየሱስ ክዝርዝር ከሎ'ዉን “ወዲ ኣብርሃም ወዲ ዳዊት” ኢሉ ኡዩ ጀሚርዎ።

ማቴ፥1፥1

ማቴ፥9፥27

ማቴ፥12፥23

ማቴ፥15፥22

ማቴ፥20፥30,31

ማቴ፥21፥9,15

ማር፥10፥47

ሮሜ፥1፥3

ጎይታና ባዕሉ'ዉን ዘርኢ ኣብርሃም ምዃኑ ተኣሚኑ እዩ። ንዮሃንስ ወንጌላዊ ብራእይ ሱርን ዘርእን ናይ ዳዊት ምዃኑ ገለጸሉ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ኣዝዩ ረቒቕ እዩ። ሱር ኮይናካስ ዘርኢ ምዃን ድማ ዘይከኣል እዩ። ነቲ ኩሉ ዝከኣሎ፥ ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን ዝኾነ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ተዃኢልዋ እዩ። ብኣምላኽነቱ ሱር ዳዊት ኮይኑ ንዳዊት ፈርዩ፥ ብስግኡ ድማ ዘርኢ ዳዊት ኮይኑ ካብ ዳዊት ፈርዩ። ጎይታና ንኣፍ እቶም ካብ ነገር ዘይዓርፉ ፈሪሳዉያን ዝዓበሶ ኸኣ በዚ ምስጢር ገይሩ ኡዩ። ዳዊት ንርእሱ ጎይታ እናተባህለ ክነሱ ዘርኡ ዝኾነ ክርስቶስ ባዕሉ ጎይታና ኢሉ ክሰምዮ ተራእዩ። ወዱ ክነሱ ከመይ ኢሉ ጎይታ ናይ ኣብኡ ኸኸዉን በቲ ገላጺ ምስጢራት ዝኾነ ጎይታ እምበር ብፈሪሳዊ ኣእምሮ ክስትዉዓል ዝከኣል ኣይነበረን።

ማቴ፥22፥41,46

ራእ፥22፥16

ረ. ክርስቶስ ከም ወዲ ሰብ

ክርስቶስ ንሰማያት ግዜታት ዝኣክል ንርእሱ ሰብ ኢሉ ዘይኮነስ ወዲ ሰብ ኢሉ ይሰሚ ነበረ። እቲ ሰብ ምዃኑ፥ ከምዚ ሎሚ ዝበሃል ዘሎ ካብ ካልእ ዝመጸ ስጋ ዘይምዃኑ፥ ብኣንጻሩ ካብ ሰብ ዝተወስደ ዘርኢ ሰብ ዝኾነ ስጋ ሒዙ ከምዝመጸ፥ ንምሕባር ዝተጠቀመሉ ስያሜ እዩ። ከምኩላትና

ካብ ሰብ ዝመጸ ወዲ ሰብ ከምዝኾነ ኣካልና ክፋልና ምዃኑ ከረጋግጸላን ዝተጠቕመሉ ቃል እዩ። ካባና ስጋ ከምዝወሰደ ኣገዳሲ ሓቂ ምዃኑ ምእንቲ ከረጋግጽ ከኣ እዩ ነዚ ቃል እዚ ደጋጊሙ ዝጥቀመሉ ዝነበረ። ኣብቲ ንርእሱ "ወዲ ሰብ" ኢሉ እናሰመዩ ዝገለጸ ሓቂታት፣ ንኣምላኽነቱ ድማ የንጸባርቕ ነበረ። ነዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ብምስትውፆል ምስእነንብቦ መለኮቱ ዘደንቕ መንገዲ ምስ ስጋኡ ተዋሃሂዱ ይዓይይ ከምዝነበረ ከንግንዘብ ኣይከብደናን እዩ። ካብቶ ልዕሊ 80 ጥቕስታት ነዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት እንተወሰድና

ዳኒ፥7፥13

ማቴ8፥20

ማቴ፥9፥6

ማቴ፥12፥8,32,40

ማቴ፥16፥13,27,28

ማቴ፥17፥9

ማቴ፥19፥28

ማር፥2፥10

ማር፥8፥31

ክርስቶስ ነቲ ናትና ሓጢያት ብሓጢኣት ዝደኸመ ስጋ ባርያ ሐጢያት ዝኾነ ስጋና እኳ እንተወሰደ፥ ነቲ ሓጢኣት ግን ኣይወሰዶን ንሱ ዝኾነ ይኹን ኣበር ዘይብሉ ንጹህ እዩ ። ብዝሰይካ ብሓጢኣት ብኹሉ ነገር ከምዚ ከማና ስለዝኾነ ምስሊ ናይቲ ሓጢኣተኛ ስጋ ከም ዝለበሰ ተነጊሩሉ። መልክዕ ናይቲ ባርያ ሓጢኣት ዝኾነ ስጋና ስለ ዝወሰደ መልክዕ ባርያ ወሰደ ተባሂሉሉ

ሮሜ፥8፥3

ፊሊ2፥6-8

ኢሳ፥53፥9

ሉቃ፥23፥41

ዮሃ፥8፥46

እብ፥1፥9

እብ፥4፥15

እብ፥7፥26

1ጴጥ፥1፥19

1ጴጥ2፥22

1ዮሃ፥3፥5

ሰ. እስራኤላዊ ዜግነት ኔርዎ

ክርስቶስ ብርግጽ ስጋ ሰብ (ዘርኢ ሰብ) ምውሳድ እነረጋግጸሉ ሓደ ነጥቢ ድማ ዓሌቱ(ዜግነቱ) እስራኤላዊ ምንባሩ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ኣገልግሎቱ ክጅምር ከሎ፥ ናብቶም ናቱ መጸ እቶም ናቱ ግን ኣይተቐበልዎን ዝብለና። እቶም "ናቱ" ተባሂሎም ዘለዉ እስራኤላዉያን እዮም። "ናቱ" ክብሎም ከሎ ነቶም ካልኦት ዘይናቱ ምዃኖም ንኽሰምዕ ዘይኮነስ፥ ብስጋ ካባታቶም ዝተወልደ ምዃኑ ንምሕባር እዩ። እታ ሳንራዊት ሰበይቲ'ዉን ኣይሁዳዊ ምዃኑ፥ ጳውሎስ'ዉን ባዕሉ ክርስቶስ ዜግነት ዘለዎ እስራኤላዊ ምዃኑ ገሊጹልና እዩ።

ዮሃ፥1፥10-14

ዮሃ፥4፥9

ሮሜ፥9፥5

ሸ. ሰባት ከም "ኣሕዋት" ክርስቶስ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሰባት ንክርስቶስ ከም ሓዎም ክገልጽዎ እንተ ንርኢ፣ ነዚ ሕዉነት ነዚ ኣብ ምቕባሉ ከነማትእ ንቡር እዩ። ክርስቶስ ባዕሉ ንሰባት ኣሕዋተይ ክብሎም ከሎ ንምቕባሉ እንተ ኣማቲእና ግን ኣብ ከቢድ ሽግር ከም ዘሎና ኣይንዘንግዕ። ብስጋ ንዘይተዛመድካዮ ሰብ ሓወይ ክትብሎ ዘይንቡር እዩ። ንዝኾነ ሰብ ዋላ እኳ ብቐረባ ብስጋ እንተ ዘይተዛመድናዮ፣ ደቂ ሓደ ኣዳም ስለ ዝኾንና ውዒልና ሓዲርና ቀሪብና ርሒቕና ኣሕዋት ኢና። ክርስቶስ ድማ ምስቲ ካብ ኣዳም ዝተረኽበ ስጋ ስለ ዝተወሃሃደ ብርግጽ ዘርኢ ኣዳም ዘርኢ ሰብ ብእኡ ኣቢሉ ሐው ኩሉ ስጋ ለበሰ ሰብ እዩ።

ናይ ሰብ ዘይኮነ ካልእ ሓድሽ ስጋ ለቢሱ እንተዝኸዉን ሓዉና ክኾነሉ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ካልእ መሰረት የብሉን ማለት እዩ። ዘይናትና ስጋ ወዲሱ ግን ኣሕዋተይ ይብል እንተልዩ ድማ ክርስቶስ ይሕስወና ኣሎ ማለትና ኢና። ስለዚ ክርስቶስ ካባና ስጋ ወሲዱ ምስኡ ሐደ ብምዃን ሓዉና ከም ዝኾነ ቃሉ የረጋግጸልና።

እብ፤2፤11,12

እብ፤2፤14-18

ቀ. ኣመንቲ ከም ኣካል ስጋ ክርስቶስ

ንሕና ኣመንቲ ኣካል ስጋ ክርስቶስ ምዃንና ቃል እግዚኣብሄር ኣነጺሩ እዩ ዝገልጸልና። ክርስቶስ ነዚ ናትና ስጋ እንተ ዘይለብስ ነይሩ፣ ንሕና ኣካላት ናይዚ ክርስቶስ ለቢስዎ ዘሎ ስጋ ክንኮነሉ እኽእል ዝኾነ ይኹን መንገዲ ክህሉ ኣይክእልን ማለት እዩ። ኣካል ናይ ስግኡ ክንከውን እንተ ዘይክኢልና ድማ፣ ናይቲ ብስግኡ ስሌና እተፈጸመ ምስጢራት ኣካል ኣይኮንና ማለት ድማ እዩ። ስለዚ ምስኡ ሞትና ተቐበርና ምስኡ ክንትንስእ ኢና እንብለሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት የለን። ኣካላት ስግኡ እንተ ዘይኴንና፣ በቲ ካባና ዝወሰዶ ጌሩ ኣብ ቅድሚ ኣቦ ክውክለና ዘይክእል እንተ ኾይኑ ኣብ ሰማያት ብክርስቶስ ኢየሱስ ምስኡ ኣቐመጠና" ዝብል ሓቂ ኣይምልከተናን እዩ ማለት እዩ። እታ ህይወትና ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ ዝብል ሓቂ ኣባና ክፍጸም፣ እንተ ኾይኑ ክርስቶስ ስጋና ክለብስ ናይ ግድን ከም ዝኾነ ኣይንዘንግዕ። ክርስቶስ ነዚ ናትና ስጋ ሒዙ ናብ ሰማያት ናብ ኣቦ እንተዘይዓርግ ደኣ፣ ከመይ ኢሉ ቃል እግዚኣብሄር፣ "ክርስቶስ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክረኣየልና ናብኣ ናብታ ሰማይ ኣተወ ዝብለና? ብዘይ ናትና ስጋ እሞ ፈጺሙ ክረኣየልና ኣይክእልን እዩ።

1ቈረ፤6፤13,15

ኤፌ፤5፤29,30

1ቈረ፤12፤27

ኤፌ፤2፤6-7

ቈሎ፤3፤1-3

እብ፤9፤24

በ. ክርስቶስ ብሰብኣዊ ዕቤት ሓሊፉ

ክርስቶስ ፍጹም ሰብ ምዃኑ እነረጋግጸሉ ሓደ መንገዲ ከም ኩሉ ሰብ እቲ ስሩዕ ሰብኣዊ ዕቤት ስለ ዘርኣየ፣ እዩ። ከም ኩሉ ሰብ ብጻዕሪ ሕርሲ ተወሊዱ፣ ከም ኩሉ ሰብ ጠባዩ ዓብዩ። ብቑመትን ብጸጋን ብጥበብን ዓብዩ። ዋላ እኳ ብኣምላኽነቱ ንርእሱ ጥበብን ጸጋን እንተ ነበረ፣ ከም ፍጹም ሰብ መጠን ከምቲ ብቑመት ከምኡ ድማ ብጸጋን ብጥበብን ዓብዩ ተባሂሉሉ። ወዲ 12 ዓመት ምስ ኮነ ድማ ናብ የሩሳሌም በብዓመቱ ይከይድ ነበረ።

ሉቃ፥2፥40,41,46,52

ተ. ኣካላት ሰብኣዊ ተፈጥሮ ኔሮምዎ

ቃል እግዚኣብሄር ከም ዝነግረና፥ ብስጋን ነፍስን መንፈስን ብሰለስተ ኣካላት ዝቖመ ፍትረት እዩ። ክርስቶስ ድማ ናይ ብሓቂ ፍጹም ሰብ ስለ ዝነበረ፥ እዚ ሰለስተ ኣካላት ኣዚ ኣለዎ።

ክርስቶስ ስጋ ኔርዎ፥ ስለዚ ድማ ብእኡ ሓቢሩና፥ ብእኡ መስዋእቲ ኮይኑ ኣድሒኑና።

ማቴ፥26፥12

ዮሃ፥2፥21

እብ፥2፥14

እብ፥10፥5

እብ፥10፥10

ሉቃ፥24፥29

ክርስቶስ ነፍሲ ኔርዎ፥ ስለዚ ድማ ነፍሱ ትጉሂ ከም ዝነበረት ተዛሪቡ፥

ማቴ፥28፥38

ዮሃ፥12፥27

ከምኡ ድማ ክርስቶስ መንፈስ ኔርዎ ስለዚ ድማ ብዛዕባ መንፈሱ ደጋጊሙ ይዛረብ ነይሩ

ማር፥2፥8

ሉቃ፥23፥46

ዮሃ፥13፥21

ቸ. ሓጥእ ዘይኮነ ድኻም ስጋ ነይርዎ

ኣብ ስጋና ክልተ ዓይነት ድኻም ኣሎ። እቲ ገሊኡ ድኻም ንርእሱ ሓጢኣት ክኸውን ከሎ፥ እቲ ገሊኡ ከኣ ንብ ሓጢኣት ደኣ ከቃልዕ ይኽእል እምበር ንርእሱ ሓጢኣት ዘይኮነ ድኻም ስጋ ኣሎ። እቲ ሓጥእ ዝኾነ ድኻምና ኣብቲ ገና ኣብ ልደትና ሒዝናዮ እንውለድ ሓጥእ ተፈጥሮና ዝበቁል እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ እግዚኣብሄር "ሕልና ልቢ ሰብ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ክፉእ እዩ" ብምባል ድሕሪ ሕጇ ብሰሪ ሰብ መሊሱ ንምድሪ ከየጥፍኣ ዝወሰነ (ዘፍ፥6፥21) ከም እኒ ምጥማይ ምጽማእ፥ ምድካም፥ ምድቃስ ምሟት ዝኣመሰሉ ድኻመት፥ ሓጢኣት ኣይኮኑን። ክርስቶስ ድማ ሓጥእ ተፈጥሮ ዘይብሉ ሰብኣዊ ተፈጥሮና ስለ ዘልዓለ፥ እቶም ሓጥእ ዘይኮኑ ስጋዊ (ሰብኣዊ) ድኻማት ክህልውዎ ባህርያዊ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ በቲ ኣብ ሞቱ ዝፈሰሰ ደሙ ከም ዝደሓንናን ከም ዝነጻህናን እዩ ዝገልጸልና። ብዘይ ምፍሳስ ደም ስርየት ኣበሳ ከምዘየላ፡ ስለዚ ከኣ ክርስቶስ በቲ ካብ ጠፋኢ ወርቅን ብሩርን ኣዝዩ ኣዝዩ ዝኸበረ ደሙ ከም ዘድሓነናን ከም ዝዓደገናን እዩ ቃል እግዚኣብሄር ብዘየዳግም መንገዲ ዝመሃረና። ደሙ ድማ ካብቲ ስጋዊ ሞቱ ደኣ እምበር ካብ መንፈሳዊ ሞት ዝርከብ ኣይኮነን። እዚ ድማ ስጋዊ ሞት ክርስቶስ ንምድሓንና ኣኺሉ ዝተርፍ ምዃኑ ዘብርህ ሓቂ እዩ። እዞም ዝስዕቡ ኩሎም ጥቕስታት ነዚ ሓቂ እዚ ዘረጋግጹልና እዮም።

<u>**ማቴ፡26፡28**</u> ፡- “ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ ሃቦም፡ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዝፈሰሰ ዘሎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ፡ ካብዚ ኵልኹም ስተዩ።”
<u>**ዮሃ፡6፡56**</u> ፡- “እቲ ስጋይ ዝበልዕ ደመይውን ዝሰቲ ኣባይ ይነብር፡ ኣነውን ኣብኡ።”

<u>**ግብ፡20፡28**</u> ፡- “ስለዚ ንርእሰኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ማሕበር ጐይታን ክትጓስዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ኤጲስ ቆጾሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም ኩሉ መጓሰ ሓልዉ።”

<u>**ሮሜ፡5፡9**</u> ፡- “እምብኣርሲ ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ደኣ፡ ክንደይ ካብቲ ቍጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን።”

<u>**ቈሎ፡1፡20**</u> ፡- “ብእኡ ብደም መስቀሉ ገይሩ ሰላም ምስ ገበረ ከኣ፡ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኩሉ ንርእሱ ተዓሪቕዎ እዩ።”

<u>**እብ፡9፡14**</u> ፡- “ደም ክርስቶስ ብናይ ዘልኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፡ ንሕያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ክንደይ ኣዝዩ ንሕልናኹም ካብ ምውት ግብሪ ዘየንጽሆ?”

<u>**እብ፡9፡22**</u> ፡- “ከምቲ ሕጊ፡ ኣስታት ኵሉ ብደም እዩ ዚጸሪ፡ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ።”

<u>**እብ፡10፡19-22**</u> ፡- “ስለዚ ኣሕዋተየ፡ በቲ መጋረጃ፡ ማለት ብስጋኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም ኢየሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዝህልወና፡ ኣብ ቤት ኣምላኽውን ዓብዪ ካህን ካብ ዝህልወናስ፡ ልብና ካብ ክፉእ ሕሊና ተነጺጉ፡ ስጋናውን ብጽሩይ ማይ ተሓጺቡ፡ ምሉእ ብተረዳእናያ እምነት ብቕኑዕ ልቢ ንቕረብ።”

<u>**1ጴጥ፡1፡18,19**</u> ፡- “ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም እተቐበልኩምዎ ከንቱ ንብረትኩም፡ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዘይብሉ ገንሸል፡ ብክቡር ደም ክርስቶስ እምበር፡ ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይስ ወርቂ፡ ከም ዘይደሓንኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም።”

<u>**1ዮሃ፡1፡7**</u> ፡- “ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ፡ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና፡ ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና፡ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ።”

<u>**ራእ፡1፡5**</u> ፡- “ዮሃንስ ነተን ኣብ እስያ ዘለዋ ሸብዓተ ማሕበራት፡ ካብቲ ዘሎን ዝነበረን ዝመጽእን፡ ካብቶም ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ዘለው ሸብዓተ መናፍስትን ካብቲ እሙን ምስክርን በዅሪ ምውታትን

ርእሲ ነገስታት ምድርን ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን። ንእኡ፡ ነቲ ዘፍቅረና ዘሎ፡ ካብ ሓጢኣትናውን ብደሙ ዝሓጸበና፡ ንእግዚኣብሄር ኣቦኡ መንግስትን ካህናትን ክንኮኖ ዝገበረና፡ ክብርን ስልጣንን ንዘለኣለም ኣለም ንእኡ ይኹን። ኣሜን።"

***ራእ፡5፡9,10*** ፡- "ንሳቶም ከኣ ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኾኑ ሰባት ዓዲግካሉ ኢኻ፡ ንኣምላኽና ዝኾኑ መንግስትን ካህናትን ገቢርካዮም፡ ኣብ ምድሪ ድማ ክነግሱ እዮም እሞ፡ ንስኻ ነቲ መጽሓፍ ክትወስዶ፡ ነቲ መሓትሙውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ፡ እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ።"

***ራእ፡7፡14*** ፡- "ኣነውን፡ ጐይታይ፡ ንስኻ ትፈልጥ፡ በልክዎ። ንሱ ከኣ፡ እዚኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝመጹ እዮም ኽዳውንቶም ከኣ ብደም እቲ ገንሸል ሓጺቦም ኣጻዕደው፡"

***ራእ፡12፡11*** ፡- "ሳላ ደም እቲ ገንሸልን ሳላ እቲ ቃል ምስክሮምን ድማ ሰዓርዎ፡ ንህይወቶምውን ክሳዕ ሞት ኣየፍቀርዋን።"

ሓድሓደ ውልቀ ሰባት ወይ እምነታት፡ ንሒደት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ብዘይ ኣገባብ ትርጉሙ ብምዝባዕ፡ ነቲ ናይ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ መሰረት ዝኾነ ሓቂ ከናውጹ ይፍትኑ እዮም። "ሓጢኣት ኮነ" "መርገም ኮነ" ዝብል ቃላት ዘንጢሎም ብምውሳድ ነቲ ጽድቂ ኣምላኽ ዝኾነ ክርስቶስ ሓጢኣት ናብ ምዃን ተለዊጡ ኢሎም ይኣምኑን ይሰብኩን። ነዚ ስሑት ትምህርቲ እዚ ብዝምልከት፡ "ካብ ካልእ ናይ ስሕተት ወንጌል ተጠንቀቑ" ኣብ ዘርእስቱ መጽሓፍ ኣብ ሻድሻይ ምዕራፍ ብዝርዝር ተገሊጹ ስለ ዘሎ ኩሉ ኣንባቢ ነቲ ሓቂ ካብኡ ክረኽቦ እምሕጸን።

# ሞት ክርስቶስ ከም ስራሕ ክርስቶስ

ሞት ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣቐዲምና ከም ዝገለጽናዮ፡ ብጠለብ ሰይጣን ዝተፈጸመ፡ ወይውን ከም ፍሽለት ዘጋጠመ ኩነታት ኣይኮነን ቅድሚ ምፍጣር ዓለም፡ በቲ ቅድመ ዓለም ዝነበረ ሉኣላዊ ኣምላኽ ዝተመደበ ብኣፍ ነብያት ቅድሚ ኣማኢትን ኣሽሓትን ዓመታት ዝተፈጸመ፡ ባዕሉ ጐይታና ባኣካል ስጋ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ይመላለስ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ናይ ምምጽኡ ዕላማ ንሱ ምዃኑ ዝገለጸ እዩ። ስለዚ ሞቱ ከም ሓደ ክፋል ናይ ስርሑ፡ ተግባሩ ወይ ኣገልግሎቱ ደኣ እምበር፡ ኣብ ልዕሊኡ ከም ዝተፈጸመ ናይ ካልእ ኣካል ስራሕ ወይ ተግባር ጌርና ክንገልጾ ኣይከኣልን እዩ። እግዚኣብሄር ኣቦ ወዲ ምእንቲ ሓጢኣትና ክመውት ኣሕሊፉ ሂብዎ ክንብል ከሎና ምእንታና ክሓልፍ ፈቒዱ ፈትዩ ማለትና ንወዱ ንሱ ከም ዝመውት ጌርዎ ወይ ቀቲልዎ ማለትና ኣይኮነን። ሰይጣንውን ነቲ ንምድሓኖም ዝፍጸም ዘሎ ሞት ብኣሉታ ክሳተፍዎ ደሪኹ፡ ንሰባት ኣንጻር ረብሕኦም ክዓዩ ኣትጊህዎም ደኣ እምበር ነቲ ንሙታን ዘተንስእ ወሃቢ ህይወት ዝኾነ ጐይታ ክቕትል ከም ዘይክእል ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ።

ሞት ጐይታና፡ ናይ ጐይታና ናይ ባዕሉ ስራሕ እዩ። ከምኡ ምዃኑ እነረጋግጸሉ ካብቲ ብዙሕ ምኽንያታት ገለ ክልተ ዝኸውን ክንጠቅስ ኢና።

1. እቲ ቀዳማይን ልዕሊ ኹሉን ምኽንያት እቲ ጐይታና ባዕሉ ዝተዛረቦ ግያው ቃል እዩ። ጐይታና ባዕሉ ብምርጭኡ እዩ በኛ ዝሓለፈን ህይወቱ ዝሃበን እምበር፡ ንህይወቱ ካብኡ ክወስዳ

ዝኽእል ከም ዘየልቦ ኣነጺሩ ነጊሩና እዩ። ክሕዝዎ ኢሎም ጭፍራራር ኣብ ዝተኣከቡሉ እዋን፣ ሃዋርያ ጴጥሮስ ሰይፊ ኣልዒሉ ክከላኸል ምስ ፈተነ፣ ካብዚ ሞት እዚ ክድሕን ዝደሊ እንተ ዝኸውን ካብ ሰማያት ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ናይ ነበልባል ሴፍ ዝሓዙ ከምጽእ ከም ዝክእል ገሊጹሉ እዩ። ነብያትውን እንተኾኑ፣ ንሱ ባዕሉ ንነፍሲ ንሞት ከም ዝወፈያ ተነብዮም እዮም።

***ማቴ፣26፣53*** ፡- "ነቦይ ምልማኑ ዘይከኣለኒ፣ ንሱ ከኣ ካብ ዓሰርተው ክልተ ለጌዎን ዝበዝሑ መላእኽቲ ሕጂ ክሰደለይ ዘይክእልዶ ይመስለካ ኣሎ?"

***ዮሃ፣10፣18*** ፡- "ባዕለይ እየ በኻ ዘሕልፋ እምበር፣ ካባይ ዝወስዳስ የልቦን። በኻ ከሕልፋ ስልጣን ኣሎኒ፣ መሊሰ ክወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ። ነዛ ትእዛዝ እዚኣ ካብ ኣቦይ እየ እተቐበልክዋ።"

ኢሳ፣53፣7,8,12 ፡- "ምክራ ጸገበ፣ ርእሱ ኣዋረደ ኣፉውን ኣይከፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዝኽብከብ ገንሸል፣ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን። ካብ ጥቕዓትን ፍርድን ተወሰደ፣ ካብ ምድሪ ህያዋን ከም እተቘርጸ፣ ካብቶም ወለዶኡ መን ሓሰበ፣ ብምኽንያት ገበን ህዘበይን ተቐዝፈ። … ነፍሱ ንሞት ስለ ዝወፈያ፣ ምስ በደለኛታት ከኣ ስለ እተቘጽረ፣ ስለዚ ግዲኡ ምስ ዓበይቲ ኽመቕሎ እየ፣ ምርኮውን ምስ ሓያላት ክመቅል እዩ። ግናኸ ሓጢኣት ብዙሓት ጸረ፣ ምእንቲ በደለኛታት ከኣ ለመነ።"

2. እቲ ካልኣይ ምኽንያት ድማ፣ በቲ ሞት ጐይታና ኣብቶም ናይቲ ሞት ተጠቀምቲ ዝኾኑ ሰባት ዝፈጸሞ ስራሕ ወይ ከኣ ውጽኢት እዩ። ብዛዕባ ውጽኢት ሞቱ ኣስዒብና ብዝርዝር ክንርእዮ እኳ እንተኾንና፣ ውጽኢት ሞት ክርስቶስ ብሓፈሻ ድሕነት እዩ ኢልካ ክድምደም ይከኣል። ድሕነት ካብ ሓጢኣትን ዓስቡን፣ ድሕነት ካብዛ ዓለምን ፍትወታን ድሕነት ካብቲ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ዝኾነ ድያብሎስ ኣስዒቡልና እዩ። ነዚ ድሕነት እዚ ንሕና ምእንቲ ክንረኽቦ እዩ መጺኡ ነዚ ሞት እዚ ኣኣብ ልዕሊኡ ዝፈጸመ። ስለዚ ንሞት ከም ንድሕነት ዝፍጸም ተግባር ደኣ እምበር ከም ዘይተርፍ ዕጫ ዝተዓደሎ ነገር ከም ዘይኮነ ካብዚ ውጽኢት እዚ ክንርዳእ ንኽእል።

***ዮሃ፣3፣16*** ፡- "ኣምላኽ፣ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፣ ከይትጠፍእሲ፣ ንወዱ በኻ ክሳዕ ዝህብ፣ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።"

***ኤፌ፣2፣13-18*** ፡- "ሕጂ ግና፣ ኣቱም ቀደም ርሑቓት ዝነበርኩም፣ ንሸኻትኩም ብክርስቶስ ኢየሱስ ብደም ክርስቶስ ቀረብኩም። ንሱ ነዞም ክልተስ ሓደ ዝገበረ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ዝነበረ ከልካሊ ቀጽሪውን ዘፍረሰ፣ ሰላምና እዩ እሞ፣ ብርእሱ ዕርቂ እናገበረ፣ ካብዞም ክልተ ሓደ ሓድሽ ሰብ ምእንቲ ክፈጥር፣ ነቲ ጽልኢ፣ ንሱ ከኣ ሕጊ ትእዛዝ ብስርዓት፣ ብስጋኡ ስዒሩ፣ ብመስቀሉውን ነቲ ጽልኢ ብእኡ ቀቲሉ፣ ንክልቲኦም ብሓደ ስጋ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቖም። ንክልቴና ብእኡ ብሓደ መንፈስ ናብ ኣቦ መእተዊ ስለ ዘሎና ከኣ፣ ንኣኻትኩም ርሑቓት ዝነበርኩም መጺኡ ሰላም ኣበሰረኩ ም ነቶም ቀረባ ዝነበሩውን ሰላም ኣበሰሮም።"

# ኣገዳስነት ሞት ክርስቶስ

ኣገዳስነትን ዕቤትን ሞት ክርስቶስ ካብ ዘፍጥረት ክሳብ ራእይ ዮሃንስ ብሰፊሑ ዝተገልጸ ስለ ዝኾነ ብሓጺርን ድሙቕ ብዝበለ መንገድን ከተቕርቦ ቀሊል ኣይኮነን። ናይ ጐይታና ሞት ኣገዳስነት ንምግላጽ ሓሳባት ናይ ኣእምሮን ቃላት ናይ ኣፍን ቅልጣፈን ትዕግስትን ናይ ጸሓፍቲ ኣይብቑዕን። ንኣእምሮና ብዓቕሙ ንምርዳእ ኽኽጥዕመና ግን ኣብዞም ዝስዕቡ ሒደት ነጥብታት ከነጠቓልሎ ክንፍትን ኢና።

## 1. ኣብ ብሉይ ኪዳን ብትንቢትን ብጽላሎትን ብሰፊሑ ምንጽብራቑ ኣገዳስነቱ ዘጉልሕ እዩ።

ሞት ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ይፍጸም ብዝነበር ነፍሲ ወከፍ መስዋእትታትን ባኣፍ ይንገር ብዝነበረ ትንቢታትን ብሰፊሑ ይግለጽ ምንባሩ፣ ገና ከይተፈጸመ ከሎ ኣገዳስነቱ ኣዝዩ ዓብይ ከምዝኮነ ይሕብረና። ንጐይታና ዝምልከቱ ትንቢታት ብሉይ ኪዳን ዳርጋ ኩሎም ኣብ ዙርያ ሞቱ ዝተነግሩ ትንቢታት እዮም እዞም ዝስዕቡ ኣብ 20 ኣርእስትታት ዝተጠቓለሉ 26 ትንቢታት ንበይኖም ኣኣገዳስነት ሞቱ ንምግላጽ ኣኺሎም ዝተርፉ እዮም።

**1. ሰባት ከም ዘላግጹሉ**

***<u>መዝ፥22፥6</u>*** ፦ "ኣነ ግና ሓሰኻን መላገጽ ሰብን፣ ብህዝቢ እተናዕቀን እየ እምበር፣ ሰብሲ ኣይኮንኩን።"

***<u>ኢሳ፥49፥7</u>*** ፦ "ነቲ ሰብ ዝነዐቖ፣ ህዝብታት ዝፈንፈንዎ ባርያ ገዛእቲ፣ ንእኡ እግዚኣብሄር፣ እቲ ተበጃዊ እስራኤል ቅዱስን፣ ስለቲ እሙን እግዚኣብሄርን ስለቲ ዝመረጸካ ናይ እስራኤል ቅዱስን ኢሎም ነገስታት ርእዮም ክትንስኡ፣ መሳፍንቲውን ክሰግዱ እዮም፣ ይብል ኣሎ።"

***<u>ኢሳ፥53፥2,3</u>*** ፦ "ኣብ ቅድሚኡ ከም ጨንፈርን ከምቲ ካብ ንቑጽ ምድሪ ዝወጽእ ሱርን ጨብጨበ። መልክዕን ውቃበን ኣይነበሮን፣ ምስ ርኤናዮ፣ ዝብህገና ትርኢት ኣይነበሮን። ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን እዩ፣ ብዓል ስቓይ፣ ብሕማም ልዱይ፣ ከምቲ ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዝጉልብቡሉ ሰብ እተዋረደ እዩ፣ ንሕናውን ገለ እኳ ኣየቓጸርናዮን።"

***<u>ሉቃ፥19፥14</u>*** ፦ "ደቂ ዓዱ ግና ጸልእዎ እሞ፣ እዚ ክነግሰና ኣይንደልን ኢና፣ ኢሎም ደድሕሪኡ ለኣኹ።"

***<u>ዮሃ፥18፥23</u>*** ፦ "ኢየሱስ ከኣ፣ ክፉእ እንተ ተዛሪበ፣ ክፉእ ምዃኑ መስክር፣ ጽቡቕ ተዛሪበ እንተ ኾይነ ግና፣ ስለምታይ ትወቕዓኒ ኣሎኻ? ኢሉ መለሰሉ።"

***<u>ዮሃ፥1፥11</u>*** ፦ "ናብቶም ናቱ መጸ፣ እቶም ናቱ ከኣ ኣይተቐበልዎን።"

**2. ህዝብታትን መሳፍንቱን ከም ዝጻረርዎ**

<u>**መዝ፥1፥1,2**</u> ፥- “ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፥ ኣብ መገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይቀውም፥ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቅመጥ፥ ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ ዝፍሳሕ፥ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዝመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ።”

<u>**ማቴ፥12፥14**</u> ፥- “ፈሪሳውያን ግና ምስ ወጹ፥ ከመይ ገይሮም ከም ዘጥፍእዎ ተማኸሩ።”

**3. ሰባት ከም ዘሳቕይዎ**

<u>**ኢሳ፥52፥14**</u> ፥- “ብዙሓት ብኣኻ ከም እተገረሙ፥ ትርኢቱ ካብ ካልኦት ሰብ ሕሱር ነበረ። መልክዑ ድማ ካብ ካልኦት ደቂ ሰብ ሓመቐ።”

<u>**ኢሳ፥53፥3**</u> ፥- “ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን እዩ፥ ብዓል ስቓይ፥ ብሕማም ልዱይ፥ ከምታ ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዝጕልብቡሉ ሰብ እተዋረደ እዩ፥ ንሕናውን ገለ እኳ ኣየቋጸርናዮን።”

<u>**ሉቃ፥22፥15,44**</u> ፥- “ንሱ ድማ፥ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ክሳዕ ዝፍጸም፥ ደጊም ካብዚ ከም ዘይበልዕ፥ እብለኩም ኣሎኹ እሞ፥ ቅድሚ ስቓየይ ምሳኹም ገንሸል ፋስጋ ክበልዕ፥ ብዙሕ ሃረር ኢለ ኣሎኹ፥ በሎም። ... ጻዕረ ሞት ሒዝዎ፥ ኣጽኒዑ ይልምን ነበረ። ረሃጹ ከኣ ከም ነጥቢ ደም ናብ ምድሪ ይነጥብ ነበረ።”

<u>**እብ፥4፥15**</u> ፥- “ደጊም ብዘይ ሓጢኣትሲ፥ ብኹሉ ከምዚ ከማና እተፈተነ እዩ እምበር፥ ብድኻምና ክድንግጸልና ዘይኽእል ሊቀ ካህናት የብልናን እሞ፥ ብሰማያት ዝሓለፈ ዓብዩ ሊቀ ካህናት፥ ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዝህልወና፥ ምእማንና ነጽንዕ።”

**4. ብጻዩ ከም ዝኽሕዶ**

<u>**መዝ፥41፥9**</u> ፥- “እወ፥ እቲ ዝእመኖ፥ እንጌራይ ዝበልዔ ፈታውየይ እኳ ሸኾናኡ ኣልዐለለይ።”

<u>**መዝ፥55፥12**</u> ፥- “ዝጸርፈኒ ጸላእየይ ኣይኰነን፥ እንተ ዝኸውንሲ ምተዓገስኩ፥ ዝዕበየለይ እቲ ዝጸልኣኒ ኣይኰነን፥ እንተ ዝኸውንሲ ምተሓባእኩ፥”

<u>**ሉቃ፥22፥3,4**</u> ፥- “ሰይጣን ግና ናብቲ ኣስቆሮታዊ ዝብሃል ይሁዳ ኣተወ፥ ንሱ ካብ ቍጽሪ እቶም ዓሰርተው ክልተ እዩ፥ ከይዱ ከኣ፥ ናብቶም ሊቃውንቲ ካህናት ሓላቑ ሓለውቲ መቕደስን ከመይ ገይሩ ከም ዘትሕዞ፥ ተዛረበ።”

<u>**ዮሃ፥6፥64,70,71**</u> ፥- “ኢየሱስ እቶም ዘይኣምኑ ኣየኖት ምዃኖም፥ እቲ ዘትሕዞውን መን ምዃኑ ካብ መጀመርታ ፈሊጡ ነበረ እሞ፥ ... ኢየሱስ ከኣ፥ ኣነስ ንዓሰርተው ክልቲኹምዶ ሓርየኩም ኣይኰንኩን? ሓደ ካባኻትኩም ግና ድያብሎስ እዩ፥ ኢሉ መለሰሎም። እዚ ዝበለ ከኣ ብዛዕባ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ወዲ ስምኦን እዩ። ከትሕዞ ዘለዎ ንሱ እዩ እሞ፥ ንሱውን ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ እዩ።”

<u>ዮሃ፥13፥18</u> ፦ "ኣነ ነቶም ዝሓረኽዎም እፈልጦም እየ፥ ብዛዕባ ኹላቶኹም ኣይኰንኩን ዝዛረብ ዘሎኹ። ግናኸ እቲ ጽሑፍ ምእንቲ ክፍጸምሲ፥ እቲ እንጌራይ ዝበልዕ፥ ሸኰናኡ ኣባይ ኣልዐለ።"

5. ንሰላሳ ቅርሺ ከም ዝሸየጥ

<u>ዘካ፥11፥12</u> ፦ "ኣነ ድማ፥ ነዒንቶኹም ባህ እንተ ኣበለኩምሲ፥ ዋጋይ ሃቡኒ፥ እንተ ዘይኰነስ ሕደግዎ፥ በልክዎም። ንሳቶም ንዋጋይ ሰላሳ ብሩር መዘኑ።"

<u>ማቴ፥26፥14,15</u> ፦ ሽዑ ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ፥ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ዝብሃል፥ ናብ ሊቃውንቲ ካህናት ከይዱ፥ ኣነ ንኣኻትኩም ኣሕሊፈ ክህቦስ፥ እንታይ ትህቡኒ? በሎም። ንሳቶም ከኣ ሰላሳ ቅርሺ መዘኑሉ።"

6. እቲ ዝተሸጠሉ ብሩሩ ናይ ሰራሕ መሬት ግራት ከም ዝዕደጐ፥

<u>ዘካ፥11፥13</u> ፦ "እግዚኣብሄር ከኣ፥ ነቲ ዝገምገሙለይ ክቡር ገምጋም ናብ ሰራሕ መሬት ደርብዩ፥ በለኒ። ኣነ ድማ ነቲ ሰላሳ ብሩር ወሲደ ኣብ ቤት እግዚኣኣብሄር ናብቲ ሰራሕ መሬት ደርቤኽዎ።"

<u>ማቴ፥27፥3-10</u> ፦ "ሽዑ ይሁዳ፥ እቲ ዘትሓዞ፥ ተፈሪድዎ ምስ ረኣየ፥ ተጣዕሰ እሞ፥ ንጹህ ደም ኣሕሊፈ ብምሃበይ በደልኩ፥ ኢሉ ነቲ ሰላሳ ቅርሺ ናብ ሊቃውንቲ ካህናት ዓበይቲ ህዝብን መለሶ። ንሳቶም ድማ፥ ንሕና እሞ እንታይ ገዲሱና? ባዕልኻ ትፈልጥ በልዎ። ንሱ ነቲ ኣቕራሽ ኣብ ቤተ መቕደስ ደርብይዎ ወጸ፥ ከይዱውን ተሓንቀ። ሊቃውንቲ ካህናት ነቲ ኣቕራሽ ወሲዶም፥ ዋጋ ደም እዩ እሞ፥ ናብ ሳጹን ምጽዋት ከነእትዎ ኣይግባእን በሉ። ተማኺሮም፥ መቓብር ኣጋይሽ ዝኸውን ግራት ሰራሕ መሬት ብእኡ ተሻየጡ። ስለዚ ከኣ እታ ግራት ክሳዕ ሎሚ ግራት ደም ትብሃል ኣላ። እቲ ብነብዪ ኤምርያስ፥ ዋጋ እቲ ደቂ እስራኤል ዝገምገምዎ ገምጋም ሰላሳ ቕርሺ ወሰዱ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዘኒ፥ ግራት ሰራሕ መሬትውን ሃብዎ እተባህለ ሽዑ ተፈጸመ።"

7. ኩሎም ደቀ መዛሙርቱ ከም ዝኽሕድዎ

<u>ዘካ፥13፥7</u> ፦ "ዎ ሰይፊ፥ ኣእንጻር ጓሳይን ኣንጻር እቲ ብጻየይ ዝኾነ ሰብን ተንስእ፥ ነቲ ጓሳ ውቐዓዮ፥ እተን ኣባጊዕ ከኣ ፋሕ ክብላ እየን፥ ኢደይ ድማ ኣንጻር እቶም ናእሽቱ ክመልስ እየ፥ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።"

<u>ማቴ፥26፥31</u> ፦ "ሽዑ ኢየሱስ፥ ንጓሳ እወቕዮ፥ እተን ኣባጊዕ መጋሰ ድማ ፋሕ ይብላ፥ ተጽሒፉ ኣሎ እሞ፥ በዛ ለይቲ እዚኣ ኹላትኩም ብኣይ ክትዕንቀፉ ኢኹም።"

<u>ዮሃ፥16፥32</u> ፦ "እንሆ፥ ኵላትኩም ነንበይውንኹም ነናብ ሰፍራኹም ኣትዝረዉላ፥ ንበይነውን እትሓድጉላ ጊዜ ትመጽእ ኣላ፥ ድሮ እኳ መጺኣ። ግናኸ ኣቦይ ምሳይ እዩ እሞ፥ በይነይሲ ኣይኰንኩን።"

8. ኣብ ቅድሚ ክሰስቱ ሰቕ ከም ዝብል

<u>ኢሳ፡53፡7</u> ፡- “መከራ ጸገበ፡ ርእሱ ኣዋረደ ኣፉውን ኣይከፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዝኽብከብ ገንሸል፡ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣኣፉ ኣይከፈተን።”

<u>ማቴ፡27፡12</u> ፡- “ሊቃውንቲ ካህናት ዓበይቲትን ክኸስዎ ከለው፡ ንሱ ብሕም ኢሉ ኣይመለሰን።”

<u>ሉቃ፡23፡9</u> ፡- “ብናይ ብዙሕ ነገር ከኣ ሓተቶ፡ ንሱ ግና ሓንቲ እኳ ኣይመለሰሉን።”

**9. ከም ዝሀረምን ከም ዝግረፍን**

<u>ኢሳ፡52፡14</u> ፡- “ብዙሓት ብኣኻ ከም እተገረሙ፡ ትርኢቱ ካብ ካልኦት ሰብ ሕሱር ነበረ። መልክዑ ድማ ካብ ካልኦት ደቂ ሰብ ሓመቐ።”

<u>ማቴ፡27፡26</u> ፡- “ሽዑ ንበርባን ፈትሓሎም፡ ንኢየሱስ ግና ገሪፉ ፡ ክስቀል ኣሕሊፉ ሃቦም።”

**10. ኣብ ገጹ ጡፍ ከምዝብሉሉ**

<u>ኢሳ፡50፡5,6</u> ፡- “ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ፡ ሓዊና። ኵላትና ከም ኣባጊዕ ተባረርና፡ ነፍሲ ወከፍ፡ ነናብ መገዱ ዘምበለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ዅላትና ኣብኡ ኣውደቐ።”

<u>ማቴ፡26፡67</u> ፡- ድሕርዚ ኣብ ገጹ ጡፍ በሉሉ። ገሊኦም ድማ ጸፍዕዎ፡”

<u>ማቴ፡27፡30</u> ፡- “ጡፍውን በሉሉ፡ እቲ ዘንጊ ኣግዲፎም ከኣ ርእሱ ወቕዕዎ።”

**11. ኣብ ገጹ ከም ዝሀረም**

<u>ሚክ፡5፡1</u> ፡- “ኣቲ ጓል ጭፍራ፡ ጭፍራኺ ኣክቢ፡ ብኽቢ ይኸቡና፡ ነቲ ፈራዲ እስራኤል ብበትሪ ምዕጕርቱ ይወቕዕዎ።”

<u>ማቴ፡27፡30</u> ፡- “ጡፍውን በሉሉ፡ እቲ ዘንጊ ኣግዲፎም ከኣ ርእሱ ወቕዕዎ።”

**12. ከም ዝስቀል**

<u>መዝ፡22፡16</u> ፡- “ኣኽላባት ከቢቦምኒ፡ ኣኼባ ገበርቲ እከይ ኣማእኪሎምኒ፡ ነእዳወይን ነእጋረይን ሸንኪሮምዎ እዮም እሞ፡”

<u>ማቴ፡26፡2</u> ፡- “ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ፋስጋ ምዃኑ ትፈልጡ ኣሎኹም፡ ንወዲ ሰብ ድማ ክስቀል፡ ነህዛብ ኣሕሊፎም ክህብዎ እዮም።”

**<u>ዮሃ፥3፥14</u>** ፥- "ብእኡ ዝኣምን ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ ኣምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ክስቀል ይግባእ እዩ።"

**13. መጺጽ ወይንን ሓሞትን ከም ዘስትይዎ**

**<u>መዝ፥69፥21</u>** ፥- "ኣብ መብልዔይ ሓሞት ገበሩ። ኣብ ጽምኤይውን መጺጽ ኣስተዩኒ።"

**<u>ማቴ፥27፥34,48</u>** ፥- "ምስ ሃሞት እተሓሰ መጺጽ ወይኒ ክሰቲ ሃብዎ። ጥዒሙ ከኣ ምስታዩ ኣበየ።"

**<u>ሉቃ፥23፥36</u>** ፥- "እቶም ጭፍራውን የላግጹሉ ነበሩ፡ ናብኡ ቀሪቦም ድማ፡ ንሸኻ ንጉስ ኣይሁድ እንተ ኼንካስ፡ ርእሸኻ ኣድሕን፡ ኣናበሉ መጺጽ ኣምጽኡሉ።"

**14. ንኽዳውንቱ ከም ዝማቐልዎ**

**<u>መዝ፥22፥18</u>** ፥- "ንኽዳውንተይ ይማቐልዎ፡ ንቐምሽይውን ዕጻ የውድቑሉ።"

**<u>ማቴ፥27፥35</u>** ፥- "ምስ ሰቐልዎ ከኣ፡ ዕጭ ኣውዲቆም ድማ ይሕልውዎ ነበሩ።"

**15. ከም ዘላግጹሉን ከም ዝጸርፍዎን**

**<u>መዝ፥22፥7,12-13</u>** ፥- "ዝርእዩኒ ዘበሉ ናባጭውለይ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ይተዓቈብ፡ እስኪ የናግሮ፡ ብሂግዎ እዩ እሞ፡ ንሱ የድሕኖ፡ ኢሎም ርእሶም እናነቕነቑ ከናፍሮም ይርምጥጡለይ ኣለዉ።"

**<u>ማቴ፥27፥39-42</u>** ፥- "ሓለፍቲ ድማ ርእሶም እናነቕነቑ፡ ኣታ ንቤተ መቕደስ ኣፍሪስካስ ብሰለስተ መዓልቲ እትሃንጻ፡ ርእሸኻ እስኪ ኣድሕን። ወዲ ኣምላኽ እንተ ኴንካስ፡ ካብ መስቀል ውረድ፡ እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ። ከምኡ ድማ ሊቃውንቲ ካህናት፡ ምስ ጸሓፍትን ዓበይትን ኰይኖም፡ ይላግጹሉ ነበሩ፡ ከምዚ ኢሎም፡ ንካልኦት ኣድሓኖም፡ ርእሱ ግና ከድሕን ኣይከኣለን። ንጉስ እስራኤል እንተ ኰይኑስ፡ ሕጂ ካብ መስቀል ይውረድ፡ ንሕና ከኣ ብእኡ ክንኣምን።"

**16. ብኸተርቲ ተማእኪሉ ከም ዝመውት**

**<u>ኢሳ፥53፥12</u>** ፥- "ነፍሱ ንሞት ስለ ዝወፈያ፡ ምስ በደለኛታት ከኣ ስለ እተቘጽረ፡ ስለዚ ግዲኡ ምስ ዓበይቲ ክመቕሎ እየ፡ ምርኮውን ምስ ሓያላት ክመቅል እዩ። ግናኸ ሓጢኣት ብዙሓት ጾረ፡ ምእንቲ በኣለኛታት ከኣ ለመነ።"

**<u>ማቴ፥27፥38</u>** ፥- "ሽዑ ክልተ ከተርቲ፡ ሓደ ብየማኑ ሓደ ድማ ብጸጋሙ፡ ምስኡ ሰቐሉ።"

**<u>ማር፥15፥27</u>** ፥- "ምስኡ ከኣ ክልተ ከተርቲ፡ ሓደ ብየማኑ ሓደ ከኣ ብጸጋሙ፡ ሰቐሉ።"

**ሉቃ፥22፥36,37** ፥- “በሎም፥ ሕጂ ግና ማሕፉዳ ዘለዎ ይማላእ፥ ከምኡውን ስንቂ። እቲ ዘይብሉ ከኣ ክዳኑ ሸይጡ ሰይፊ ይሻየጥ፥ ማለት እቲ ምስ ዓመጽቲ ተቝጽረ፥ ዝብል ጽሑፍ ኣባይ ክፍጸም ብግዲ እዩ፥ እብለኩም ኣሎኹ፥ እወ፥ እቲ ብዛዕባይ ቅድም እተባህለ ይፍጸም ኣሎ።”

**17. ምእንቲ ሓጢኣት ዓለም ከም ዝመውት**

**ኢሳ፥53፥5,8,10,12** ፥- “ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፥ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፥ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፥ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፥ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዌና።”

**ዳን፥9፥26** ፥- “ድሕሪ ስሳን ክልተን ሰሙን ከኣ መሲሕ ክቕተል እዩ፥ ንርእሱ ግና ኣይኮነን። ህዝቢ እቲ ዝመጽእ መስፍን ድማ ነታ ከተማን ነታ መቕደስን ከጥፍእ እዩ። መወዳእታ ጥፍኣት ከኣ ከም ውሒዝ ክመጽእ እዩ፥ ውግእ ክሳዕ መወዳእታ ክኸውን፥ ጥፍኣትውን ምዱብ እዩ።”

**ማቴ፥27፥50** ፥- “ኢየሱስ ከም ብሓድሽ ብዓብዩ ድምጺ ጨርሔ፥ ነፍሱ ድማ ወጸት።”

**ግብ፥8፥30-35** ፥- “ፊልጾስ ናብኡ ምስ ጐየየ፥ ነብዩ ኢሳይያስ ከንብብ ሰምዖ እሞ፥ እዚ እተንብቦስ ተስተውዕሎዶ ኣሎኻ? በሎ። ንሱ ከኣ፥ ሓደ እኳ ከይመሃረኒ፥ ከመይ ኢሉ ይኽኖነለይ? በለ። ንፊልጾስ ከኣ ደዪቡ ምስኡ ክቕመጥ ለመኖ። እቲ ዘንብቦ ዝነበረ ክፍሊ ጽሑፍ ከኣ እዚ እዩ፥ ከም በጊዕ ናብ ማሕረዲ ተሳሕበ፥ ኣብ ኢድ ቈራጺኡ ስቕ ከም ዝብል ገንሸል ከኣ፥ ከምኡ ኣፉ ኣይከፈተን። ብምውራዱ ፍርዱ ተሳዕረ፥ ህይወቱ ካብ ምድሪ ተመንቀሳ እያ እሞ፥ ንወለዶኡ መን ከዘንትዎ ይኽእል” እቲ ስሉብ ከኣ ንፊሊጶስ፥ እቲ ነብዩ ብዛዕባ መን እዩ ዝብል ዘሎ? ብዛዕባ ርእሱዶ ወይስ ብዛዕባ ካልእ እዩ ዝብል ዘሎ? እስኪ ንገረኒ፥ እልምነካ ኣሎኹ፥ ኢሉ መለሰሉ። ፊሊጶስ ከኣ ኣፉ ከፈተ፥ ካብዛ ጽሕፈት እዚኣ ጀሚሩ ድማ ብዛዕባ ኢየሱስ ወንጌል ሰበኸሉ።”

**1ቈረ፥15፥3** ፥- “እቲ ኣነ እተቐበልክዎ ቕድሚ ኩሉ ነጊረኩም እየ፥ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዝብልዎ፥ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ፥

**ገላ፥1፥3** ፥- “ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብቲ ከም ፍቓድ ኣቦና ኣምላኽ፥ ካብዛ ሕጂ ዘላ እኽይቲ ዓለም ምእንቲ ከድሕነና ኢሉ፥ ብሰሪ ሓጢኣትና ነፍሱ ዝሃበ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፥ ጸጋን ሰላምን ይውረድኩም።”

**1ጴጥ፥2፥23,24** ፥- ምስ ጸረፍዎ መሊሱ ዘይጸረፈ፥ መከራ ምስ ኣጽገብዎ ከኣ፥ ነቲ ብቕንዕና ዝፈርድ ደኣ ነገሩ ኣሕሊፉ ሃበ እምበር፥ ዘየፈራርሄ። ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ክንነብር፥ ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕጨይቲ ጾሮ፥ ብቑስሉ ኢኹም ዝሓዊኹም።”

**18. ካብ ኣዕጽምቱ ሓንቲ ኣኳ ከም ዘይትስበር**

**መዝ፥34፥20**፥- “ንሱ ንኵለን ኣዕጽምቱ ይባልሄን፥ ሓንቲ ኣኳ ኣይትስበረን።”

**<u>ዮሃ፤19፤32,33,36</u>** ፡- “ሽዑ እቶም ዓቀይቲ መጺኦም መሓኹልቲ እቲ ቀዳማይን ናይቲ ምስኡ እተሰቕለ ካልኣይን ሰበሩ። ናብ ኢየሱስ ምስ መጹ ግና፡ ሽዓ ከም ዝሞተ ርእዮም፡ መሓኹልቱ ኣይሰበርዎን። ... እቲ፡ ካብኡ ሓደ ዓጽሚ እኳ ኣይክሰብሩን እዮም፡ ዝብል ጽሑፍ ምእንቲ ክፍጸም እዩ እዚ ዝኾነ።”

**19. ኣብ እካልቱ ከም ዝውጋእ**

**<u>ዘካ፤12፤10</u>** ፡- “ኣብ ልዕሊ ቤት ዳዊትን ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነብሩን መንፈስ ጸጋን ምህለላን ክኽዑ እየ፡ ንሳቶም ከኣ ንኣይ፡ ነቲ ዝወግእዎ ክጥምቱ እዮም፡ ከምቲ ንሓደ ውሉዱ ዝበኽየሉ ክበኽዩሉ፡ ከምቲ ንበሾሪ መሪር ሃዘን ዝሓዝነሉ ኣምሪሮም ክሓዝኑሉ እዮም።”

**<u>ዮሃ፤19፤34,37</u>** ፡- “ሓደ ካብቶም ዓቀይቲ ግና ጐድኑ ብኹናት ወግኦ፡ ብኡብኡ ከኣ ደምን ማይን ወጸ። ... ካልእ ጽሑፍውን፡ እቶም ዝወግእዎ ክርእይዎ እዮም፡ ይብል እዩ።”

**20. መቓብሩ ምስ ሃብታማት ከም ዝኸውን**

**<u>ኢሳ፤53፤9</u>** ፡- “እከይ ዘይገበረ፡ ሓሶት ከኣ ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ ክነሱስ፡ መቓብሩ ምስ ረሲኣን ገበሩ፡ ብሞቱ ግና ምስ ሃብታም ኰነ።”

**<u>ማቴ፤27፤57-60</u>** ፡- “ምስ መሰየ ድማ፡ ዮሴፍ ዝብሃል ሃብታም ሰብኣይ ካብ ኣርማትያስ መጸ። ንሱ ከኣ ወደ መዝሙር ኢየሱስ ኮይኑ ነበረ። ንሱ ናብ ጲላጦስ ከይዱ ስጋ ኢየሱስ ለመኖ። ሽዑ ጲላጦስ ክህብዎ ኣዘዘ። ዮሴፍ ነቲ ስጋኡ ወሲዱ፡ ብሓድሽ በፍታ ገነዞ። ንርእሱ ኢሉ ኣብ ከውሒ ኣብ ዘውቀሮ ሃድሽ መቓብር ኣኣንበሮ ከደ።”

ብዘይካዚ ናይ ብሉይ ኪዳን ትንቢታት፡ እቲ ሽዑ ዝነበረ ናይ መስዋእቲ ስርዓትውን ናኣገዳስነት ሞት ክርስቶስ ዘንጸባርቕ ስርዓት እዩ ነይሩ። እቲ ዘመን ምቕናዕ ናይ ክርስቶስ ክሳዕ ዝመጽእ እዚ ምስ መባልዕን መስቴታትን ምሕጻብን ዝተተሓሓዘ ናይ መስዋእቲ ስርዓት ከም ምሳሌ ኮይኑ ዘገልግል እዩ ዝነበረ። ነፍሲ ወከፍ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተፈጸመት መስዋእቲ፡ ብዘይካቲ ጐደሎ መስዋእትታት፡ ናይ ክርስቶስ መስዋእቲ ምሳሌ እኳ እንተኮነ ብፍላይ ግን እዞም ዝስዕቡ መስዋእትታት ብብቕዓት ናይቲ መስዋእትን ናይቶም ዝሰውኡን ኣዝዩ ዕዙዝ ምሳሌታት እዮም ነይሮም።

**1. መስዋእቲ ኣቤል**

***<u>ዘፍ፤4፤4</u>*** ፡- “ኣቤል ከኣ ካብ በኹራት ኣባጊዑን ካብ ስብሐንን ኣምጽአ። እግዚኣብሄር ድማ ናብ ኣቤልን ናብ መስዋእቱን ባህ ኢ ልዎ ረኣየ።”

**2. መስዋእቲ ኣብርሃም (ኣብ ሞሬብ)**

***<u>ዘፍ፤22፤13</u>*** ፡- “ኣብርሃም ድማ ዓይኑ ቋሕ ኣበለ፡ እንሆ ከኣ፡ ኣብ ድሕሪኡ ቀርኑ ብሓረግ እተታሕዘ ድዑል ረኣየ። ኣብርሃም ድማ ከይዱ፡ ነቲ ድዑል ወሲዱ፡ ኣብ ክንዲ ወዱ ንዝሓርር መስዋእቲ ሰውአ።”

### 3. ገንሸል ፋሲካ ናይ ግብጺ

***<u>ዘጸ፥12፥1-28</u>*** ፡- "እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ኣሮንን ኣብ ምድሪ ግብጺ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፥ እዛ ወርሒ እዚኣ ንኣኻትኩም መጀመርታ ኣዋርሕ ትኹን፥ ንሳ መጀመርታ ኣዋርሕ ዓመት ትኹንኩ ም። ንኹሉ ኣኼባ እስራኤል ከምዚ ኢልኩም ተዛረቡ፥ ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ብዓስረይቲ መዓልቲ ነፍሲ ወከፍ ንቤት ኣቦ ሓደ ገንሸል፥ ነንቤት ሓደ ገንሸል ይውሰድ። እቶም ስድራ ቤት ንሓደ ገንሸል ዘውሕዱ እንተ ኾኑ፥ ንሱን እቲ ንቤቱ ዝቐረበ ጐረቤቱን ብቝጽሪ ነፍሳት ሓደ ይውሰድ። ነፍሲ ወከፍ ከም ዝበልዕ መጠን ኣብቲ ገንሸል ቍጸሩ። ዓመት ዝገበረ፥ ጕደሎ ዘይብሉ ተባዕታይ ገንሸል ይኹነልኩም። ካብ ኣባጊዕ ወይ ካብ ኣጣል ትወስዱ። ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ከኣ ክሳዕ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ሓልውዎ። ሽዑ ኹሉ እቲ እኩብ ማሕበር እስራኤል ክመሲ ከሎ ይሕረዶ። ኣብታ ዝበልዓ ቤት ድማ፥ ካብቲ ደሙ ወሲዶም፥ ንኽልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን ነቲ ላዕላይ ልዳትን ይልከይዎ። ነቲ ስጋኡ ድማ በታ ለይቲ እቲኣ ይብልዕዎ፥ ብሓዊ ጠቢሶም፥ ምስ ቅጫን ምስ መሪር ሓምልን ይብልዕዎ። ምስናይ ርእሱን ኣእጋሩን ከብዱን ብሓዊ ይጠበስ እምበር፥ ካብቲ ዝሕሳ ኲነ፥ ካብቲ ብማይ ዝበሰለ ኣይትብልዑ። ካብኡ ድማ ገለ እኳ ክሳዕ ንግሆ ኣይትርፉ። እቲ ካብኡ ክሳዕ ንግሆ ዝተረፈ ከኣ ብሓዊ ኣንድድዎ። ከምዚ ጌርኩም ድማ ክትበልዕዎ ኢኹም፥ ሓቓቕኹም ተዐጢቕኩም፥ ኣሳእንኩም ኣብ ኣእጋርኩም፥ ኣባትርኩም ከኣ ኣብ ኣእዳውኩም ሒዝኩም፥ ቀልጢፍኩም ብልዕዎ ንሱ ፋስጋ እግዚኣብሄር እዩ። በዛ ለይቲ እዚኣ ብምድሪ ግብጺ ክሓልፍ እየ፥ ካብ ሰብ ክሳዕ እንስሳ፥ ንኹሉ በዅሪ ሃገር ግብጺ ክወቅዕ እየ። ኵሎም በዅሪ ሃገር ግብጺ ክወቅዕ እየ። ኣብ ኵሎም ኣማልኽቲ ግብጺ ክወቅዕ እየ። ኣብ ኩሎም ኣማልኽቲ ግብጺ ከኣ ፍርድታት ክገብር እየ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። ንምድሪ ግብጺ ምስ ዝወቅዕ ድማ፥ ኣብተን ዘሎኹምወን ኣባይቲ እቲ ደም ምልክት ይኹንኩም፥ ነቲ ደም ርእየ ኽሓልፈኩም እየ። እቲ ዘጥፍእ መዓትውን ኣብኻትኩም ኣይከውንን። እዛ መዓልቲ እዚኣ ድማ ንመዘከርታ ትኹነልኩም፥ ንእግዚኣብሄር ከኣ ተብዕልዋ። ሕጊ ዘለኣለም ጌርኩም ንውሉድ ወለዶ ኣብዕልዋ። ሾብዓተ መዓልቲ ቅጫ ትበልዑ። ካብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ክሳዕ እታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ብኹዕ ዝበልዕ ዘበለ፥ እታ ነፍሲ እቲኣ ካብ እስራኤል ክትቍረጽ እያ እሞ፥ በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ነቲ ማይ ብሑቕ ካብ ኣባይትኹም ኣውጽኡ። በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ቅዱስ ኣኼባ፥ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ድማ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም። ብኣታተን ገለ ዕዮ ኣይገበር። እቲ ንነፍሲ ወከፍ ዝበልዖ፥ ንሱ ጥራይ ይተዓየየልኩም። ነዚ በዓል ቅጫ ሓልውዎ። በዛ መዓልቲ እዚኣ ንሰራዊትኩም ካብ ምድሪ ግብጺ ኣውጺአዮ እየ እሞ፥ ነዛ መዓልቲ እዚኣ ንውሉድ ወለዶ ሕጊ ዘለኣለም ጌርኩም ሓልውዋ። ኣብታ ቀዳመይቲ ወርሒ፥ ካብታ ወርሒ ድማ ብመበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ምሸት፥ ክሳዕ መበል ዕስራን ሓደን መዓልቲ ምሸት ኣብታ ወርሒ፥ ቅጫ ክትበልዑ ኢኹም። ወሰንተኛ እንተ ኾነ፥ ወይ ወዲ ዓዲ ብኹዕ ዝበልዔ ዘበለ፥ እታ ነፍሲ እቲኣ ካብ ኣኼባ እስራኤል ክትቍረጽ እያ እሞ፥ በተን ሾብዓተ መዓልቲ ኣብ ኣባይትኹም ማይ ብሑቕ ኣይረኸብ። ገለ እኳ ብኹዕ ኣይትብልዑ፥ ኣብ ኩሉ እትነብርዎ ቅጫ ብልዑ። ሙሴ ድማ ንኹሎም ዓበይቲ እስራኤል ጸዊዑ በሎም፥ ነንማይ ቤትኩም ገንሸል ሓሪኹም ውሰዱ እሞ ፋስጋ ሕረዱ። ዕትርቲ ስምዕዛ ውሰዱ፥ ኣብቲ ኣብ ጭሔሎ ዘሎ ደም ከኣ ጥምዕዎ፥ ነቲ ላዕላይ ልዳትን ንኽልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን በቲ ኣብ ጭሔሎ ዘሎ ደም ልኸይዎ። ክሳዕ ብጊሓት ድማ ካባኻትኩም ሓደ ሰብ እኳ ካብ ኣፍ ቤቱ ኣይውጻእ። እግዚኣብሄር ንግብጻውያን ክወቅዕ ክሓልፍ እዩ እሞ፥ ነቲ ደም ኣብ ላዕላይ ልዳትን ኣብ ክልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን ምስ ረኣየ፥ እግዚኣብሄር ነታ ደገ ክሓልፋ እዩ፥ ነቲ ዘጥፍእ ድማ ናብ ቤትኩም ኣትዩ ክ ወቕዓኩም ኣይሓድጎን። እዚ ነገርዚ ንኣኻን ንደቅኻን ሕጊ ዘለኣለም ጌርኩም ሓልውዎ። ክኸውን ከኣ እዩ፥ ናብታ እግዚኣብሄር

ዝህበኩም ምድሪ ምስ ኣቶኹም፡ ከምቲ እተዛረቦ፡ ነዚ ኣገልግሎት እዚ ሓልዉ። ኽኸውን ድማ እዩ፡ ደቅኹም፡ እዚ ኣገልግሎትኩም እንታይ እዩ? ምስ ዝብሉኹም፡ ንሸኻትኩም ከኣ፡ እዚ ነቲ ንግብጻውያን ክወቅዕ ከሎ፡ ኣብ ግብጺ ኣባይቲ ደቂ እስራኤል ዝሓለፈ፡ ኣባይትና ድማ ዘድሓነ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ፋሲጋ እዩ፡ ትብሉ። እቲ ህዝቢ ከኣ ፍግም ኢሉ ሰገደ። ደቂ እስራኤል ድማ ከይዶም ከምኡ ገበሩ። ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴን ንኣሮንን ዝኣዘዞም ገበሩ።"

**4. ሌዋውያን መስዋእትታት**

***ዘሌ፡1፡7*** ፦ "ደቂ ኣሮን፡ እቲ ካህን ድማ ኣብ መሰውኢ ሓዊ ይእጉድ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓዊ ከኣ ዕጨይቲ ይጸፍጽፉ።"

**5. መስዋእቲ ማኖኣ**

***መሳ፡13፡16-19*** ፦ "እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ንማኖኣ፡ እንተ ኣጽናሕካኒውን ካብ እንጌራኻስ ኣይበልዕን እየ። ዝሓርር መስዋእቲ ክትገብር እንተ ደሌኻ ድማ፡ ንእግዚኣብሄር ኣዕርገሉ፡ በሎ። ማኖኣ ግና መልኣኽ እግዚኣብሄር ምዃኑ ኣይፈለጠን ነበረ። ማኖኣ ድማ ነቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር፡ እቲ ቃልካ ምስ ተፈጸመ፡ ምእንቲ ከነኽብረካስ፡ ስምካ መን እዩ? በሎ። እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ፡ ስለምንታይከ ስመይ እትሓትት? ንሱ መንክር እዩ፡ በሎ። ማኖኣ ድማ ማሕስእን መስዋእቲ ብልዕን ወሲዱ፡ ኣብ ከውሒ ንእግዚኣብሄር ኣዕረገሉ። ሽዑ ማኖኣን ሰበይቱን እናረኣዩ ተኣምራት ገበረ።"

**6. ዓመታዊ መስዋእቲ ኤልቃና**

***1ሳሙ፡1፡21*** ፦ "እቲ ሰብኣይ ኤልቃና ድማ ምስ ብዘላ ቤቱ ናይ ዓመት መስዋእቲ ሕሩድን መብጽዓኡን ንእግዚኣብሄር ክስውእ ደየበ።"

**7. መስዋእቲ ሳሙኤል**

***1ሳሙ፡7፡9*** ፦ "ሳሙኤል ድማ ሓደ ዝጠቡ ዕየት ወሲዱ፡ ምሉእ ዝሓርር መስዋእቲ ገይሩ ንእግዚኣብሄር ኣዕረገሉ። ሳሙኤል ከኣ ምእንቲ እስራኤል ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ፡ እግዚኣብሄር ድማ ምላሽ ሃቦ።"

***1ሳሙ፡16፡2-5*** ፦ "ሳሙኤል ከኣ፡ ሳኦል እንተ ሰምዐ፡ ክቐትለኒ እዩ፡ ከመይ ኢለ ክኸይድ? በለ። እግዚኣብሄር ድማ፡ ኣርሒ ተማላእ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ክስውእ ኢለ መጺአኹ፡ በል። ንእሴይ ከኣ ናብቲ መስዋእቲ ጸውዓዮ፡ እቲ እትገብሮ ድማ ኣነ ክነግረካ እየ፡ ነቲ ዝብለካ ከኣ ቅብኣለይ፡ በለ። ሳሙኤል ድማ እቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ገበረ፡ ናብ ቤት-ልሄም ከኣ መጸ። እቶም ዓበይቲ እታ ከተማ ድማ ራዕራዕ እናበሉ ተቐባበልዎ፡ ብሰላምዶ መጺእካ? ከኣ በሉ። ንሱ ድማ፡ ብሰላም እየ፡ ንእግዚኣብሄር ክስውእ ደኣ መጺአ፡ ተቐደሱ፡ ምሳይውን ናብቲ መስዋእቲ ምጹ፡ በለ። ሽዑ ንእሴይን ንደቁን ቀደሶም፡ ናብቲ መስዋእቲ ድማ ጸውዖም።"

**8. መስዋእቲ ዳዊት**

***2ሳሙ፡6፡18*** ፡- "ዳዊት ድማ ዝሓርር መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ኣዕሪጉ ምስ ወድአ፡ ንቲ ህዝቢ ብስም እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ባረኾ።"

**9. መስዋእቲ ኤልያስ**

***1ነገ፡18፡38*** ፡- "ሽዑ ሓዊ እግዚኣብሄር ወረደ፡ ንቲ ዝሓርር መስዋእትን ንቲ ዕጨይትን ንቲ ኣእማንን ንቲ ሓመድን ድማ በልዩ፡ ንቲ ኣብ ጒድጓድ ዝነበረ ማይውን ለሓሶ።"

**10. መስዋእቲ ህዝቅያስ**

***2ዜና፡29፡21-24*** ፡- "ምእንቲ መንግስትን ምእንቲ እቲ መቕደስን ምእንቲ ይሁዳን ድማ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ዝኾኑ ሾብዓተ ብዕራይን ዲቢላን ኣቕረቡ። ኣብቲ መሰውኢ እግዚኣብሄር ክስውእዎም ከኣ፡ ንቶም ካህናት ደቂ ኣሮን ኣዘዞም። ሽዑ ንቶም ኣብዑር ሓረድዎም፡ ካህናት ድማ ንቲ ደም ተቐቢሎም ናብቲ መሰውኢ ነጸግዎ፡ ንቶም ደዓውልውን ሓሪዶም ንቲ ደም ናብ መሰውኢ ነጸግዎ። ንቶም ገናሽል ከኣ ሓሪዶም፡ ንቲ ደም ናብ መሰውኢ ነጸግዎ። ንቶም ዲቤላታት መስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ናብ ቅድሚ ንጉስን ማሕበርን ኣቕረብዎም፡ ኣእዳዎም ከኣ ኣብ ልዕሊኦም መስዋእትን መስዋእቲ ሓጢኣትን ምእንቲ ብዘሎ እስራኤል ክግበር ኣዚዙ ነበረ እሞ፡ እቶም ካህናት ሓረድዎም፡ በቲ ደሞም ከኣ ንብዘሎ እስራኤል ንመተዓረቒ ዝኸውን መስዋእቲ ሓጢኣት ኣንበሩ። እቲ ንጉስሲ ንቲ ዝሓርር መስዋእቲ ኣብቲ መሰውኢ ሰውኡ።"

**11. መስዋእትታት ዘሩባቤልን ኢያሱን**

***እዝ፡3፡3-6*** ፡- "ንቲ መሰውኢ ከኣ ኣብቲ ቦታኡ ኣንበርዎ። በቶም ኣብ ከባቢኦም ዘለው ህዝብታት እታ ሃገር ተሸቢሮም ነበሩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ዝሓርር መስዋእቲ ኣብ ልዕሊኡ ኣዕ ረጉ፡ ብጊሓትን ምሸትን ኣዕረጉ። ከምቲ ጽሑፍ ድማ በዓል ዳስ ኣብዓሉ፡ ከምቲ ነንመዓልቲ እተመደበ ቊጽሪ፡ መዓልቲ ንመዓልቲ ዝሓርር መስዋእቲ ኣዕረጉ። ድሕርዚ ድማ እቲ ናይ ወርትግ ዝሓርር መስዋእትን ናይ ሰርቂ ወርሕን ናይ ኩሉ ቅዱስ በዓላት እግዚኣብሄርን ንቲ ናይ ኵሎም ናይ ፍቓድ መስዋእቲ ንእግዚኣብሄር ፈትዮም ዝስውእዎን ኣዕረጉ። ካብታ ሳብዐይቲ ወርሒ፡ ብቀዳመይቲ መዓልቲ፡ እቲ ንእግዚኣብሄር ዝሓርር መስዋእቲ ከዕርጉ ጀመሩ። መቕደስ እግዚኣብሄር ግና ኣይተመስረተን ነበረ።"

**12. መስዋእቲ ነህምያ**

***ነህ፡10፡32-33*** ፡- ንኣገልግሎት ቤት ኣምላኽና፡ ንእንጌራ ምርኣይን ንቲ ናይ ወርትግ መስዋእቲ ብልዕን ንቲ ወርትግ ዝሓርር መስዋእትን ናይ ሰናብትን ናይ ሰርቂ ወርሕን ናይ ምዱባት በዓ ላትን ናይ ቅዱስ ነገርን ንመተዓረቒ እስራኤል ዝኸውን መስዋእቲ ሓጢኣትን ኹሉ ዕዮ ቤት ኣምላኽናን ዝኸውን በብዓመት ሲሶ ሚትቃል ክንህብ፡ ኣብ ርእስና ትእዛዝ ጸዓንና።"

13. መስዋእትታት ናይ ርእሱ ኣቦታት (ብሓፈሻ)

**<u>ዘፍ፡8፡20</u>** ፡- ኖህ ድማ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ፡ ካብ ንጹህ እንስሳ ዘበለን ካብ ኵለን ንጹሃት ኣዕዋፍን ወሲዱ ከኣ ዝሓርር መስዋእቲ ኣብ መሰውኢ ኣዕረገ።”

**<u>ዘፍ፡12፡8</u>** ፡- “ካብኡ ናብቲ ኣብ ምብራቕ ቤት-ኤል ዘሎ ከረን ተጓዒዙ ድማ፡ ኣብኡ ድንኳኑ ተኸለ፡ እሞ ቤት-ኤል ብሸንኽ ምዕራብ፡ ሕኣይ ከኣ ብምብራቑ ኰና። ኣብኡ ከኣ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ፡ ብስም እግዚኣብሄውን ተማህለለ።”

**<u>ዘፍ፡26፡25</u>** ፡- “ኣብኡ መሰውኢ ሰሪሑ ከኣ፡ ብስም እግዚኣብሄር ተማህለለ፡ ኣብኡውን ድንኳኑ ተከለ። ግዙኣን ይስሃቅ ድማ ኣብኡ ሜላ ኹዐቱ።”

**<u>ዘፍ፡33፡20</u>** ፡- “ኣብኣ መሰውኢ ኣቘሙ ከኣ፡ ኤል-ኤሎሄ-እስራኤል ኣውጽኣሉ።”

**<u>ዘፍ፡35፡7</u>** ፡- “ኣብኣ ድማ መሰውኢ ነደቐ። እቲ ካብ ቅድሚ ሓዉ ክሃድም ከሎ፡ ኣምላክ ኣብኣ ስለ ዝተገልጸሉ፡ ነታ ቦታ ኤል-ቤት-ኤል ኣውጽኣላ።”

## 2. ኣብ ሓድሽ ኪዳን እቲ ቀንዲ ታሪኽ እዩ፡

ከምቲ ሃዋርያ ዮሃንስ “ኢየሱስ ዝገበሮ ግብሪ ድማ ብዙሕ ካልእ ኣሎ። ኩሉ በብሓደ ተጻሒፉ እንተዝኸውንሲ ነቲ እተጻሕፈ መጻሕፍቲ ኩላ እዛ ዓለም እኳ ኣይምኣኸለቶን ይመስለኒ።” ዝበሎ ጐይታ ዝበሎን ዝገበሮን መወዳእታ ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ወንጌል ተጻሒፉ ዘሎ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እኳ እንተ ኾነ፡ ንኹለንተና ናይ እግዚኣብሄር ንምግላጽ ግን ብመንፈስ ቅዱስ ጸኹልን ብቑዕን እዩ።

ካብቲ ኣብ ወንጌል ተጻሒፉ ዘሎ ታሪኽ ናይ ሰለስተ ዓመትን መንፈቕን፡ እታ ናይ መወዳእታ ናይ መከራ ሰሙን ጥራሕ ኣብ ወንጌል ሓሙሻይ ኢድ (1/5) ዝሓዘ እዩ። ከምቲ እተን ናይ መወዳእታ ሰለስተ መዓልታት ናይ ጐይታ ጊረን ዝተዘንተውኣ፡ እቲ 3 1/2 ዓመታት ከምኡ ጌሩ ተዘንትዩ እንተ ዝኸውን፡ ኣርባዕቲኡ ወንጌላት ጥራሕ 8400 ገጽ ምኾነ ነይሩ።

## 3. ስጋ ናይ ምልባሱ መሰረታዊ ዕላማ እዩ።

ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ስጋ ዝለበሰሉ ዕላማ ኣርኣያ ምእንቲ ክኾነና፡ ብኣካል መጺኡ ዶክትሪን ምእንቲ ክምህረናን ጥራሕ ኣይኮነን። ጐይታና ስጋ ዝለበሰሉ መሰረታዊ ዕላማ ብምኽንያት እቲ ዝለበሶ ስጋ ምእንታና ምእንቲ ክመውት እዩ። ስጋ ምስ ለበሶ ዝተፈጸመ ኩሉ ካልእ ዕላማታት ድሕሪ ናይ ሞት ዕላምኡ ዝፍጸም ካልኣዊ ዕላማ እዩ። ሞቱ ጸኒሑ ዝትሓሰበ ወይውን ብሃንደበት ከም ሓደጋ ዘጋጠመ ነገር ኣይኮነን። ስጋ ምልባስ ናይ መወዳእታ ሽቶ ዘይኮነስ፡ ናብቲ ናይ መወዳእታ ሽቶ ንምብጻሕ እቲ መንገዲ ጥራሕ እዩ። ናይ መወዳእታ ሽቶ ናይ ክርስቶስ በቲ ዝለበሶ ስጋ ኣቢሉ ክመውት እሞ ብሞቱ ጌሩ ነቶም ጥፍኣት ምእንቲ ከድሕን እዩ።

**<u>ማር፡10፡45</u>** ፦ "ወዲ ሰብ ድማ ከገልግል ህይወቱውን በጃ ብዙሓት ክህብ እምበር፡ ከገልግልዎ ኢሉ ኣይመጸን፡ በሎም።"

**<u>እብ፡2፡9</u>** ፦ "ነቲ ብምኽንያት ስቅያት ሞቱ ካብ መላእኽቲ ገለ ቅሩብ እተታሕተ ኢየሱስ ግና፡ ብጸጋ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ኹሉ ሰብ ሞት ምእንቲ ክጥዕምሲ፡ ኣኽሊል ክብርን ግርማን ተኸሊሉ ንርእዮ ኣሎና።"

**<u>እብ፡2፡14</u>** ፦ "እምብኣርሲ ብሓቂ ንዘርኢ ኣብርሃም ኣልዓሎ እምበር፡ ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን እሞ፡ እቶም ውሉድ ብደምን ስጋን ካብ ዝሓብሩስ፡ ብሞቱ ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምእንቲ ክስዕር፡ ንሱውን ድያብሎስ እዩ፡ ነቶም ብፍርሃት ሞት ብዘሎ ዘመኖም ብባርነት ተታሒዞም ዝነበሩ ኩላቶም ሓራ ምእንቲ ከውጽኦም ኢሉ፡ ንሱውን ብእኡ ሓበሮም።"

**<u>እብ፡9፡26</u>** ፦ " ብዘይ እዝስ ካብ ምስራት ዓለም ጀሚሩ ብዙሕ ሳዕ መከራ ክጸግብ ምተገብኦ ነይሩ፡ ሕጂ ግና ብመስዋእቲ ርእሱ ንሓጢኣት ኪስዕር ኢሉ እዩ ኣብ መወዳእታ ዘመናት ሓደ ጊዜ እተገልጸ።"

**<u>1ዮሃ፡3፡5</u>** ፦ "ንሱ ንሓጢኣት ከርሕቖ ኢሉ ከም እተገልጸ፡ ትፈልጡ ኢኹም። ኣብኡውን ሓጢኣት የልቦን።"

## 4. ቀንድን ኣገዳስን መላለዩን ናይ ክርስትና እዩ።

ሞት ጐይታና እቲ ቀንዲ ሰብከትን መለለይን ናይ ክርስትና እዩ። ወንጌል ንሞት ከም ብስራት ዘዘንተወ እምነት እዩ። ወንጌል ማለት ብስራት ወይ ጥዑም ዜና ማለት እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ወንጌል ማለት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና ሞይቱ ከምዝተቐብረን ከምዝተንስአን ምኧኑ ገሊጹልና እዩ፡ ሰብ ምእንቲ ወይ ብሰሪ ሓጢኣቱ ክመውት ከም ዘየድልዮ ዘበስር እዩ።

ካልእ እምነታት ብዝና ወይ ዓወት ናይ መሰረቱ ይልለ። ክዝንቶ ዝኽእል ዝተማህዘ ወይ ዝተገብረ ዛንታ እንተ ዘየልዩ ነቲ እምነት እቲ ዝስዕቦ ኣይርከብን እዩ። ክርስትና ግን ክርስቶስ ምእንታኻ ሞይቱልካ ዝብል ዜና ሰሚዕካ እትስዕቦ እምነት እዩ። እቲ ኩሉ ዝኽእል ብቦታ ዘይድረት ሓያል ኣምላኽ ብድኻም ስጋ ብሓጺር ቁመትን ብጸቢብ ደረትን ተገሊጹ ምስ ተራእየ እዩ ስዓቢኡ እናዓበየ ዝከደ። ስለዚ ሞት ክርስቶስ መላለዩን ብስራትን ናይ ክርስትና እዩ።

## 5. ኣብ ሰማያት ዝለዓለ ኣገዳስነት ተዋሂብዎ።

ሞት ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ንዘለው ብሓጢኣት ንዝወደቑ ዘርኢ ሰባት ተባሂሉ ዝተፈጸመ እኳ እንተኾነ፡ ከም ኣብ ሰማያት ጌሩ ኣብ ምድሪ ዕላምኡን ኣገዳስነቱን ኣይነአረን። ሰባት ብዘለዎም ድኻም ምኽንያት ዘይተረድኦም ክንድቲ ዝግባእ ዝየስተውዓልዎ ስለ ዝኾኑ፡ ንእኡ ዝዳረግ ክብሪ ንምሃብ ኣይተኻእሎምን ኣብ ሰማያት ግን ዕቤትን ክብርን ናይዚ ፍጻሜ እዚ ኣዝዩ ብሩህ ስለ ዝነበረ፡ ይትረፍ ድሕነት መላእ ፍጥረት ሰብ፡ ድሕነት ሓንቲ ነፍሲ እኳ ንኣርያም ብሓጐስ ዝመልእ እዚ ንምጥማት ይብህጉ እዮም። ጐይታና

*ትሓሪዱ ነቶም ዝኣመንዎ ብደሙ ዓዲጉ ነቲ ማሕተም ምስ ፈትሐ ኣብ ሰማያት ዝነበረ ሓጕስን ሰማያዊ ኣገዳስነት ከም ዝነበሮ ዝሕብር መርትዖ እዩ።*

***ሉቃ፣15፣7,10*** *፡- ከምኡ ከኣ ንስሓ ካብ ዘይደልዩ ተስዓን ትሽዓተን ጻድቃንሲ፣ ብሓደ ዝንሳሕ ሓጥእ ኣኣብ ሰማይ ሓጐስ ኸኸውን እዩ፣ እብለኩም ኣሎኹ። ... ከምኡ ድማ ብሓደ ዝንሳሕ ሓጥእ ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ ኣምላኽ ሓጐስ ይኸውን እዩ፣ እብለኩም ኣሎኹ።"*

***1ጴጥ፣1፣10-12*** *፡- "ንኣኻትኩም እምበር፣ ንርእሶም ከም ዘየገልገሉ ተገልጸሎም። እዚውን በቶም፣ በቲ ካብ ሰማይ እተላእከ መንፈስ ቅዱስ ገይሮም፣ ወንጌል ዝሰበኹልኩም ሕጂ ተነግረልኩም፣ መላእኽቲ ናብኡ ክጥምቱ ይብህጉ እዮም።"*

***ራእ፣5፣8-11*** *፡- "ነቲ መጽሓፍ ምስ ወሰዶ ከኣ፣ እቶም ኣርባዕተ እንስሳን እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታትን፣ ነፍሲ ወከፎም መሰንቆን ዕጣን ዝመልአ ጽዋእ ወርቅን ሒዞም፣ እዚ ድማ ጸሎት እቶም ቅዱሳት እዩ፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸል ተደፍኡ። ንሳቶም ከኣ፣ ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኾኑ ሰባት ዓዲግካሉ ኢኻ፣ ንኣምላኽና ዝኾኑ መንግስትን ካህናትን ገቢርካዮም፣ ኣብ ምድሪ ድማ ክነግሱ እዮም እሞ፣ ንስኻ ነቲ መጽሓፍ ክትወስዶ፣ ነቲ መሓትሙውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ፣ እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ።"*

# ስፍሓት ሞት ክርስቶስ

*ስፍሓት ሞት ክርስቶስ ክንብል ከሎና፣ ሞት ክርስቶስ ንመን የጠቓልል ወይ ንመነመን እዩ ሞይቱ ኢልና ንሓትት ኣሎና ማለት እዩ። ሞት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘይምልከቶ ሰብ የለን። ስለዚ ንስፍሓት ሞት ኣብ ሓፈሻውን ፍሉይን ክልተ ነጥብታት ክንከፋፍሎ ንኽእል።*

## 1. ክርስቶስ ምእንቲ ምልእቲ ዓለም ሞይቱ

*ከምቲ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝገልጽዎ ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ኩላ ዓለም እዩ ሞይቱ። ምእንቲ ኩሎም ሓጥኣንን ምእንቲ ኩሎም ጻድቃንን ሞይቱ። ምእንቲ እቶም ንሱ ክመውት ከሎ ብህይወት ዝነበሩ ኩሎም፣ ምእንቲ እቶም ካብ ኣዳም ጀሚሮም ቅድሚ ሞቱ ዝሓለፉ ኩሎምን ምእንቲ እቶም ድሕሪ ሞቱ ዝተወልዱ ኩሎምን እዩ ዝሞተ። ስለዚ ኣብ ታሪኽ እዛ ዓለም እዚኣ ስሙ ዝተረቑሓ ሰብ ኩሉ ሞት ክርስቶስ ይብጽሖ እዩ። ክርስቶስ ክመውት ከሎ ዋጋ ናይ ነፍሲ ወከፍ ከፊሉ እዩ። ገሊኦም እቲ ዋጋ እቲ ምእንትኦም ከም ዝተኸፍለ ኣሚኖም ንእኡ ዝበቅዕ ካብ ሓጢኣትን ርኽሰት ናይዛ ዓለምን ተፈልዮም ብጽድቅን ቅድስናን ይነብሩ፣ ገሊኦም ከኣ እቲ ዋጋ እቲ ምእንትኦም ከም ዝተኸፍለ ከይፈለጡ፣ ወይውን ከይተቐበልዎ፣ ንዋጋ እቲ መስዋእቲ ኣቃሊሎም ኣብ ሓጢኣትን ርኽሰትን ይነብሩ። ካብዚ ዝኸፍአ ግን ናይዚ ክልቲኡ ህይወት ሕውስዋስ ዝኾነ፣ እቲ ውጋ ምእንትኡ ከም ዝተኸፍለ እናፈለጡ፣ ነቲ ዝተኸፍለሎም ዋጋ ዘይበቅዕ ህይወት ዝነብሩ ኣኣለው። ዓይነት ህይወቶም ብዘየገድስ፣ እቲ ንኹሎም ዝተኸፍለ ዋጋ ሓደን ማዕረን እዩ፣ ንሱ ከኣኣ ወርቅን ብሩርን ዘይኮነስ ክቡር ደም*

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ስለዚ ስፍሓት ሞት ክርስቶስ ንምልእቲ ዓለም ዝሓቁፍ እዩ።

***ዮሃ፡1፡29*** ፡- "ንጽብሒቱ ዮሃንስ ንኢየሱስ፡ ናብኡ ክመጽእ ከሎ፡ ረአዮ እሞ፡ እንሆ፡ ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ፡ በለ።"

***1ጢሞ፡2፡6*** ፡- "ብጊዜኡ ንዝኸውን ምስክር ንሱ ኣብ ክንዲ ኩሉ ክኸውን ኢሉ ነፍሱ በጃ ሃበ፡"

***ቲቶ፡2፡11*** ፡- "ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ እሞ፡ ንዅሉ ሰብውን ምድሓን ኣምጺኡ፡"

***እብ፡2፡9*** ፡- "ነቲ ብምኽንያት ስቅያት ሞቱ ካብ መላእኽቲ ገለ ቅሩብ እተታሕተ ኢየሱስ ግና፡ ብጸጋ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ዅሉ ሰብ ሞት ምእንቲ ክጥዕምሲ፡ ኣኽሊል ክብርን ግርማን ተኸሊሉ ንርእዮ ኣሎና።"

***2ጴጥ፡3፡9*** ፡- "ጐይታስ፡ ኩላቶም ናብ ንስሓ ክበጽሑ እምበር፡ ሓደ እኳ ክጠፍእ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ፡ ምእንታኻትኩም ይዕገስ ኣሎ እምበር፡ ከምቲ ንገሊኣቶም ዝድንጉ ዝመስሎም፡ ንተስፋኡ ኣየደንጉዮን እዩ።"

***1ዮሃ፡2፡2*** ፡- "ንሱ ድማ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ እዩ፡ ብናይ ሓጢኣት ኵላ ዓለም ድማ እዩ እምበር፡ ብናይ ሓጢኣትና ጥራይ ኣይኰነን።"

***2ቈረ፡5፡18-20*** ፡- "እዚ ዅሉውን ካብቲ ባዕሉ ብክርስቶስ እተዓርቀና፡ ኣገልግሎት ዕርቂውን ዝሃበና ኣምላኽ እዩ። ማለት፡ ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ክዓርቃ ከሎ፡ ኣብ ክርስቶስ ነበረ እሞ፡ በደሎም ኣይሓዘሎምን፡ ኣባና ከኣ ቃል ዕርቂ ኣንበረ። ስለዚ ንሕና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ልኡኻት ኢና እሞ ኣምላኽ ብኣና ገይሩ ይምዕድ ኣሎ። ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ። ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ፡ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኳንና ንልምነኩም ኣሎና።

## 2. ክርስቶስ ምእንቲ ሕሩያት ሞይቱ

ዋላ እኳ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ምልእቲ ዓለም እንተሞተ፡ ዓለም ብምልእታ ግን ነዚ ሞት እዚ ኣይደሓነትሉን። ንድሕነቶም ዝተፈጸመ ሞት ክርስቶስ፡ ንፍርዶም ዝኾነ ሰባት ቁጽሪ የብሎምን። ምእንትኡም ዝተኸፍለ ዋጋ ስለ ዝተሓሰምዎ ጥራሕ፡ ንድሕነት ናቶም ዘይምልከት ኮይኑ። ስለዚ በዚ ምኽንያት እዚ ሞት ክርስቶስ ነቶም ዝተቐበልዎ እሞ ብምኽንያት ንዝተሓርዩ ዝምልከት ጥራሕ ኮይኑ። ነቶም ዘይተቐበልዎ እቲ ሞት ንፍርዶም እምበር ንድሕነቶም ክሰርሕ ኣይክእልን እዩ። እዚ ሓቂዉዚ ድማ ክርስቶስ ምእንቲ እቶም ንዝተዓደጉላ ዕ ላማ ዝነብሩ ሕሩያት ሰባት ጥራሕ ከም ዝሞተ የረድኣና።

***1ዮሃ፡4፡10*** ፡- "ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና፡ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ ክኸውን ኢሉ ድማ ወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር፡ ንሕና ንኣምላኽ ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኰነን፡ እታ ፍቕሪ በዚ እያ።"

***ዮሃ፥17፥9*** ፡- "ኣነ ምእንትኦም እልምን ኣለኹ። ናትካ እዮም እሞ፣ ምእንቲ እዞም ዝሃብካኒ እምበር፣ ምእንቲ ዓለምሲ ኣይልምንን እየ።"

***ኤፌ፥5፥25*** ፡- "ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቀራ፣ ኣቱም ሰብኡ ት፣ ኣንስትኹም ኣፍቅሩ። ክርስቶስ ብቓሉ ገይሩ ብምሕጻብ ማይ ምስ ኣጽረያ ምእንቲ ክቕድሳ፣ ርስሓት ወይስ ዕጣር ወይስ ገለ ነዚ ዝመስል ዘይብላ፣ ብዘይ መንቅብ ቅድስትን ክብርትን ማሕበር ገይሩ ንእኡ ምእንቲ ከቕውማ ኢሉ፣ ርእሱ በጃኣ ሃበ።"

***2ጢሞ፥1፥9*** ፡- "ኣምላኽ ብፍቓድ ርእሱን በቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ቅድሚ ዘመናት ዓለም እተዋህበና ጸጋን ኣድሓነና ብቕዱስ ጽውዓውን ጸውዓና እምበር፣ ብግብርና ኣይኮነን።"

# ኣድላይነት ሞት ክርስቶስ

ሞት ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኽፍጸም ኣድላዩ ዝገበሮ ምኽንያት ክንፈልጥ ኣገዳሲ እዩ። ንሞት ክርስቶስ ኣድላዪ ዝገበሮ መለኮታውን ምድራውን ምኽንያታት ኣለው።

## 1. ብምኽንያት ቅድስና እግዚኣብሄር ተደላዪ ነይሩ።

እግዚኣብሄር ብባህሪኡ ቅዱስ እዩ። እቶም ብኣምሳሉ ዝተፈጥሩ ሰባት ከኣ ቅዱሳን ክኾኑ እዩ ድሌቱ። እንተኾነ ደቂ ሰባት ካብ ንቕድስና ብገዛእ ምርጭኦም ተወፈዩ። እግዚኣብሄር ግን ነቲ ንሰብ ዝፈጠረሉ መሰረታዊ ዕላማ ሸለል ክብል ስለ ዘይክእል ንደቂ ሰብ ናብቲ ዝተፈጥሩሉ ናይ ቅድስና ዕላማ ክመልሶ ዘይዕጸፍ ውሳኔኡ። ስለዚ ከኣ ገና ኣዳም ኣብ ሓጢኣት ካብ ዝወደቐሉ ጊዜ ጀሚሩ ንደቂ ሰባት ክርስቶስ ብሞቱ ከም ዘድሕነና ብትንቢትን ብጽላሎትን ገለጸልና። ንሓጢኣት ካብ ምጽልኡ ዝተላዕለ፣ ንሓጢኣት መወዳእታ ዝገብር መስዋእቲ ወዱ መደ።

**ዘሌ፥11፥44** ፡- "ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ እሞ፣ ተቐደሱ። ኣነ ቅዱስ እየ እሞ፣ ቅዱሳት ኩኑ። ኣብ ምድሪ ብዝዋሳወስ ኩሉ ለመምታ ነፍሳትኩም ኣይተርክሱ።"

**ምሳ፥15፥9** ፡- "እግዚኣብሄር ንመገዲ ረሲኣን ይፍንፍኖ፣ ጽድቂ ንዝስዕብ ግና የፍቅሮ።"

## 2. ብምኽንያት ፍቕሪ እግዚኣብሄር ተደላዪ ነይሩ።

እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ሰብ ዘለዎ ፍቕሪ መዘና ወይ መግለጺ ዝርከቦ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ንሰብ ክፈጥሮ ከሎ ካብቲ መልክዑን ኣምሳሉን ንእኡ ንበይኑ ኣካፊሉ ወዲ ሰብ ነቲ ብመልክዕን ምስልን ዝተፈጥሮ ፍጥረት ብሓጢኣት በኪሉ ምስ ኣጥፍኦ ድማ ነቲ ዝጠፍአ ባህርዩ ምእንቲ ክመልሰሉ፣ ንሓደ ወዱ በጃ ኩሉ ሰብ ኣሕሊፉ ክሳዕ ዝህብ ክሳዕ ክንድዚ ዓዘዘ። መጠንን ብዝሕን ናይዚ መወዳእታ ዘይብሉ ሓጢኣትና ንፍቕሩ ክዕብልሎ ኣይከኣለን። ኣብቲ ሓጢኣት ዝዓዘዞ ኣብኡ ብዝበለጸ ጸግኡን ፍቕሩን ኣዝዩ ዓዘዘ። እቲ ዕዙዝ ፍቕሩ ኣብ ክንዲ ፈተውቱ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ክንዲ ጸላእቱ ክመውት ኣኽኢልዎ እዩ። ምእንቲ ፈተውቱ

ዝመውት ከይስኣን ይኽእል እዩ። ምእንቲ ጸላእቱ ዝመውት ግና ብዘይካ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ካልእ ከቶ ኣይተረኽበን፡ እዚ ድማ እዩ ንፍቕሩ ፍሉይ ትርጉም ዘልብሶ። እቲ ዝለዓለ ፍቕሩ ዝገለጸልና፡ እቲ ናይ ሰብ ሓጢኣት ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ኣብ ዝበዝሓሉ እዋን እዩ። ኣብ መስቀል ሰቒሎም መጺጽ እናኣስተይዎን እናኣላገጹሉን ከለው፡ "ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ይቕረ በሎም" ብምባል ለመነ። (ሉቃ፡23፡34) ካብዚ ንላዕሊ እንታይ ዓይነት ፍቕሪ ክህሉ ምተኻእለ? ብከምዚ ዝዓይነቱ ፍቕሪ እንተዘይዕረቐና ተስፋ ወዲ ሰብ እንታይ ምኾነ?

**<u>ዮሃ፡3፡16</u>** ፡- "ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።"

**<u>1ዮሃ፡3፡1</u>** ፡- "ርኣዩ ውሉድ ኣምላኽ ክንብሃል፡ እቲ ኣቦ ከመይ ዝበለ ፍቕሪ ሃበና፡ ከምኡውን ኢና። ስለዚ ከኣ ዓለም ንእኡ ኣይፈለጠቶን እሞ፡ ንኣና ኣይትፈልጠናን እያ።"

**<u>ሮሜ፡5፡6-10</u>** ፡- "ገና ድኹማት ከሎና፡ ክርስቶስ ብጊዜኡ ምእንቲ ዓመጽቲ ሞተ። ኣብ ክንዲ ሓደ ጻድቕ ዝመውት እኳ ዝርከብ ኣይመስልን፡ እንድዒ ኣብ ክንዲ እቲ ጽቡቕ ዝገበረሉ ክመውት፡ ዝደፍርሲ ምናልባሽ ኣይምተሳእነን ይኽቅንቦ። ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ። እምብኣርሲ ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ደኣ፡ ክንደይ ካብቲ ቍጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን። ጸላእቲ ከሎና፡ ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዐረቕና፡ ካብ ተዐረቕና ደኣ፡ ክንደይ ብህይወቱ ኣዚና ዘይንድሕን።"

## 3. ብምኽንያት ፍትሒ ኣምላኽ ተደላዪ ነይሩ

እግዚኣብሄር ዋላ ኣዝዩ እንተ ኣፍቀረ ንፍትሒ ይደፍን ማለት ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ንሓጥእ ኣፍቂሩ እንተ ኢልና፡ ንሓጢኣት ሸለል ኢሉ ነቲ በዳሊ ከም ንጹህ ርእይዎ ማለትና ኣይኮነን እግዚኣብሄር ንሓደ ባህርዩ ካብቲ ሓደ ባህርዩ ኣብሊጹ ወይ ኣንኢሱ ኣይርእን እዩ። እግዚኣብሄር ሚዛን ባህርያት ሓልዩ ዝኽይድ ኣምላኽ እዩ (ህሸባሸቦቀቅቃ)። ስለዚ ንፍትሑ ከይገሃሰ ንፍቕሩ ብዘይ ደረት ክገልጽ ዝኽእል ዓብይ ኣምላኽ እዩ። ነቲ ብሰባት ዝተፈጸመ ግቡእ ዓስቡ፡ ሞት ከይሃበ እግዚኣብሄር ሸለል ክብል ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ቃሉ ካብ ዝሓልፍ ሰማይን ምድርን ክሓልፍ ይቐልል። እንተ ኾነ ሰብ ንሞት ዝስዕረሉ ስለ ዘይብሉ፡ ሰባት ንዘለኣለም ኣብ ትሕቲ ሞት ክነብሩ ፍቕሩ ኣየኽእሎን እዩ። ስለዚ ነቲ ኩሉ ዝኽእል ንሞትውን ክስዕር ዝክእል ሓደ ወዱ ነቲ ዓሰቢ ሓጢኣትና ተቐቢሉ በጃና ክመውት ኣሕሊፉ ክሳዕ ዝህቦ ክሳዕ ክንድዚ ኣፍቀረና።

**<u>ዘጸ፡34፡6,7</u>** ፡- "እግዚኣብሄር ድማ ብቕድሚኡ ሓለፈ ከኣ፡ እግዚኣብሄር፡ እግዚኣብሄር፡ መሓርን ጸጋውን ኣምላኽ፡ ነዃሩ ደንጓይ፡ በዓል ብዙሕ ለውሃትን ሓቅን፡ ክሳዕ ሽሕ ወለዶ ጸጋ ዝሕሉ፡ ዓመጽን ምትሕልላፍን ሓጢኣትን ይቕረ ዝብል፡ ግናኸ ንበዳሊ ከም ንጹህ ዘይርኢ፡ ሓጢኣት ኣቦታት ደኣ ኣብ ደቅን ኣብ ደቂደቅን ክሳዕ ሳልሳይን ክሳዕ ራብዓይን ወለዶ ዝቐጽዕ።"

**<u>እብ፡9፡22,23</u>** ፡- "ከምቲ ሕጊ ኣስታት ኩሉ ብደም እዩ ዝጸሪ፡ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ። እምብኣርሲ ምስሊ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ነገር በዚ ክጸሪ፡ እቲ ሰማያዊ ንርእሱ ግና ካብዚ ብዝሔሸ መስዋእቲ ክጸሪ ናይ ግዲ ነበረ።"

<u>**ኢሳ፥53፥4-6**</u> ፥- ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ፡ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዐኖ፡ ንሕና ግና ከም እተወቕዔን ብእግዚኣብሄር ከም እተቐዝፈን ከም እተዋረደን ገርና ኣቋጸርናዮ። ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዊና። ኵላትና ከም ኣባጊዕ ተባረርና፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኹላትና ኣብኡ ኣውደቖ።"

## 4. ብምኽንያት ሓጢኣት ደቂ ሰብ ተደላዪ ነይሩ።

ክሳዕ ሕጂ ክንርእዮ ዝጸናሕና ኣድላይነት ሞት ክርስቶስ ብመንጽር እግዚኣብሄር እዩ። ኣብዛ ነጥቢ እዚኣ ድማ ኣድላይነት ሞት ክርስቶስ ብመንጽር ሰባት እዩ። ነቲ ዘድሕን መስዋእቲ ክርስቶስ፡ ሰባት ድማ ኣዝዮም ብሂጉምዎን ደልዮምዎን እዮም። ምኽንያቱ ሰብ ብሕልንኡ ሰናይ ክገብር እናደለየ ምግባር ይሰኣኖ ስለ ዝነበረ፡ ነዚ ዘኽእል መስዋእቲ ይጽበዮን ይብህጎን ነይሩ እዩ። ብዙሓት ቅዱሳን ብዛዕባ እዚ ድሕነት እዚ እናመርመሩን እናተነበዩን ብርሑቕ ይሳለምዎ ነበሩ። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ "ይዋእ ኣነ ምግዱር ሰብ ካብዚ ናይ ሞት ስጋስ መን ኮን ከድሕነኒ እዩ" ዝበለ፡ እዚ ናይ ነፍሲ ወከፍ ካብ ሓጢኣትን ሳዕቤኑን ክድሕን ናይ ዝደሊ ሰብ ሕቶ እዩ። ስለዚ ብምኽንያት ሓጢኣት ደቂ ሰባት ሞት ክርስቶስ ኣድላዪ ከም ዝነበረ ንርዳእ።

<u>**ሮሜ፥7፥22-24**</u> ፥- "ብናይ ውሽጢ ሰብሲ በቲ ሕጊ ኣምላኽ ባህ ይብለኒ እዩ። ግናኸ ኣብ ኣካላተይ ምስ ሕጊ መንፈሰይ ዝዋጋእ፡ ናብቲ ኣብ ኣካላተይ ዘሎ ሕጊ ሓጢኣት ኣቢሉውን ዝማርኸኒ ካልእ ሕጊ እርኢ ኣሎኹ። ይዋእ ኣነ ምግዱር ሰብ፡ ካብዚ ናይ ሞት ስጋስ መን ኰን ከድሕነኒ እዩ?"

<u>**እብ፥11፥13**</u> ፥- "እዚኦም ኵላቶም ነተን ተስፋታት ኣይረኸብወንን፡ ግናኸ ካብ ርሑቕ ርእዮም ተሳለምወን እሞ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃኖም እናተኣመኑ፡ ብእምነት ስደተኛታትን ምዃኖም እናተኣመኑ፡ ብእምነት ሞቱ።"

<u>**1ጴጥ፥1፥10-12**</u> ፥- "እቶም ብዛዕባ እቲ ንኣኻትኩም እተመደበ ጸጋ እተነበዩ ነብያት ብዛዕባ እዚ ምድሓን እዚ ደለዩን መርመሩን፡ እቲ ኣባታቶም ዝነበረ መንፈስ ክርስቶስ ብስቓይ ክርስቶስን በቲ ድሕሪኡ ዘሎ ክብርን ቀዲሙ ከም ዝመስከረ፡ ነየናይ ወይስ ንኸመይ ዝበለ ዘመን ከም ዘመልከተ እናመርመሩ፡ ንኣኻትኩም እምበር፡ ንርእሶም ከም ዘየገልገሉ ተገልጸሎም። እዚውን በቶም፡ በቲ ካብ ሰማይ እተላእከ መንፈስ ቅዱስ ገይሮም፡ ወንጌል ዝሰበኹልኩም ሕጂ ተነግረልኩም፡ መላእኽቲ ናብኡ ክጥምቱ ይብህጉ እዮም።"

# ውጽኢት ሞት ክርስቶስ

ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየን መዳርግቲ ዘይብሉን ውጽኢት ዘለዎ ነገር እንተልዩ ሞት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ሞቱ ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ ኮነ ኣብ መዓሙቕ ክይተረፈ ዘይልወጥን ዘይሃስስን ዘለኣለማዊ ውጽኢት ዘስዓበ እዩ። ንዝቕበልዎ ኩሉ በረኸት፡ ንዝነጽግዎ ኩሉ ፍርዲ ዘስዕብ፡ ንሰይጣን ንጥፍኣቱ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ድማ ንኽብሩን ንዕቤቱን ዘግንን ውጽኢት ሂቡ እዩ። ብሓፈሻ ውጽኢት ሂቡ እዩ። ብሓፈሻ ውጽኢት ሞት ጐይታና ኢየሱስ በዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ነጥብታት ክነጠቓልሎ ንኽእል።

## 1. ንሓጥኣን ድሕነቶም

ከምቲ ጐይታና ባዕሉ ዝበሎ፡ ንሓኪም ሕሙማት እምበር ጥዑያት ኣይደልይዎን እዮም። እቲ ዘሕዝን ግን ወዲ ሰብ ዝኾነ ኩሉ ሓጢኡስ ክብሪ ኣምላኽ ምስኣኑ እዩ። ጐይታ ድማ ኩሉ ሰብ ክድሕንን ናብ ፍልተት ሓቂ ክበጽሕን ዝፈቱ ስለ ዝኾነ፡ ንሕድገት ሓጢኣት ናይ ኩሎም ሓጥኣን ክብል ምእንታና ተሰውአ። ኣብ መስቀል ምእንታና ንደሙ ብምፍሳስ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና። ነቶም ብሞቱ ዝኣመንና ሞቱ ካብ ሓጢኣትን ሳዕቤኑን ኣድሒኑና እዩ። ጐይታ ኢየሱስ ምእንታና እንተዘይመውት እሞ፡ ነቲ ጽሕፈት ዕዳ ሓጢኣትና ከፊሉ እንተ ዘይድምሰሶ ብዛዕባ ድሕነትና ክንዛረብ ኣይምኸኣልናን።

**<u>ሉቃ፤5፤31,32</u>** ፡- "ኢየሱስ ከኣ ንሓኪምሲ ሕሙማት እምበር፡ ጥዑያት ኣይደልይዎን እዮም። ንሓጣኣን ናብ ንስሓ እምበር፡ ንጻድቃን ክጽውዕ ኣይመጻእኩን፡ ኢሉ መለሰሎም።"

**<u>ሮሜ፤3፤23</u>** ፡- "ኵሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም።"

**<u>1ጢሞ፤2፤3,4</u>** ፡- " እዚ ኣብ ቅድሚ እቲ ኩሉ ሰብ ክድሕን ናብ ፍልጠት ሓቂውን ክመጽእ ዝፈቱ እግዚኣብሄር መድሓኒና ጽቡቕን ቅቡልን እዩ።"

***<u>ኤፌ፤1፤7</u>*** ፡- "ብእኡ ብደሙ ምድሓን፡ ማለት፡ ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት ኣሎና።"

***<u>ገላ፤3፤13-14</u>*** ፡- "ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብኢየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ክኸውንሲ፡ ኣብ ዕንጸይቲ ዝስቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጻሒፉ ኣሎ እሞ፡ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኰይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና።"

***<u>ራእ፤5፤8-12</u>*** ፡- "ነቲ መጽሓፍ ምስ ወሰዶ ከኣ፡ እቶም ኣርባዕተ እንስሳን እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታትን፡ ነፍሲ ወከፎም መሰንቆን ዕጣን ዝመልአ ጽዋእ ወርቅን ሒዞም፡ እዚ ድማ ጸሎት እቶም ቅዱሳት እዩ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸል ተደፍኡ። ንሳቶም ከኣ፡ ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኾኑ ሰባት ዓዲግካሉ ኢኻ፡ ንኣምላኽና ዝኾኑ መንግስትን ካህናትን ገበርካዮም፡ ኣብ ምድሪ ድማ ክነግሱ እዮም እሞ፡ ንሸኻ ነቲ መጽሓፍ ክትወስዶ፡ ነቲ መሓትሙውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ፡ እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ። ርኤኹ ድማ፡ ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋንን እቶም ኣርባዕተ እንስሳን እቶም ሽማግሌታትን ድምጺ ብዙሓት መላእኽቲ ሰማዕኩ፡ ቍጽሮም ድማ ኣእላፍ ጊዜ ኣእላፍ፡ ኣሻሕ ጊዜውን ኣሻሕ እዩ። ዓው ብዝበለ ድምጺ ከኣ፡፡ እቲ እተሓርደ ገንሸል፡ ንሱ ስልጣንን ሃብትን ጥበብን ሓይልን ክብርን ግርማን ውዳሴን ክወስድ ብቑዕ እዩ፡ በሉ።"

## 2. ንኣመንቲ ቅድስናኦም

ነቶም ሞት ጐይታና ኢየሱስ ምእንትኦም ከም ዝተፈጸመ ኣሚኖም፡ ነቲ ጐይታና ዝሞተሉ ዕላማ ዝገብርዎን ዝነብርዎንም ሰባት፡ ሞቱ ካብ ምድሓን ሓሊፉ ንቕድስንኦም ምኽንያት ይኸውን። ሓጢኣትካ ስለ ዝጸረየልካን ስለ ዝተኸስተረልካን ጥራሕ ኩሉ ነገር ተወዲኡ እዩ ማለት

ኣይኮነን። እቲ ርኽሰትን ሓጢኣት ዘፍሪ ዝነበረ ኣካላትካ ፍረ ቅድስና ከፍሪ ክኽእል ኣለዎ። ብሞት ጐይታና ጸርዩ ዘይተቐደሰ ሰብ ናይ ቅድስና ፍረ ከፍሪ ኣይክእልን እዩ። ሰብ ገላትያ፣ እቲ ዝተሰቕለ ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም ተሳኢሉ ክሳዕ ዝነበረሉ እዋን፣ ወርትግ ንሓቂ ዝእዘዝ ፍረ ነይርዎም ሞት ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም ኮነ ኣብ ውሽጢ ህይወቶም ዝነበሮ ግደ ደው ምስ በለ ግን ንሓቂ እናፈለጥዋ ኽይእዘዝዋ ዕዙማት ኮይኖም ተረኽቡ። ስለዚ ሞቱ ኣባና ህይወት ዝፈሪ፣ ቅድስና ዝፈሪ መስተንክር ሞት እዩ።

***__ገላ፥1፥3-4__*** ፥- "ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብቲ ከም ፍቓድ ኣቦና ኣምላኽ፣ ካብዛ ሕጂ ዘላ እክይቲ ዓለም ምእንቲ ከድሕነና ኢሉ፣ ብሰሪ ሓጢኣትና ነፍሱ ዝሃበ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፣ ጸጋን ሰላምን ይውረድኩም።"

***__እብ፥10፥10__*** ፥- " በዚ ፍቓድ እዚ በቲ ሓንሳእ ንሓዋሩ ዝኣክል እተሰውአ መስዋእቲ ስጋ ኢየሱስ ክርስቶስ ተቐዲስና ኣሎና።"

***__እብ፥10፥19,20__*** ፥- "ስለዚ፣ ኣሕዋተየ፣ በቲ መጋረጃ፣ ማለት፡፡ ብስጋኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም ኢየሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዝህልወና፣"

## 3. ንሰይጣን ዕንቀቱ

ሞት ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ሓጢኣቶም ዝተፈለጠም ሓጥን ኩሎም ዓብይ ብስራትን ድሕነትን እኳ እንተ ኾነ፣ ንሰይጣን ግን ዓብይ መርድእን ዕንወትን እዩ። ሰይጣን ነዚ ስለ ዘስተውዓለ ድማ፣ ገና ውልድ ካብ ዝበለሉ ጊዜ ጀሚሩ ንልቢ ሰባት ዓጽዩ ድንጋጸን መሕረሲ ዝኾውን ማሕደርን ክልኦ፣ ንልቢ ነገስታት ኣለዓዒሉ ኣሳደዶ። ኣብዚ ናይ ምድሪ ኣገልግሎቱ ድማ ንልቢ ሰባት ኣንጻር ረብሕኦም ከም ዝለዓዓል እናገበረ፣ ኣብ ልዕሊ ጐይታ ብዙሕ ፈተና ኣስዒቡ እዩ። ናይዚ ኹሉ ፈተናታት ጠንቂ ድማ ጐይታ ንእኡን ንግብርታቱን ከፍርስ ከም ዝመጸን ኣነጺሩ ስለ ዝፈልጠ እዩ። እንተኾነ እቲ ሰዓሪ ጐይታ ንሰይጣን ዘለዎ ዘበለ ሓይሉን ጥበቡን ኣኻኺቡ ዘይኮነስ ብስብከት ኦሽነትን ብድኻምን እዩ ስዓ ርዎ። ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዞ ሰይጣን ብብርቱዕ ሓይሊ ዘይኮነስ ብሞቱ እዩ ስዒርዎ። ንሰይጣን ብገዛእ ኣጽዋሩ እዩ ዝወቐዖን ዘስተሓፈሮን።

***__እብ፥2፥14-16__*** ፥- "እምብኣርሲ ብሓቂ ንዘርኢ ኣብርሃም ኣልዓሎ እምበር፣ ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን እሞ፣ እቶም ውሉድ ብደምን ስጋን ካብ ዝሓብሩስ፣ ብሞቱ ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምእንቲ ክስዕር፣ ንሱውን ድያብሎስ እዩ፣ ነቶም ብፍርሃት ሞት ብዘሎ ዘመኖም ብባርነት ተታሒዞም ዝነበሩ ኾላቶም ሓራ ምእንቲ ከውጽኦም ኢሉ፣ ንሱውን ብእኡ ሓበሮም።"

***__ቈሎ፥2፥15__*** ፥- "ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ፣ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ፣ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም።"

***__1ዮሃ፥3፥8__*** ፥- "ድያብሎስ ካብ መጀመርታ ሓጢኣት ይገብር እዩ እሞ፣ ሓጢኣት ዝገብር ካብ ድያብሎስ እዩ። ወዲ ኣምላኽ ከኣ ግብሪ ድያብሎስ ምእንቲ ከፍርስ ኢሉ እዩ ነዚ እተገልጸ።"

***ራእ፡2፡9-11*** ፡- “ጸበባኻን ድኽነትካን፡ ግናኻ ሃብታም ኢኻ፡ ጸርፊ እቶም ኣይሁድ ኢና ዝብሉን፡ ግናኸ ማሕበር ሰይጣን እዮም እምበር፡ ኣይሁድስ ዘይኮኑ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። እንሆ፡፡ ምእንቲ ክትፍተኑስ ዲያብሎስ ንገሌኻትኩም ናብ ቤት ማእሰርቲ ክድርብዮም እዩ፡ ዓሰርተ መዓልቲውን ጸበባ ክረኽበኩም እዩ እሞ፡ ነቲ ዝመጽካ መከራ ኣይትፍርሃዮ። ክሳዕ ሞት እሙን ኩን፡ ኣነውን ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እየ። እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዝብለን ዘሎ ይስማዕ። እቲ ዝስዕር በቲ ካልኣይ ሞት ኣይክጉዳእን እዩ።”

## 4. ንእግዚኣብሄር ኣቦ ክብረቱ

ጐይታና ኣብ ናይ መወዳእታ ጸሎቱ ነቲ ኣቦ ክገብሮ ዝሃቦ ግብሪ ብምፍጻም ኣብ ምድሪ ከም ዘኽበሮ ገለጸ። እዚ ምኽባር ኣቦ እዚ ብሞቱ እዩ ተፈጺሙ። ናይቲ ኩሉ ጐይታና ነቦኡ ዘኽበረሉ ተግባራት መዛዘሚ እቲ ናይ ሞት ተግባሩ እዩ። ቃል ወንጌል ንሞቱ ከም ክብረቱ ጌሩ እየ ዝገልጸልና። እግዚኣብሄር ኣቦ ንዓለም ዘለዎ ፍቕሪ ዝገለጸሉ መንገዲ ነቲ ሓደ ወዱ በኛ ኣሕሊፉ ብምሃቡ እዩ። እምበኣር ካብዚ ተበጊስና፡ እቲ ሓደ ወዲ ንኣቦኡ ዝዓበየ ክብሪ ዝሀበሉ መንገዲ ድማ ነዚ ናይ ኣቦ ናይ ፍቕሪ ተልእኾ ብምፍጻም እዩ።

***ዮሃ፡17፡1-2,4*** ፡- “ኢየሱስ እዚ ተዛሪቡ ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢሉ፡ በለ፡ ዎ ኣቦ፡ ሕጂ እታ ጊዜ በጺሓ፡ ነዞም ዝሃብካኒ ኵሎ ላቶም ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክህቦምሲ፡ ንወድኻ ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ምልኪ ሂብካዮ ኢኻ እሞ፡ ንሱ ምእንቲ ከኽብረካስ፡ ንወድኻ ኣኽብሮ። ... ኣነ ነቲ ክገብሮ ዝሃብካኒ ግብሪ ፈጺመ፡ ኣብ ምድሪ ኣኽበርኩኻ።”

***ዮሃ፡19፡30*** ፡- “ኢየሱስ ከኣ ነቲ መጺጽ ምስ ጠዓመ፡ ተፈጸመ፡ በለ። ርእሱ ኣድኒኑ፡ ነፍሱውን ወጸት።”

***ዮሃ፡12፡16,23,24*** ፡- “ደቀ መዛሙርቱ ነዚ ነገርዚ ቅድም ኣየስተውዓልዎን። ኢየሱስ ምስ ከበረ ግና፡ ሽዑ እዚ ነገርዚ ብዛዕባኡ ከም እተጻሕፈ፡ ንሳቶምውን እዚ ከም ዝገበሩሉ ዘከሩ። ...ኢየሱስ ድማ መለሰ በሎም፡ ወዲ ሰብ ዝኸብር፡ ጊዜኡ በጺሓ እያ። ፍረ ስርናይ ናብ ምድሪ እንተ ዘይወደቐትን ዘይሞተትን፡ በይና እያ እትነብር። እንተ ሞተት ግና፡ ብዙሕ ፍረ ከም እትፈሪ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።”

***ዮሃ፡1፡14*** ፡- “እቲ ቃል ስጋ ኮነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ከኣ ኣባና ሓደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኤና።”

# ሓቀኛ ትርጉም ሞት ክርስቶስ

እቲ ኣስዒብና ክንሓስቦ ዝግብኣና ነጥቢ፡ ሞት ክርስቶስ ንወዲ ኣዳም ዝህቦ ትርጉም እዩ። ክርስቶስሲ ሞይቱ፡ ንዓይ ዘለዎ ትርጉም እንታይ እዩ? ኢላ ነፍስና እንተዘይሓቲታ፡ ንሞት ክርቶስ ከም ሓደ ዘሕዝን ፍጻሜ (ትራጀዲ) ጥራይ እያ ክትፈልጦ። ሰብ ኤማሁስ ነዚ ሓቂ እዚ ክስተውዕሉ ስለዘይከኣሉ፡ ንልቦም ጓሂ ከቢድዎ፡ ንክርስቶስ ከም ሓደ ብዘይተሓስበ ሓደጋ ዝተቐልፈ ዓብይ ናይ ታሪኽ ሰብ ጌሮም የዘንትውሉ ነበሩ (ሉቃ፡24፡13-24)። ብድሕሪኡ ጐይታ

ባዕሉ ካብ ሙሴን ኩሎም ነብያትን ጀሚሩ ናይ ኩሎም ጽሑፍ እናጠቐሰ ብዛዕባ ናይ ሞቱ ትርጉም ክገልጸሎም ተራእዩ (ሉቃ፥24፥25-27)።

ሀ. መተዓረቒ

ክርስቶስ ብምኽንያት ሞቱ መተዓረቒ ኮይኑልና እዩ። ከምቲ ኣብ ኢሳ፥59፥2-4 "... ንኣኻትኩምን ናኣምላኽኩምን ኣብ መንጎኹም ኮይኑ ዝፈላለየኩምሲ ኣበሳኹም እዩ፥ ከይሰምዓኩም ከኣ፥ ኣብ ቅድሚኹም ገጹ ዘሓብኣልኩም ሓጢኣትኩም እዩ። ብጽድቂ ዝጠርዕ ሓደ እኳ የልቦን። ብሓቂ ዝምጉት ሓደ እኳ የልቦን ኣብ ከንቱነ ይውከሉ። ሓሶት ከኣ ይዛረቡ፥ እከይ ይጠንሱ፥ ሓጢኣትውን ይወልዱ ኣለው" ከምዝበለ፥ ሓጢኣት ንኣምላኽን ንሰብን ዝፈላለየን ዘበኣሰን ስራሕ እዩ። እቲ ጻድቕ ኣምላኽ፥ ንሓጢኣት ርእዩ ክጽመሞ ኣይክእልን እዩ። ንበዳሊ ሰብ ድማ ከም ንጹህ ክርእዮ ኣኣይኮነሉን እዩ (ዘጸ፥34)።

ሰብ ድማ ካብ ርእሱ ሰናይ ክገብር ከምዘይክእል ቃሉ የረጋግጸልና። ዝኾነ ይኹን ሰብ ንሓጢኣት ስለዝተሓሰሞ ጥራይ ካብ ምግባሩ ዓዲ ክውዕል ኣይክእልን እዩ። ነቲ ዝገበሮ ሓጢኣት ሓንሳእ ንሓዋሩን ምሕረት ንኽረክብ ድማ እቲ ናቱ ንስሓ ምእታውን መስዋእቲ ሕሩር ክፍጽም ምኽኣሉን ኣኻሊ ኣይኮነን። እምብኣር ነቲ ናይ ኣምላኽ ፍትሓውነት ዘዕግብ መስዋእቲ ክኽፈል እንተዘይክኢሉ ሰብን ኣምላኽን ንዘላለም ዕርቂ ክገብሩ ፍጹም ኣይሰብን እዩ።

እቶም ቅድሚ ሕጂ ከም መተዓረቕቲ ኮይኖም ዘገልግሉ ዝነበሩ ሰባት ኮኑ እንስሳታት ነቲ ዕርቂ ዘድልዮ ሰብ ይኹን ናኣምላኽ ብምልኣት ክውክሉ ስለዘይክእሉ፥ ኣገልግሎቶም ጎደሎን ንቁፍን እዩ ነይሩ። እቲ ሊቀ ካህናት ናይ ገዛእ ርእሱ ሓጢኣት ስለዘለዎ ፍጹም መተዓረቒ ንምኳን ብቑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንርእሱ ዝዓርቐ ካልእ መስዋእቲ ስለዘድልዮ እዩ። ደም እቶም ምእንቲ ሰብ ዝስውኡ እንስሳታትውን ካብ ምጽራይ ስጋ ሓሊፉ ካልእ ዝህቦ ኣገልግሎት የብሉን። ምኽንያቱ ዝኾነ ይኹን ኣካል ክዕረቕ ኣይክእልን እዩ (እብ፥9፥14)። ስለዚ ከኣ እዩ ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ወዲ ኣምላኽን ወዲ ሰብን ኮይኑ፥ ነቲ ዝኾነ ይኹን ካልእ ኣካል ክፍጽሞ ዘይክእል ዕርቂ ክፍጽመልና ዝመጸ። ክርስቶስ ፍጹም ኣምላኽን ወዲ ኣምላኽን እዩ። ስለዚ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ብመለኮቱ ስለዘይንእሶ፥ ንኣቦ ምስ ሰብ ክዓርቆ ብቑዕ እዩ። ከምኡውን ክርስቶስ ብዘይካ ብሓጢኣት ብኹለንተናኡ ፍጹም ሰብ ስለዝኾነ ንሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣኣብሄር ክውክሎ ልዕሊ እቲ ዘድሊ ብቕዓት ኣለዎ።

ስለዚ ክርስቶስ ነቲ ካብ ሰብ ዝወሰዶ ፍጹም ስጋን ነቲ ገንዘቡ ዝኾነ ፍጹም መለኮትን ኣዋሂዱ መተዓረቒ ኣካል ንምኳን በቒዑ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ "ብእኡ ብደም መስቀሉ ገይሩ ሰላም ምስ ገበረ ከኣ፥ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኩሉ ንርእሱ ተዓሪቕዎ እዩ። ንኣኻትኩም፥ ቀደም ፍሉያት ብሓሳብኩምን ብኽፉእ ግብርኹምን ጸላእቲ ዝነበርኩም ከኣ፥ ... ሕጂ ብሰብነት ስጋኡ ብሞቱ ገይሩ ዓረቐኩም።" ዝበለ (ቈሎ፥1፥20-23)

ሞት ክርስቶስ ግን ዕርቂ ምስ ኣምላኽ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ንሓድሕድናውን ዕርቂ ኣምጺኡልና እዩ። ነቲ ኣብ መንጎ ሰባት ዝነበረ ናይ ዓሌት፥ ናይ ጾታ ኮነ ናይ መደብ ፍልልይ ኣጥፊኡ ናብ ፍሉይ ሓድነት ኣምጺኡልና። እቲ ኣብ መንጎ ኣህዛብን ህዝብታትን ዝነበረ ምርሕሓቕ ኣጥፊኡ ንክልቲኦም ብሓደ ስጋ ምስ ኣኣምላኽ ኣተዓረቖም። ስለዚ ድማ ጽርኣዊ ወይ ኣይሁዳዊ ዝብል ፍልልይን ሌላን ጉሌላን ከምዘይህሉ ገበረ (ሮሜ፥2፥9-11፥ ሮሜ፥1፥16)።

ሃዋርያ ጳውሎስ፥ ነቲ ኣብ መንጎ ኣኣህዛብን ህዝብታትን ዝገበሮ ዕርቂ ክገልጽ ከሎ ከምዚ ኢሉ ንሰብ ኤፌሶን ጽሒፍሎም "ስለዚ ከኣ ኣቱም ኣህዛብ ብስጋ፥ በታ ኢድ ኣብ ስጋ እትገብራ ግዝረት እትብሃል ቀደም ዘይግዙረት እቲ ብዘይ ክርስቶስ ከምዝንበርኩም፥ ካብ ሕብረት እስራኤል ፍሉያት፥ ነታ ክዳን ተስፋውን ኣጋይሽ ትጽቢት ዘብሎም፥ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብዘይ ኣምላኽ ከም ዝነበርኩም፥ ዘክሩ ሕጂ ግና ኣቱም ቀደም ርሑቓት ዝነበርኩም፥ ንሽኻትኩም

ብክርስቶስ ኢየሱስ ብደም ክርስቶስ ቀረብኩም። ንሱ ነዞም ክልተስ ሓደ ዝገበረ፥ ነቲ ኣብ መንጎ ዝነበረ ኸልካሊ ቀጽሪውን ዘፍረሰ፥ ሰላምና እዩ እሞ፥ ብርእሱ ዕርቂ እናገበረ፥ ካብዞም ክልተ ሓደ ሃድሽ ሰብ ምእንቲ ክፈጥር፥ ነቲ ጽልኢ ንሱ ከኣ ሕጊ ትእዛዝ ብስርዓት ብስጋኡ ስዒሩ ብመስቀሉውን ነቲ ጽልኢ ብእኡ ቀቲሉ፥ ንክልቲኦም ብሓደ ስጋ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቖም። ንክልቴና ብእኡ ብሓደ መንፈስ ናብ ኣቦ መእተዊ ስለ ዘሎና ከኣ፥ ንኣኻትኩም ርሑቓት ዝነበርኩም መጺኡ ሰላም ንኣኻትኩም፥ ነቶም ቀረባ ዝነበሩውን ሰላም ኣበሰሮም።" (ኤፌ፥2፥11-18)።

ለ. ጠበቓ

ክርስቶስ በቲ ዝሞተልና ሞት ምኽንያት ጠበቓ ኮይኑልና እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ "ኣቱም ደቀየ፥ ሓጢኣት ዘገበረ እንተሎ፥ ጠበቓ ኣብ ኣኣቦ ኣሎና፥ ንሱ ኢየሱስ ክርስቶስ፥ እቲ ጻድቕ፥ እዩ። ንሱ ድማ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ እዩ፥ ብናይ ሓጢኣትና ጥራይ ኣይኮንድን? (1ዮሃ፥2፥1,2)። ብምባል ገሊጽዎ ኣሎ ጥብቅነት ግን ንሓጢኣት ዘይኮነስ ንሓጥእን እዩ። ክርስቶስ ንሓጥኣን ክሳዕ ክንድዚ ክጣበቕ ዝፈተወ፥ ኣብ መንጎ ሓጢኣትን ሓጥእን ዘሎ ፍልልይ ኣነጺሩ ስለዝፈልጥ እዩ። ከምቲ ይሁዳ ኣብ መልእኽቱ "ንገሊኦም ካብ ሓቂ መንጢልኩም ኣናግፍዎም፥ ንገሊኦም ድማ ነቲ ብስጋ ዝረኸሰ ክዳን እኳ እናጸላእኩም፥ ብፍርሃት ደንግጹሎም? ዝበለና፥ ክርስቶስ ድማ ነቲ ዝለበስናዮ ሓጢኣት ኣዝዩ ዝጽየፍን ዝጸልኦን ክነሱ፥ ንዓና ንሓጥኣን ይድንግጸልና የፍቅረናን እዩ (ይሁ፥23)። ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ካብዚ ተበጊሱ እዩ "ደጊም ብዘይ ሓጢኣትሲ ብኩሉ ከምዚ ከማና ዝተፈተነ እዩ እምበር፥ ብድኻምና ክድንግጸልና ዘይክእል ሊቀ ካህናት የብልናን እሞ፥ ብሰማያት ዝሓለፈ ዓብዪ ሊቀካህናት፥ ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዝህልወና፥ ምእማንና ነጽንዕ" ኢሉ ዝጸሓፈ (እብ፥4፥14-15)።

እቲ ጠበቓና ንምኺን ዘብቅዖ ዝዓበየ ረቓሒ፥ እቲ ካባና፥ ማለት ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ስጋ እዩ። ብምኽንያት እቲ ካባና ዝወሰዶ ስጋ ካብ ካልኦት ኣካላት ስላሴ ምስ ደቂ ኣዳም ዝጠበቐ ዝምድና ዘለዎ እግዚኣብሄር ወልድ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ዝኾነ ይኹን ምድራዊ ጠበቓ፥ ኣብ ክንዲ እቲ በዓል ነገር ኮይኑ ከምዝምጉት፥ ከምኡ ከኣ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ እቶም ብስሙ ዝኣመንና ጠበቓ ነፍስና ኸሰውን ዝተቐበልናዮ ሰባት ኮይኑ፥ በቲ ስለና ዝኸፈሎ መስዋእቲ ይጣበቐልና። በቲ ዝገበርናዮ ኣበሳ ፍርዲ ከምዝተቐበሎ፥ በቲ ናቱ ጽድቂ ከም ዝጸደቕና ድማ ኣብ ክንዳና ይጣበቕ። ስለዚ ከኣ ናይ እብራውያን ጸሓፊ ንጥብቅና ክርስቶስ ንኸብርህ፥ "ክርስቶስ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክረኣየልና፥ ናብኣ ናብታ ሰማይ ኣተወ እምበር፥ ኣብታ ምስሊ ሓቂ፥ ኣብታ ብኢድ እተገብረት መቕደስ ኣኣይኮነን ዝኣተወ" ኢሉ ጽሒፉልና እዩ (እብ፥9፥24)።

ክርስቶስ ጠበቓ ናይ ኣኣመንቲ ምዃኑ፥ ካብ ካልእ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ጥብቅና ኣዝዩ ፍሉይ እዩ። ኣብ ምድሪ ሓደ ሰብ ክጣበቐልካ ዝኽእል፥ ነገራዊ ወይ ሞራላዊ ዋጋ ምስ ከፈልካ እዩ። ክርስቶስ ጠበቓና ዝኮኣን ተኸፈሉ ዘይኮነስ ዋጋ ከፊሉ እዩ። እቲ ዋጋ ድማ ብወርቂ ይኹን ብብሩር ወይ ብህይወት ክምዘን ዘይክእል ዋጋ እዩ። "ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም ዝተቐበልኩምዎ ከንቱ ንብረትኩም፥ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዘይብሉ ገንሸል፥ ብኽቡር ደም ክርስቶስ እምበር፥ ብጠፋኢ ነገር፥ ብብሩር ወይስ ብወርቂ፥ ከም ዘይደሓንኩም፥ ትፈልጡ ኢኹም" (1ጴጥ፥1፥18,19)።

ሐ. በጃ

ናይ ክርስቶስ በጃነት ቅዱሳት ጽሑፋት ኣረጋጊጸም ዝገልጽዎ ሓቂ እዩ። ጐይታ ባዕሉ እኳ "እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣኣነ እየ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ንህይወቱ በጃ ኣባጊዑ የሕልፋ" ኢሉ

ገሊጹልና እዩ (ዮሃ፡10፡11)። "በጃ" ዝብል ቃል ክንዝክር ከሎና ገለ ሓደጋ ከምዝነበረ ክንርስዕ ኣይከኣልን እዩ። ጐይታ ህይወቱ በጃ ኣባጊዑ ከሕልፉ ከምዝኾነ ምስ ገለጸ፡ ነተን ኣባጊዕ ዝዛረፍን ፋሕ ዘብልን ተኹላ ከምዝወጽእ ሓቢሩ እዩ (ዮሃ፡10፡12)። ክርስቶስ ካብቲ ክውሕጠና ዝደሊ ተኹላ ወይ ገበል ክብጀወና እዩ ኣኣብ መስቀል ዝተሰቐለ። እቲ ነዴና ሄዋን ዘስሃተ ናይ ጥንቲ ተመን እዩ ኣብ ሽኾንኡ ኸሲሱ ከምዝስቀል ዝገበሮ። ክርስቶስ በጃና ሓሊፉ ንርእሱ ናይዚ ተመን እዚ ከምቲ ብትንቢት ዝተነግረሉ ጌሩ እንትዘጭፍልቕ ሎሚ ክድሕን ዝክእል ሰብ ኣይምሃለወን። እቶም ብዝነዱ ኣትማን ዝተነኽሱ እስራኤላውያን፡ ኣኣዒንቶም ቓሕ ኣቢሎም ክርእይዎ ዝክእሉ መስቀል እንትዘይነበሮም ክሓውዩ ኣይምኸኣሉን (ዘሁ፡21፡8-9)። እዞም በጃነት ዘብርሁልና እዮም ኢሳ፡53፡5 2ቆሮ፡5፡21 ገላ፡3፡13 እብ፡2፡9 እብ፡9፡28 1ጢጥ፡2፡24 1ጴጥ፡3፡18

*መ. መድሓኒ*

ናይ በጃነት ውጽኢት ምድሓን (ድሕነት) እዩ። ስለዚ ክርስቶስ ፍጹም ብዝኾነ ምብጃው ስለዝተብጀወና ዝተማልአ ድሕነት ንምርካብ በቒዕና። እቶም ቅድሚ ሕጂ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን፡ ከም ማእከላይ ኮይኖም ዘገልግሉ ዝነበሩ ሰባት፡ ነቲ ዘገልግልዎ ህዝቢ ክብጀውሉ ዝኽእሉ ቅድስና ስለዘይነበሮም፡ ብመስዋእቲ እንስሳታት ኣኣገልግሎት ይህቡ ነበሩ። ክርስቶስ ግን ዝኾነት ትኹን ኣበር ዘይብሉ ቅዱስን ፍጹምን ብገዛእ ርእሱ ክብጀወና ብቑዕ እዩ። ስለዚ እቲ ብበጃነቱ ክህበና ዝክእል ምድሓን መዳርግቲ ዘይብሉ እዩ። ስለዚ ከኣ ክርስቶስ በቲ በጃ ዝኾነሉ ሞት ፍጹም መድሓኒ ኮይኑ። መድሓኒ ንምዃን እዩ ናብዛ ዓለም መጺኡ (ሉቃ፡2፡11 ሉቃ፡10፡10 ዮሃ፡3፡17 ግብ፡5፡31 ግብ፡13፡23 1ጢሞ፡1፡15 2ጢሞ፡1፡10 እብ፡7፡25 1ዮሃ፡4፡14)።

ኣብ ኣእምሮና ግን ካብ ምንታይ እየ ድሒነ ዝብል ሕቶ ክንሓትት ኣድላዪ እዩ። ክርስቶስ ድርብ ማለት ምድራውን ሰማያዊን ድሕነት እዩ ሂቡና። ኣኣብ ምድሪ ብበደልናን ግብርናን ምውታት ካብ ምዃን ኣድሒኑ፡ ህይወት ጥራይ ዘይኮነስ ህይወት ምስ ተረፉ እዩ ሂቡና። ስለዚ ድማ ጥዑይ ማሕበራዊ መንፈሳዊ ህይወት ከነሕልፍ በቒዕና። ክርስቶስ ግን ጥዑይ ምድራዊ ህይወት ምእንቲ ክንረክብ ጥራይ ሞይቱ እንትዝኸውን ኣዚና እነደንግጽ ሰባት ምኾንና ኔርና። እቲ ክርስቶስ ዝሃበና ምድሓን ንምድሪ ኣሕሊፉስ ናብ ሰማያዊ ህይወት ዘብቅዕ እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ጐይታ፡ ንሕቶ ጴጥሮስ ክምልስ ከሎ ግልጽ ኣቢሉ ኣኣብሪህዎ እዩ (ማቴ፡19፡28)።

*ረ. ማእከላይ*

ክርስቶስ፡ ሰብን ኣኣምላኽን ዝተራኸብሉ ማእከላይ እዩ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ ኣርጊጹ ስለዝፈለጠ፡ ንጢሞቴዎስ "ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሰብን ኣምላኽን ኢየሱስ፡ ሓደ በይኑ እዩ"። ኢሉ ጸሓፈሉ (1ጢሞ፡2፡)። ኣብ ምድሪ ከም ማእከላይ ኣካል ኮይኖም ዘገልግሉ ብዙሓት እኳ እንተነበሩ ከም ናይ ክርስቶስ ዝበለ ማእከልነት ዘለዎ ግን ኣይተረኽበን። ስለዚ ከኣ ኣብ፡ እብ፡8፡1-7) "...ሕጂ ግና ንሱ (ኢየሱስ) ማእከላይ፡ ኣብ እትሓይሽ ተስፋ እተሰረተ፡ ኣብ እትሃይሽ ተስፋ እተሰረተ፡ ዝበልጽ ክዳውን ከምዝኾነ፡ ክሳዕ ክንድዚ ዝበለጸ ኣገልግሎት ረኸበ። ነቲ ቀዳማይ ክዳን መንቀፎ እንተዘይህልዎ፡ ነቲ ካልኣይሲ ስፍራ ኣኣይምተደልዮን ነይሩ።" ዝብል ቃል ብብሩር መንገዲ ተጻሒፉ ንረኽቦ። ክርስቶስ፡ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳን ክኸውን ዘድለየሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እቶም ጽዎኣት ነታ ተስፋ ናይ ዘልኣለም ርስቲ ምእንቲ ክረኽብዋ ኢሉ እዩ (እብ፡9፡15)።

ነቶም ብስም ክርስቶስ ኣሚኖም፡ ኣብዛ መሪር ዓለም ዝወረዶም መከራ ተዓጊሶም፡ ኣብ ተስፍኡ ንዝጸንዑ እብራውያን "ንሸኻትኩም ግና ናብ ከረን ጽዮንን፡ ናብታ ከተማ ህያው ኣምላኽ ሰማያዊ ኢየሩሳሌም ናብቶም ኣእላፋት መላእኽትን ኢኹም ዝበጻሕኩም፡ ናብ ጉባኤ ኩሉ፡ ናብ

ማሕበር እቶም ኣብ ሰማያት ተጻሒፎም ዘለው በዅራት፡ ናብ ኣምላኽ ፈራዲ ኩሉ፡ ናብ መናፍስቲ እቶም ፍጹማት ጻድቃንን፡ ናብ ኢየሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳንን፡ ናብቲ ካብ ደም ኣቤል ዝሓሸ ዝዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣኣለኹም።" ዝብል ተጻሒፉሎም እዩ።

ክርስቶስ ፍጹም ማእከላይ ኮይኑ ከገልግለና ዝኸኣለ፡ ካብ ሲጋና ስጋ ወሲዱ ፍጹም ሰብ ስለዝኾነ፡ ብባህርዩ ድማ ኣኣምላኽ ወዲ ኣኣምላኽ ስለዝኾነ እዩ።

ሰ. ዓዳጊ/ተሻያጢ

ክርስቶስ በቲ ኣብ መስቀል ሞቱ ዘፍሰሶ ደም ንብምልእታ ዓለም ንርእሱ ነቲ ዝለኣኾ ኣቦን ተሻይጡዋ እዩ። ንዓለም ክሻየጣ ከሎ ልዕሊ እቲ ዝግባእ ዋጋ ከምዝኸፈለላ፡ ሞት ክርስቶስ ንዓለም ኣዝዩ ዝበዝሓ ምዃኑ ቃል ቅዱስ መጽሓፍ የረጋግጸልና እዩ። ስለዚ እዩ "ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም እሞ፡ ኃኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣኣብኻትኩም ዘሎ፡ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ፡ ናይ ርእሰኹምውን ከምዘይኮንኩምንዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም፡ ስለዚ ብስጋኹም ናምላኽ ኣኽብርዎ" ዝብለና። (ቈረ፡6፡19-20)። ድሕሪ ሞት ንሓጢኣት ምኽንያት ዘይብልና ድማ ነቲ ብቅዱስ ደሙ ተሻይጡ ዳግማይ ዘጥረዮ ሰብነት ባርያ ሓጢኣት ኮነ ባርያ ሰብ ክንገብር ስለዘይኽእል እዩ (1ቈረ፡7፡23)። ካብ መርገም ኃጢኣትና ክብል፡ ሰባት ብገዛእ ሓጢኣቱ ርጉም ከምዝኾነ ክሳዕ ዝመስሉም፡ መርገም ኩላ ዓለም ኣኣብ ዝባኑ ጸሮ (ኢሳ፡53፡3-9)። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ክገልጽ ከሎ "ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብኢየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ክኸውንሲ፡ ኣብ ዕንጸይቲ ዝሰቀል ዘበለ ርጉም እዩ ተጻሒፉ ኣኣሎ እሞ፡ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና" ብምባል ኣብሩሁዎ ኣሎ (ገላ፡3፡13-14)። ክርስቶስ ንነፍሲ ወከፍ ከም ውልቀሰብ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንምልእቲ ቤተ ክርስቲያን /ማሕበር ከም ሓደ ኣካልውን ተሻዩጥዎ እዩ (መዝ፡74፡2 ግብ፡20፡28)።

ንጐይታ ኣኣብ ሰማያት ብመላእሒቲ፡ ኣብ ምድሪ ድማ በቶም ዛመንዎ ዝውደሰሉን ዝቕደሰሉን ምኽንያት፡ ነቶም ዝዓደጎም ብጠፋኢ ሓላፍን ነገር ዘይኮነስ፡ በቲ ዘላኣለማውን ተብጻውን ናይ ሓድሽ ክዳን ደሙ ጌሩ ስለዝተሻየጦም እዩ (1ጴጥ፡1፡18-19)። ክርስቶስ ንሞት ብትንሳኤ ስዒሩ፡ ነቲ ዘይፍታሕ ሸውዓተ ማሕተም ንምፍታሕ ምስ በቕዐ፡ ሰራዊት ሰማይ ከምዚ እናበሉ ብዘደንቕ ዜማ ከምዘኽበርዎ ምስማዕ ክንደይ ደስ ዘብል እዩ!! ንሳቶም ከኣ፡ ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን፡ ህዝብን ኣህዛብን ናምላኽ ዝኾኑ መንግስትን ካህናትን ገርካዮም፡ ኣብ ምድሪ ድማ ክነግሱ እዮም እሞ፡ ነቲ ማሕተምውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ" እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ (ራእ፡5፡9,10)

ኣብ ምድሪ እቲ ኣዝዩ ዘሃጉስ መንነትካ ዝገልጽጽን ሃቂ፡ መን ምዃንካ ዘይኮነስ ናይ መን ምዃንካ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ እግዚኣብሄር ነቲ "ኣነ መን እየ" ዝብል ሕቶ ናይ ሙሴ "ኣነ ምሳኻ እየ" ዝብል መልሲ ዝሃበ።

## ንሞት ክርስቶስ ዝምልከት ግጉይ ርድኢታት

ኣብ ታሪኽ ክርስትና፡ ነቲ ክቡርን ቅዱስን ሞት ናይ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝምልከቱ ብዙሓት ናይ ስሕተት እምነታትን ርድኢታትን ተላዒሎም እዮም። ገሊኣቶም ኮነ ኢልካ ክርስቶስ መሲሎም ንክርስትና ክጻረሩ ዝገብርዎ ክኸውን ከሎ ገሊኦም ከኣ ነቲ ረቂቕ ምስጢር ናይ ሞት ጐይታና ከስተውዕልዎን ክበጽሕዎን ስለ ዘይከኣሉ እዩ።

ብዛዕባ ሞት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝርኣዩ ግጉያት ርድኢታት ኣብ እዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ ነጥብታት ክጠቓለሉ ይኽእሉ።

## 1. "ንሰይጣን ዝተኸፍለ ሞት እዩ" ዝብል ርድኢት፡-

እዚ ግጉይ ርድኢት እዚ ብዛዕባ መንነት ሰይጣንን ብዛዕባ ንሓጢኣት ዝተዋህበ ናይ ሞት ፍርዲ ከም ዝግባእ ካብ ዘይምፍላጥ ዝመጸ እዩ። መሰረት ናይዚ ስሕተት እዚ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

እግዚኣብሄር ንሰብ ምስ ፈጠሮ ንምድርን ኣብኣ ዘሎ ኩሉን ክመልኽን ክገዝእን ስልጣን ከም ዝሃቦ ቃሉ ኣነጺሩ እዩ ዝገልጸልና ( )። እንተ ኾነ ሰብ ንፍጥረት ጥራይ ዘይኮነስ ንሃጢኣትውን ክገዝእ (ክመልኽ) ሓላፍነት ተዋሂብዎ እዩ ( )። ኣዳም ግን ካብቲ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ንላዕሊ ብሂጉ ናምላኽ ክርክቦ ክመጣጠር ክብል ካብቲ ድሮ ኣብ ኢዱ ዝነበሮ ጸጋን ክብርን ወዲቑ ኣዝዩ ተዋረደ። እግዚኣኣብሄር ገና እቲ ሓጢኣት ከይተፈጸመ ከሎ ዓስቢ ሓጢኣት ሞት ምዃኑ ብንጹር ገሊጹ እዩ ( )። ኣብ ልዕሊ ህይወትን ሞትን ስልታን ዘለዎ እግዚኣብሄር ጥራሕ እዩ። ንሰይጣን ክቐትል ኮነ ህይወት ክህብ ስልጣን የብሉን። ናብ ሞት ዘብጽሕ በደል ክትፍጽም ይደፋፍኣካን የስሕተካን ደኣ እምበር፡ ክቐትልን ሞት ክፈርድን ናይ ሰይጣን ስልጣን ኣይኮነን። ነዚ ሓቂ እዚ ኣነጺርካ ምፍላጥ ካብ ዘይተደላዪ ስሕተት ዝሕሉ ጠቓሚ ስጉምቲ እዩ።

እዞም "ሞት ክርስቶስሲ ንሰይጣን ዝተኸፍለ ዋጋ እዩ" ዝብል ኣዝዩ ግጉይ ርድኢት ዘለዎም ሰባት እምበኣር። ነዚ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ሓቂ ከም ዝግባእ ብዘይምፍላጦም ዝስሓቱ ሰባት እዮም። ንሳቶም ንኣዳምን ሄዋንን ዝቐተለ፡ ንሓጢኣት ናይ ሞት ዓስቢ ዝህብ ሰይጣን ኣዩ ዝመስሎም። እዚ ስልታን እዚ ንሰይጣንን እንተ ሂቦምዎ። ንዓለምን ኣብኣ ንዘሎ ኩሉ ሰብን ኣብ ትሕቲ ስልጣን ሰይጣን እንተ ኣቐሚጦምዎ እሞ፡ ንኣምላኽ ደኣ እንታይ ስልጣን ገዲፎሙሉ ማለት እዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ከይተረድኦም ንሰይጣን እዮም ምልኪ ብምሃብ ዘምልኽዎ ዘለው። ስለዚ ድማ፡ እግዚኣብሄር ነዞም ብሓጢኣቶም ምኽንያት ሰይጣን ብሞት ዝቐጽዮም ዘሎ ሰባት ከድሕን እንተ ደልዩ ዘላቶ ሓንቲ ኣማራጺት ነቲ ሞት ዘይግብኦ ክመውት ከኣ ዘይክእል ሓደ ወዱ ናብ ምድሪ ልኢኹ ናብ ሞት ኣሕሊፉ ክወሃብ ንኣምላኽ ከም ዝሓተተ ጌሮም ይኣምኑ። ብኻልእ ናይ ዘመንና ኣዘራርባ፡ ንክርስቶስ ከም ጅሆ ተጠቒሙ፡ ነቶም ካልኦት ሰባት ነጻ ከለቅቕ ሃቲቱ ማለት እዩ። እቲ ኣቐዲምና ብዛዕባ ሰይጣንን ደረቱን፡ ብዛዕባ ሞትን ሉኣላውነትን እግዚኣብሄር ዝሃብናዮ ሓጺር መግለጺ ከም ዝግባእ ዘይተረድአ ሰብ፡ ነዚ ስሕተት እዚ ክቕበሎ ፈጺሙ ኣይከብደን እዩ። እቲ ብዛዕባ ሞት ክርስቶስ ክህልወና ዝካል ዝከፍአ ህጸጽ ግን እዚ ዝጠቐስናዮ ስሕተት እዩ።

***ዘፍ፡2፡17*** ፡- *"ካብታ ጽቡቕን ክፉእን ኣተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ፡ ኢሉ ኣዘዞ።"*

**ምሳ፡10፡16**

**ህዝ፡18፡4**

***ሮሜ፡6፡16,21-23*** ፡- *"ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፡*

ንኣምላኽውን ስለ እተገዛእኩምዎ፡ ፍሬኹም ንቕድስና ኾይኑ ኣሎ፡ መወዳእታኡ ከኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ።"

**<u>ሮሜ፡6፡16,21-23</u>** ፡- "መወዳእታኡ ሞት ስለ ዝኾነ፡ በዚ ሎሚ እትሓፍሩሉ ዘሎኹም እንተ ዘይኮይኑስ፡ በቲ ጊዜ እቲ እንታይ ፍሪኡ ነይሩኩም? ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፡ ንኣምላኽውን ስለ እተገዛእኩምዎ፡ ፍሬኹም ንቕድስና ኮይኑ ኣሎ፡ መወዳእታኡ ከኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ።"

**<u>ሮሜ፡1፡32</u>** ፡- "እዚኣቶም፡ ነቶም ከምዚ ዝበለ ዝገብሩ ሞት ከም ዝግባኦም፡ ነቲ ቕኑዕ ፍርዲ ኣምላኽ እናፈለጥዎ ክነሶምሲ፡ ምስቶም ዝገብርዎ ድማ ይሰምሩ ኣለዉ እምበር፡ ዝገብርዎ ጥራይ ኣይኮኑን።"

**<u>ሮሜ፡5፡12</u>** ፡- "ስለዚ ከኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣትውን ሞት፡ ኵላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ ሞት ናብ ኵሉ ሰብ ሓለፈ።"

**<u>ሮሜ፡7፡5,13</u>** ፡- "ኣብ ንብረት ስጋ ከሎና፡ ንሞት ዝኸውን ፍረ ክፈሪ ብሕጊ ተናቓኒቑ፡ ኣብ ኣካላትና ትምኒት ሓጢኣት ይዐዪ ነበረ። ... እቲ ሰናይዶ ደኣ እዩ ንኣይ ሞት ዝኾነኒ? ያእ ኣይፋሉን። ሓጢኣት ደኣ እዩ ሞት ዝኾነኒ እምበር፡ ሓጢኣት ደኣ ሰናይ ገይሩ ሞት ካብ ዘምጽእ፡ ሓጢኣት ምዃኑ ምእንቲ ክግለጽሲ፡ ሓጢኣት ብትእዛዝ ገይሩ ኣዝዩ ሓጢኣት ክኸውን እዩ።"

**<u>ሮሜ፡8፡6,13</u>** ፡- "እቲ ሓሳብ ስጋ ምስ ኣምላኽ ጽልኢ ብምዃኑ ነቲ ሕጊ ኣምላኽ ኣይግዝኦን ኣይኮነሉን ድማ እዩ እሞ፡ ስለዚ እቲ ሓሳብ ስጋ ሞት እዩ፡ እቲ ሓሳብ መንፈስ ግና ህይወትን ሰላምን እዩ። ... እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ከም ስጋ እንተ ነበርኩም፡ ክትሞቱ ኢኹም፡ ነቲ ግብሪ ስጋ ብመንፈስ እንተ ቐተልኩምዎ ግና፡ ብህይወት ክትነብሩ ኢኹም እሞ፡ ከም ስጋ ክንነብር፡ ነቲ ስጋስ ሰብ ዕዳኡ ኣይኮንናን።"

**<u>ገላ፡6፡7,8</u>** ፡- "ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ከኣ ክዐጽዶ እዩ እሞ፡ ኣይትጠበሩ፡ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ። እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዝዘርእ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ክዐጽድ እዩ፡ እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዝዘርእ ግና ካብቲ መንፈስ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክዐጽድ እዩ።"

**<u>ያእ፡1፡15</u>** ፡- "ደሓር፡ ትምኒት ምስ ጠነሰት፡ ንሓጢኣት ትወልዶ፡ ሓጢኣት ምስ ተፈጸመ ድማ፡ ንሚት ይወልዶ።"

## 2. ድንገታዊ ሞት (Accidental Death)

እዞም ንሞት ክርስቶስ ከም ዘይተሓሰበን ድንገታውን ሞት ጌሮም ዝርድእዎን ዝገልጽዎን ሰባት፡ ጐይታ ናብ ሓደ ዝወጠኖ ዕላማ ንምብጻሕ ብትግሃት እናሰጐመ ከሎ፡ ሓደ ዘይሓሰቦ ትራጀዲ ኣጋጢምዎ፡ ኣይሁድን ሮማውያንን ብሓብር ኣብ ልዕሊኡ መኺሮም ከም ዝቐተልዎ ይኣምኑ እዚ ስሕተት እዚ ነብያት ብእተዛረብዎ ንምእማን ልቡ ዝደንጐየ ሰብ ዝስሕቶ ስሕተት

እዩ። እቶም ናብ ዓዶም ዝምለሱ ዝነበሩ ሰብ ኤማሁስ ዘርኣይዎ ሓሳብ ይመስል። ንሳቶም ኣብ ዘረብኦም ብዛዕባ ጐይታ ዘደንቕ ምስክር ድሕሪ ምሃቦም፡ "ንሕና ግና፡ እቲ ንእስራኤል ዘድሕን ንሱ እዩ፡ ኢልና ተስፋ ንገብር ኔርና" ብምባል እዚ ሞት እዚ ዘይተጸበይዎ ኣንጻር ተስፎም ዝኾነ ሃንደበታዊ ሞት ከም ዝኾኖም ገለጹሉ። ጐይታ ብዘደንቕ መንገዲ ተገሊጹ ካብቲ ዕሽነት እቲ እንተ ዘይመልሶም ነይሩ። ብዛዕባ እቲ ሞት እናተደናገጹ ካብ ኣምላኽ ተፈልዮም ምነበሩ ነይሮም። ጐይታ ካብዚ ዘለውዎ ድኻም ክመልሶም ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን "ኣቱም፡ ነብያት ብእተዛረብዎ ኩሉ ንምእማን ልቦም ዝደንጐየ ዓያሱ" ብምባል ገንሖም። ነብያት ዝተዛረብዎ ዘይምፍላጥን ዘይምእማንን ናብ ዕሽነትን ናብ ህጸጽን ከም ዘብጽሓካ ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ሞቱን ትንሳኤኡን ኣጸቢቑ ምእንቲ ክርድኦም ድማ ጐይታ ካብ ሙሴን ኩሎም ነብያትን ሒዙ ነቲ ብዛዕባኡ ኣብ ኩሉ ጽሑፋት ዘሎ ክትርጕመሎም ጀመረ። እቶም ንሞቱ ኣመልኪቶም ዝተነግሩ ትንቢታት ብዝርዝር ምርኣይ ጐይታ ብሃንደበት ዘይኮነስ ብሕንጹጽ መደብ ብፍቓዱን ብፍቓድ ኣቡኡን ከም ዝሞተ የርእየና።

***ሉቃ፡24፡17-21*** ፡- "ንሱ ድማ፡ እዚ፡ እናኸድኩምን እናጐሄኹ ምን ንሓድሕድኩም እትዛራረብዎ ዘሎኹም ዘረባስ እንታይ እዩ? በሎም። እቲ ሓደ ካብኦም ቀለዮጳ ዝስሙ፡ በዘን መዓልትታት እዚኣተን ነዚ ኣብ የሩሳሌም ዝኾነ ነገር ዘይትፈልጥሲ፡ ንስኻ በይንኻዶ ኣብኣ ጋሻ ኢኻ? በሎም። ንሳቶም በልዎ፡ እዚ ናይ ኢየሱስ ናዝራዊ ነገር፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኩሉ ህዝብን ብግብርን ቃልን ከኣሊ ነብዩ ዝነበረ ሰብኣይ፡ ሊቃውንቲ ካህናትናን ዓበይትናን ንፍርዲ ሞት ኣሕሊፎም ከም ዝሃብዎን ከም ዝሰቐልዎን፡ ንሕና ግና፡ እቲ ንእስራኤል ዘድሕን ንሱ እዩ፡ ኢልና ተስፋ ንገብር ኔርና። ምስናይ እዚ ኩሉ ከኣ እዚ ካብ ዝኸውን ሎሚ ሳልሰይቲ መዓልቲ እያ። ግናኸ ካባታትና ኣንስቲ ናብ መቓብር ኣንጊሀን ነበራ እሞ ኣስተንከራና። ስጋኡ ምስ ሰኣና ከኣ፡ ህያው ምዃኑ ዝነገርወን ራእይ መላእኽቲ ከም ዝረኣያ፡ መጺኤን ነገራና።"

**ሉቃ፡24፡25-27** ፡- "ንሱ ድማ፡ ኣቱም፡ ነብያት ብተዛረብዎ ኩሉ ንምእማን ልቦም ዝደንጐየ ዓ ያሱ፡ ክርስቶስ እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ክጸግብ እሞ ናብ ክብረቱ ክኣቱ ናይ ግዲ ደይኮነን? በሎም። ካብ ሙሴን ኰሎም ነብያትን ሒዙ ከኣ እቲ ብዛዕባኡ ኣብ ኩሉ ጽሑፋት ዘሎ ክትርጕመሎም ጀመረ።"

ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጥኣን ብሞት ከም ዝሓልፍ ነብያት ደጋጊሞም ገሊጾምዎ እዮም። ከም ዝመውት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዙርያ ሞቱ ዘጋጥሙ ዝርዝር ፍጻሜታት እውን ተገሊጾም እዮም። ነብያት ጥራይ ዘይኮኑ ጐይታና ባዕሉውን ብዛዕባ ሞቱ ኣስፊሑን ደጋጊሙን ተዛሪቡ እዩ።

***መዝ፡22፡6-8*** ፡- "ኣነ ግና ሓሰኻን መላገጽ ሰብን፡ ብህዝቢ እተናዕቀን እየ እምበር፡ ሰብሲ ኣይኮንኩን። ዝርእዩኒ ዘበሉ የባጭውለይ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ይተዓቐብ፡ እስኪ የናግፎ፡ ብሂግዎ እዩ እሞ፡ ንሱ የድሕኖ፡ ኢሎም ርእሶም እናነቕነቑ ከናፍሮም ይርምጡለይ ኣለዉ።"

***መዝ፡22፡16*** ፡- "ኣኽላባት ከቢቦምኒ፡ ኣኼባ ገበርቲ እከይ ኣማእኪ ሎምኒ፡ ነእዳወይን ነእጋረይን ሸንኪሮምዎ እዮም እሞ፡"

***መዝ፥27፥12*** ፦ "ሓሰውቲ ምስክርን ዓመጻ ዘተንፍሱን ሰባት ተላዒሎምኒ እዮም እሞ፡ ንኣደዳ ተጻረርተይ ኣይተሕልፈኒ።"

***መዝ፥34፥20*** ፦ "ንሱ ኹሉን ኣዕጽምቱ ይባልህን፡ ሓንቲ እኳ ኣይትስበርን።"

***መዝ፥41፥9*** ፦ "እወ፡ እቲ ዝእመኖ፡ እንጌራይ ዝበልዐ ፈታውየይ እኳ ሸኹናኡ ኣልዓለለይ።"

***መዝ፥69፥21*** ፦ "ኣብ መብልዐይ ሓሞት ገበሩ። ንጽምኣይውን መጺጽ ኣስተዩኒ።"

***መዝ፥109፥4*** ፦ "ኣብ ክንዲ ዘፍቀርክዎም ተጻረሩኒ፡ ኣነ ግና እጽሊ ኣሎኹ።"

***መዝ፥109፥7,8*** ፦ "ምስ ተፈርደ፡ ተረቲዑ ይውጻእ፡ ጸሎቱውን ንሓጢኣት ይኹኖ። መዓልትታቱ ሒደት ይኹና፡ ንሽመቱውን ካልእ ይውሰዶ።"

***ኢሳ፥50፥6*** ፦ "ዝባነይ ንገረፍቲ፡ ምዕጒርተይ ከኣ ንነጸይቲ ጸጕሪ ሃብኩ፡ ገጸይ ድማ ካብ ጸርፍን ጡፍ ምባልን ኣይከወልኩን።"

***ኢሳ፥53፥4-9*** ፦ "ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ፡ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፡ ንሕና ግና ከም እተወሕዕዐን ብእግዚኣብሄር ከም እተቐዝፈን ከም እተዋረደን ጌርና ኣቚጸርናዮ። ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዌና። ኵ ላትና ከም ኣባጊዕ ተባረርና፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኹላትና ኣብኡ ኣውደቐ። መከራ ጸገበ፡ ርእሱ ኣዋረደ ኣፉውን ኣይከፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዝኽበከብ ገንሸል፡ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቐዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን። ካብ ጥቕዓትን ፍርድን ተወስደ፡ ካብ ምድሪ ህያዋን ከም እተቘርጸ፡ ካብቶም ወለዶኡ መን ሓሰቦ? ብምኽንያት ገበን ህዝበይ ተቐዝፈ።"

***ዘካ፥11፥12,13*** ፦ "ኣነ ድማ፡ ነዒንትኹም ባህ እንተ ኣበለኩምሲ፡ ዋጋይ ሃቡኒ፡ እንተ ዘይኮነስ ሕደግዎ፡ በልክዎም። ንሳቶም ንዋጋይ ሰላሳ ብሩር መዘኑ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ነቲ ዝገምገሙለይ ክቡር ገምጋም ናብ ሰራሕ መሬት ደርብዮ፡ በለኒ። ኣነ ድማ ነቲ ሰላሳ ብሩር ወሲደ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ናብቲ ሰራሕ መሬት ደርበኽዎ።"

***ዘካ፥12፥10*** ፦ "ኣብ ልዕሊ ቤት ዳዊትን ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነብሩን መንፈስ ጸጋን ምህለላን ክኽዑ እየ፡ ንሳቶም ከኣ ንኣይ፡ ነቲ ዝወግእዎ ክጥምቱ እዮም፡ ከምቲ ንሓደ ውሉዱ ዝበኸየሉ ክበኽዩሉ፡ ከምቲ ንበኹሩ መሪር ሓዘን ዝሓዝንሉ ኣምሪሮም ክሓዝኑሉ እዮም።"

ክርስቶስ ባዕሉ ኣቐዲሙ ዝተዛረበሉ ሞት እዩ። ገለ ካብቶም ሃዋርያት ክደናገጹ "ይባልህካ" ክብሉ እንተፈተኑ ጐይታ ግን ኣይተቐበሎን፡ ንሞት ክርስቶስ ዘይቅበል ኣእምሮ መዓ ንቀፍን ብሰይጣን ዝተደረኸን ምዃኑ እዩ ገሊጹ።

***ማቴ፥16፥21-23*** ፦ "ካብ ሽዑ ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ የሩሳሌም ክድይብ፡ ብዓበይትን ብሊቃውንቲ ካህናትን ብጸሓፍትን ብዙሕ ሓሳረ መከራ ክጸግብ፡ ክቕተል፡ ብሳልሰይቲ መዓ ልቲውን ክትንስእ ከም ዝግብኦ፡ ክገልጸሎም ጀመረ።"

***ማቴ፥17፥22,23*** ፦ “ኣብ ገሊላ ክመላለሱ ከለው፥ ኢየሱስ፥ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሰብ ክትሓዝ ኣለዎ። ክቕትልዎ፥ ብሳልሰይቲ መዓልቲ ድማ ክትንስእ እዩ፥ በሎም። ብዙሕ ከኣ ጕሃዩ።”

***ማር፥9፥31*** ፦ “ንደቀ መዛሙርቱ ከኣ ይምህሮም ነበረ እሞ፥ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሰብ ይወሃብ ኣሎ፥ ክቕትልዎ ድማ እዮም፥ ምስ ተቐትለ ከኣ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ክትንስእ እዩ፥ በሎም።”

***ሉቃ፥9፥22*** ፦ “ወዲ ሰብ ብዙሕ መከራ ክጸግብ፥ ብዓበይትን ሊቃውንቲ ካህናትን ጸሓፍትን ክነዐቕን ክቕተልን ብሳልሰይቲ መዓልቲ ክትንስእን ብግዲ እዩ፥ በሎም።”

***ሉቃ፥18፥31-33*** ፦ “ነቶም ዓሰርተው ክልተ ወሲዱ ድማ፥ እንሆ፥ ናብ የሩሳሌም ንድይብ ኣሎና፥ እቲ ብዛዕባ ወዲ ሰብ ኣብ ነብያት እተጻሕፈ ኹሉ ከኣ ክፍጸም እዩ። ነህዛብ ኣሕሊፎም ክህብዎ፥ ከላግጹሉ፥ ክጸርፍዎ ጡፍውን ክብሉሉ፥ ገሪፎም ድማ ክቐትልዎ እዮም፥ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ክትንስእ እዩ፥ በሎም።”

***ሉቃ፥24፥6,7*** ፦ “ንሱስ ተንሲኡ፥ ኣብዚ የሎን። ነቲ ኣብ ገሊላ ከሎ፥ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ክወሃብን ክስቀልን ብሳልሰይቲ መዓልቲ ክትንስእን ብግዲ እዩ፥ ኢሉ ዝነገረክን ዘክራኦ፥ በልወን።”

## 3. ኣብነታዊ ሞት (Examolay Death)

እዞም ንሞት ክርስቶስ ከም ኣብነታዊ ሞት ጥራይ እምበር ከም ቤዛዊ ሞት ዘይፈልጥዎ ሰባት፥ ንሞት ክርስቶስ ከም መስዋእቲ ናይ ሓደ ሓርበኛ ሰብ እዮም ዝቖርጽዎ። ንክርስቶስ፥ ንዕ ላምኡ እሙን ካብ ምኳኑ ዝተላዕለ ስለ ዝቐተልዎ፥ ነቶም እሙናት ክንከውን እንደሊ ሰባት፥ ከመይ ጌርና ክሳዕ ሞት እሙናት ክንከውን ከም እኽእል ኣብነት ካብ ምኳን ሓሊፉ ሞቱ ናይ ምድሓን ሓይሊ የብሉን ይብሉ።

ክርስቶስ ብገዛእ ፍቓዱ ርእሱ ንሞት ዝወፈየ፥ ኣብነት ምእንቲ ክኸውን ጥራይ ኣይነበረን። ንሱ ካብ ሞት ምእንቲ ከድሕነና እዩ ዝሞተ። ካብ ኣብነት ዘይሓልፍ ሞት ንምማሻት ርእሱ ክሳዕ ክንድዚ ክመውት ኣይመድለዮን ኣብነት ጥራይ ንምኳን ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ዝኣኽል ካብ ሰማይ ክወርድን ካብ ቅድስቲ ድንግል ክውለድን እዚ ኹሉ መከራ መስቀል ክቕበልን ኣይመድለዮን ነይሩ። ንጽቡቕ ይኹን ንሕማቕ ምእንቲ ዕላምኦም ዝሞቱ ኣብነት ክኾኑ ዝኽእል ሰባት ብዙሓት ኣለው። ዋላ እኳ እቲ ኣብነቶም ክንድቲ ናይ ክርስቶስ ኣብነት ዝደምቕ ኣይኹን እምበር ኣብነት ንምኳን ግን እኹላትን ብቑዓትን እዮም።

ክርስቶስ ዝሞተሉ መሰረታዊ ዕላማ ምእንቲ ድሕነትና እዩ። ከም ካልኣዊ ዕላማ ሞት ክርስቶስ ንኹሎም ቅዱሳን ብሉጽ ኣብነት ከም ዝኾኖም ዝይከሓድ እዩ። እቲ ዘድሕን ሞት ክርስቶስ ንኣብነት ጥራይ ከም ዝተፈጸመ ጌርካ ምግላጽ ግን ዓብይ ክሕደት እዩ። ንሞቱ ከም ኣብነት ስዒብና ንሕና ምእንቲ ጐይታ ክሳዕ ሞት እሙናት ክንከውን ከም ዘግብኣና ግን ዘየማትእ ሓቂ እዩ።

## 4. ፍቕራዊ ሞት

ክርስቶስ ፍቕሩ ምእንቲ ክርኢ ጥራይ እምበር ናይ ሓጢኣት ግቡእ ዋጋ ንምኽፋል ወይ ከኣ ፍትሒ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ንምፍጻም ኣይሞተን ትብሉ። እቲ ዘገርም ርድኢቶም፥ ምእንቲ ሓጥእ ሞይቱ ኢሎም ዘይኮነስ ምስቲ ሓትእ ኮይኑ ተሰቒዩ እዮም ዝብሉ። ኣብ ክንዳኻ ሞይቱ ንዓኻ ካብ ሞት ከድሕነካ እንተ ዘይክኢሉ ነቲ ፍቕሩ ብምንታይ ክትሪኦ ኢኻ? ንዓኻ ተኪኡ እንተ ዘይሞይቱልካ፥ ምሳኻ ሓቢሩ እንተ ተሳቒየን እንተ ሞተን ካብቲ ናትካ ስቓይ እንታይ የጉድለልካ? ንሰኻኸ ኣብ ስቓይን ሞትን ኴንካ ከመይ ጌርካ ንፍቕሩ ክትርኢ ትኽእል? ካብዚ ሓቂ እዚ ተበጊስና፥ እዞም ሰባት ፍቕራዊ ሞት እንታይ ማለት ምኳኑ ከም ዘይተረድእዎ ከነስተውዕል ንኽእል። ምእንታኻ ስለ ዘይሞተ፥ ገና ዋጋ ሓጢኣትካ ኣይተከፍለን ኣሎ፥ ስለዚ ድማ ኣይደሓንካን ኣለኻ ማለት እዩ። ክርስቶስ ከምቲ ፍቕሩ ንምግላጽ ናይ ሓጢኣት ግቡእ ዋጋ ንምኽፋልውን እዩ ሞይቱ። እግዚኣብሄር ስለ ዘፍቀረ ጥራይ ንሓጢኣት ሸለል ኢሉ ንበዳሊ ከም ንጽህ ርእዩ ክሓልፎ ባህርዩ ኣየፍቅደሉን እዩ። እቲ ንሓጢኣት ዝግባእ ዓስቢ ሞት ናይ ግድን ክኽፈል ኣለዎ። እዚ ነቲ ፍትሓዊ ባህርዩ ዘንጸባርቕዩ። እግዚኣብሄር ግን ፍትሓዊ ጥራይ ኣይኮነን። ስለዚ ፍቕሩ ዝገልጸሉ ነቲ መፍቀሪ ባህርዩ ዝገልጸሉ መንገዲ ክህልዎ ኣለዎ። እቶም ሓጢኣተኛታት ብሰሪ ሓጢኣቶም ሞይቶም ነቲ ዋጋ እንተ ከፊሎምዎ ንዘለኣለም ክጠፍኡ፥ ፍቕሪ ኣምላኽ ከኣ ክርእዩ ኣይክእሉን እዮም። ስለዚ እግዚኣብሄር ፍቕሩ ደሪኽዎ ነቲ ሓደ ናይ ባህርይ ውዱ ኣብ ክንዲ ኩሎም ሓጥኣን ክመውት ኣሕሊፉ ክህቦ፥ ነቶም ብሰሪ ኣበሳኦም ናይ ዘለኣለም ሞት ክሞቱ ዝንበሮም ከኣ ካብ ሞት ከድሕኖም ወሰነ፥ ፈጸሞ ከኣ። ስለዚ ድማ ነቲ ፍትሑን ነቲ ፍቕሩን ብሓንቲ ሞት ገለጸ። ነቲ መፍቀሪ ባህርዩ ርእዩ ነቲ ፍትሓዊ ባህርዩ ክርኢ ዘይከኣለ ሰብ፥ ነታ ፍቕሪ ኣምላኽውን ፈጺሙ ኣይፈለጠን ኣሎ ማለት እዩ። ሓንቲ ገጽ ጥራሕ ዘለዎ ሳንቲም ከም ዘየላ፥ ፍትሒ ዘይብሉ ፍቕሪ ከኣ ክህሉን ፍቕሪ ክስመን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ኣቐዲምና ከም ዝበልናዮ፥ ነቲ ንሳቶም ንሞት ክርስቶስ ዝሰመዩሉ ኣርእስቲውን ኣይፈልጥዎን እዮም ኢልና ክንድምድም ንክእል ኢና። እዚ ርድኢት እዚ እግዚኣብሄር ብዘይ መስዋእቲ ዘይዕ ረቕ ኣምላኽ ምኳኑ ዝዘንግዐ ርድኢት እዩ።

***<u>ኤር፥31፥3 </u>***፥- “እግዚኣብሄር ካብ ርሑቕ ተራእየኒ፥ ብናይ ዘለኣለም ፍቕሪ ኣፍቀርኩኺ፥ ስለዚ ከኣ ብምሕረት ሰሓብኩኺ፥”

***<u>ሮሜ፥3፥25 </u>***፥- “ንእኡ ከኣ፥ ነቲ ቀደም ብትዕግስቲ ኣምላኽ እተገብረ ሓጢኣት ይሕለፍ ስለ ዝሓደጎ፥ ኣምላኽ ጽድቁ ምእንቲ ኽ ርኢ፥ ብእምነት ብደሙ መተዓረቒ ገይሩ ኣቒሞ።”

***<u>እብ፥2፥17 </u>***፥- “ስለዚ ነቲ ሓጢኣት ህዝቢ ምእንቲ ከተዓርቕ፥ ብናይ ኣምላኽ ዘበለ ደንጋጽን እሙንን ሊቀ ካህናት ምእንቲ ክኸውን ብኹሉ ነቶም ኣሕዋቱ ክመስሎም ተገብኦ።”

***<u>እብ፥9፥14 </u>***፥- “ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፥ ንሕያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ክንደይ ኣዝዩ ንሕልናኹም ካብ ምውት ግብሪ ዘየንጽሆ?”

***<u>1ዮሃ፥2፥2 </u>***፥- “ንሱ ድማ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ እዩ፥ ብናይ ሓጢኣት ኵላ ዓለም ድማ እዩ እምበር፥ ብናይ ሓጢኣትና ጥራይ ኣይኰነን።”

***1ዮሃ፥4፥10*** ***፡- “ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና፡ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ ክኸውን ኢሉ ድማ ወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር፡ ንሕና ንኣምላኽ ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኮነን፡ እታ ፍቕሪ በዚ እያ።”***

## 5. መርኣያዊ ሞት

እዞም ሞት ክርስቶስ መርኣያዊ ሞት ጥራይ እዩ ዝብሉ ሰባት፡ ንሞት ክርስቶስ እቲ ሕጊ ዝጠልቦ ሓቀኛ ሞት ዘይኮነስ፡ ንእኡ ዝመስል (Equivalent) መርኣያዊ ዝኾነ ሞት እዩ ይብሉ። መርኣያዊ ሞት ማለቶም ድማ ሓጥእ ሰብ ከምዚ ክርስቶስ ዝዓይነቱ ሞት ከም ዝመውት ኻብርኢ፡ ንናይ ክርስቶስ ሞት ከም መርኣዪ ተጠቒሞሉ ማለቶም እዩ። ሞት ክርስቶስ ተካኢ (ቤዛዊ) ሞት ከም ዝኾነ ኣይቅበልዎን እዮም።

እዚ ስሕተት እዚ ሞት ክርስቶስን ሞት ደቂ ሰባትን ብኸመይ ከም ዝፍጸምን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ዓይነት ድማ እንታይ ዝዓይነቱ ዝምድና ከም ዘሎ ካብ ዘይምፍላጥ ዝመጽእ ስሕተት እዩ። ዋላ እኳ ብስጋ ምሟት ብሰሪ ሓጢኣት ዝጀመረ ነገር እንተኾነ፡ ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ ክበሃል ከሎ፡ ስጋዊ ሞት ማለት ኣይኮነን። ዓስቢ ሓጢኣት እቲ ዘለኣለማውን ድሕሪ ምጽኣት ጐይታና ዝፍረድ ሞት እዩ። ቃል እግዚኣብሄር ነዚ ስጋዊ ሞት ከም ትኽስ ድቃስ እዩ ዝገልጾ። ካብዛ ዓለም እዚኣ ተፋኒና ናብቲ ናይ ዘለኣለም ምዕራፍና ክሳዕ እንበጽሕ ደቂስና እንጸንሓሉ ሞት እዩ።

ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርቶስ ድማ ካብዚ ስጋዊ ሞት እዚ ኻብድሕነና ኣይኮነን ዝሞተ። ኻብምኡ ሞይቱ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ሞቱ ኣይሰርሐን ዋላ ሓንቲ ውጽኢት ኣይነበሮን ማለት እዩ። ጐይታና ካብቲ ናይ ዝለኣለም ሞት ኻብድሕነና ዩ ዝሞተ። ስለዚ ድማ ነቶም ብሞቱ ካብ ናይ ዘለኣለም ሞት ድሒኖም ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ዝበቕዑ ሰባት እዚ ስጋዊ ሞት ዓብይ ዕረፍትን መሰጋገሪ ድልድልን እዩ ዝኾኖም።

ካብዚ ሓቂ እዚ ብምብጋስ፡ እምበኣር፡ ናይ ክርስቶስ መራኣያዊ ሞት ከም ዘይኮነ ከነስተውዕል ኻክእል ኢና። ሓጢኣት ዝገበረ ኩሉ፡ ከም ክርስቶስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ዝመውት ነይሩ እንተዝኸውን ምናልባት ነዚ ሓሶት እዚ ሓቂ ከምስሎ ምኸኣለ ነይሩ ይኸውን። ካብዚ ናይ ጐይታና ሞት ንላዕሊ ብዝኸፍአ መንገዲ ዝሞቱ ጻድቃን ኮኑ ሓጥኣን ሰባት ኣለው። እቲ ስጋዊ ሞት ክርስቶስ ኣዝዩ ዓብይን ክቡርን እዩ። እዚ ንሱ ብስጋ ዝሞቶ ሞት፡ ዕቤቱ እነስተውዕሎ ንናይ ኩሉ ሰብ ዋጋ ናይ ዘለኣለማዊ ሞት ክትክእን ክኸፍልን ዝኽእል ክቡር ዋጋ ዘለዎ ምኳኑ እዩ። ሞት ክርስቶስ ምስ ሞት ናይቶም ካብ ፍጥረት ክሳብ ምጽኣት ዝነበሩ ሰባት ኣብ ሚዛን እንተ ዝወዳደር ናቱ ኣዝዩ ዝዓበየን ዝከበረን ምኳኑ ምረኣና። ስለዚ ከኣ ንምልእቲ ዓለም ከድሕን ዝኽእል ኮይኑ ዝተረኽበ። ነዚ ክንድዚ ዝኣክል ዓብይ ሞት መርኣያዊ ካብ ምኳን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም የብሉን እንተ ተባሂሉ፡ ሓደ ብዛዕባ ሞት ሰባትን ሞት ጐይታን ዋላ ሓንቲ ምስትውዓል ከም ዘይብልካ ዘቃልዕ ኣኣብ ርእሲ ምኳኑ መዳርግቲ ዘይብሉ ከቢድ ሓጢኣትውን እዩ።

ክርስቶስ እቲ ሓቀኛን ግቡእን ሞት እንተዘይከፍል ዝድሕን ሰብ ኣይምሃለወን። እቲ ኣብ ልዕሊ ሰባት ዝተበየነ መርገም ናይ ዘለኣለማዊ ሞት፡ ብስጋዊ ሞት ናይቲ ዘለኣለማዊ ክርስቶስ እምበር፡ ብሞት ዝኾነ ሓላፊ ሰብ ክዕረቕ ኣይክእልን እዩ። ክርስቶስ መርኣያዊ ሞት ሞይቱ ነይሩ እንተ ዝኸውን ንመርኣያዊ ሞት ናይ ግድን ሓጥእ ዘይኮነ ንጹህ ሰብ ኣይመድለየን ነይሩ። ሓትእ ሰብ ብኸመይ ዝበለ ሞት ክመውት ከም ዝግብኦ ኻኸተርኢ እቲ ዝበለጸ መንገዲ ኣብ ሓጥእ ሰብ ነቲ ሞት ምፍጻሙ እዩ።